ቀለቤት ምጽኣት

"መን ምጂንካ ብዘየጊድስ፡ ስምካ ኣብዛ ቀለቤት ተወቂሩ ከም ዘሎ ኣይትዘንግዕ"

ጆሜትራ ሳይሞን ሰለሞን

ተፋደ

ዘ ዴድ ማን



ቀለቤት

ምዕራት

“መን ሙኻንካ ብዘየገድስ ፡ ስምካ ኣብዛ
ቀለቤት ተወቂሩ ከም ዘሎ
ኣይትዘንግዕ።”

ጆሚትራ ሳይሞን ሰለሙን

ተፋደ

ዘ ዴድ ማን

ቴለ- 07509229

ቁ፣ሳ፣ፖስጣ- 5729

መቕድም

ነቲ ብልበይ ዝብሎ ጽን በሉ። ኣነ እቲ ክገብሮ ዝግብኦ ክገብር ዝፍትን ካብ ጽንጽያ ዝደክም ፍጡር እየ። ከም ንእሽቶ ቁልዒ ሓዊ ድማ በዛ ቀዳመይቲ መጽሓፈይ ንዓኻ ንክቡር ኣንባቢ ይላለየካ ኣለኹ። ኣብ ኣእሙሮኻ እትገድፎ ዝኽሪ ከም ዝህልዋ ድማ እምንቶይ እየ። እተፍርዮ ፍረ ሰናይ ክኾነልካ'ውን ልባዊ ምንዮተይ እዩ።

መዘኻኸሪ

እዚ ጽሑፍ'ዚ ካብቲ ዝተለምደ ኣጸሓሕፋ ብዝተፈልየ ዝተዳለወ ኮይኑ፣ ብትርር ዝበሉ ምሉእ ሓሳባት ዝተሃንጸ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ምዕራፍ ምስ ኻልእ ምዕራፍ ብውስጠ-እስሰራዊ መንገዲ፣ ዝተተሓሓዘ ቅዲ ድማ ይኽተል። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምዕራፍ ዝተፈልዩ ቀንዲ ገጸ ባህርያት ኣለዉ። ይኩን እምበር፣ ብሓደ ምስጢራዊ ዓንኬል ዝተተሓሓዙ እዮም። ነዚ ስነልቦናዊ ስንክሳር ድማ ቡቲ ተዋሂብዎም ዘሎ ፍሉጥ ግዜን ሰዓትን፣ ከምኡ'ውን ቦታ ፍጻመን ክንግንዘቦ ንኽእል።

መዘከርታ

እዛ መጽሓፍ እዚኣ ንሰም እታ ኣብ ትሕቲ ፈጣሪ መሰረት
ህይወተይን ፍልጠተይን ዝኾነት ክብርቲ ዓባየይ ወ/ሮ
ኣብረሀት ገ/ማሪያምን ኩሉ ደላዩ ሰናይን ትኩነለይ።

ምስጋና

ፈለማ ነቲ ነዛ ቦኽሪ መጽሓፍ ንክጽሕፍ ዝፈቐደ ልዑል ፈጣሪ ምስጋና ይኹኖ። ቀጺለ ንስድራቤተይን ኩሎም ብልቢ ሰናይ ዝገብሩ ሰባትን፡ ነሕተምትን ኣዕሩኽይን ልባዊ ምስጋናይ የቕርብ።

ትሕዝቶ

ምዕራፍ 1 - - - - - --9

- ♣ ምስጢር ፍልቀት ሓሳባት
- ♣ መልእኽቲኛ ናይ ሲኦል

ምዕራፍ 2 - - - - - - -21

- ♣ ኒያት

ምዕራፍ 3 - - - - - -30

- ♣ ንጣብ ደም

ምዕራፍ 4 - - - - - -40

- ♣ ድነ

ምዕራፍ 5 - - - - - - -50

- ♣ ፍርቂ ለይቲ

ምዕራፍ 6 - - - - - - 63

- ♣ ሸፍታ 05

ምዕራፍ 7 - - - - - - -68

- ♣ ሰርቢ ሓጢኣት

ምዕራፍ 8 - - - - - - -79

- ቃና'ቲ መቓብር

ምዕራፍ 9 - - - - - - - -91

- ገምቢ ቁዱሳን

ምዕራፍ 10 - - - - - - - -99

- ሰራዊት ጸልማት

ምዕራፍ ሓደ

ዝኾበርካ ኣንባቢ

መን ሙኻንካ ብዘየገድስ ፡ ስምካ ኣብዛ ዓለባዊት ቀለቤት ተወቂሩ ከም ዘሎ ኣይትዘንገዕ። ክትፈልጦ ንእትደልዮ ዘይኮነ፡ ንክትፈልጦ ዝግባኣካ ንክትረክብ ክትጽዕር ኣለካ። ሎሚ...ኣብዚ ዝለዓለን ዝበረኸን ሰብ ዝሰርሐ እምባ ኮይነ ነዚ መልእኽቲ ይሰደልካ ኣለኹ።

ወርሒ 00 ሰዓት00፡00፡00

ምስጢር ፍልቀት ሓሳባት

እቲ ቀንድን መሰረታውን ምስጢር ምኾጻል ህላውንውት ደቂ ሰባት ካብ ፍልቀት ምዕቡል ሓሳባት'ዩ። ወድ-ሰብ ዘይከም ካልኦት እንስሳታት ኣብ ዘቤታዊ ጉዕዙኡ ቅልጡፍ ምዕባለ እናኣርኣየ ክመጽእ ጀሚሩ። ካብ ናይ ዕለታዊ ቀረብ መግቡ ምሕሳብ ሓሊፉ ድማ ናብ ፍልስፍናን ስነ-ፍልጠትን ማዕቢሉ። እቲ ቀንዲ መሳልል ደቅ-ሰባት ናብዚ ምዕቡል ናይ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ዘመን ድማ ምስጢር ፍልቀት ሓሳባቶም እዩ።

ኣመዓብላ ፍልቀት ሓሳባት ኣብ ክልተ ዘይነጻጸሉ ክፍልታት፡ ኣብ ተመክሮን ውጽኢት ተመኩሮን ድማ ይምድብዎ። እዚ ልክዕ ከም ደረጃታት ምዕባለ ናይ ሓደ ህጻን ፍልቀት ሓሳባት'ውን ማዕረ ማዕሪኡ ይኸይድ። ፈለማ ደቅ-ሰባት ነቲ ዝጸነሐ ኩነትን ሓሳባትን ምስ ደረጅኡ ክመዓራረዩ የድልዮም፡ ስለዝኾነ ድማ'ዩ ናይ ተመኩሮ ግዜ ዝህልዎም። ኣብዚ መድረኽ እዚ ኩሎም ደቂ ሰባት ብተዛማዲ ማዕርነት ዝነጥፉሉን ዝዋስኡሉን መድረኽ እዩ። እዚ ማለት እቲ ዝበዝሐ ንከተማልኦ እትሕተዮ ነገር ፡ ፍልጠት ቅዳሕ ሕሉፍ ታሪኽን ተመኩሮን ማሕበረ ሰብ ከባቢኡን ዓለምን ጥራይ እዩ። ብተወሳኺ'ውን ናብ ናይ ውጽኢት ተመኩሮ ዘሰጋግር መድረኽን ግዜን እዩ። ዝኾነ ህጻን ካብታ ካብ ማህጸን ወላዲቱ ዝወጸላን ህላውነቱ ኣብ ዓለም ዝእወጀላን ደቒቕ ኣትሒዙ፡ ናይ ተመኩሮ ግዚኡ ኣሃዱ ኢሉ ንክጅምር ሕጊ ተፈጥሮ የግድዶ። ብዝተፈላለዩ ናይ ህይወት ግድላት ምዕባለ ኣካላትን ሰነ ኣእምሮን ካልእን ድማ ይሓልፍ። ብመንጽር ዝሓለፎ ተመኩሮን ካብኡ ዝቐስሞ ዓቕን ፍልጠትን ብልሕን፡ ብዘይ ናይ ዕድመ ገደብ ናብ ናይ ውጽኢት ተመኩሮ ግዜ ይኣቱ። ኣብቲ ሓቀኛ ዓለም ድማ ልክዕ ከም ሓደ ናይ ዩንቨርሲቲ ተማሃራይ፡

ብክልሰ ሓሳብ ተመሪቑ ናብቲ ግብራዊ ውድድር ናይ ዓለምና ይጽንበር።

ናይዛ ከተማና ተማራማሪ ስነ ኣእምሮ ዝነበረ ሊቅ ብዛዕባ'ዚ ክገልጽ ኣንከሎ "መሰረት ህሉው ኩነታት ዓለም፡ ምስጢር ፍልቀት ሓሳባት እዩ" ይብል። ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ እዚ ብማሕበራዊ ፍጡር ዝፍለጥ ወዲ-ሰብ፡ ብብዝሒ ብዓቕን ይኹን ብዓይነትን ደረጃታትን ምዕባለ ገሊጽካ ክውዳእ ብዘይኽእል ሕሉፍ ተመኩሮን ግዜን ዝሓለፈ ፍጡር'ዩ። ወድ-ሰብ ካብ ዘመን እምኒ ኣትሒዙ ካብ ባዶ ተበጊሱ ናብ ድሑርን ድሩትን መሳለጥያ፡ ብዘገምታ'ውን ብብዙሕ ዓይነትታት ቃልስን ድማ ናብዚ ዘለናዮ ዘመነ ፍጻመ ተሰጋጊሩ። ምስጢር እዚ ኩሉ ለውጢ ድማ ፍልቀት ሓሳባት እዩ። ኣብዚ ዝተራቐቐን ቅልጡፍ ምዕባለ ዝነበረሉን ግዜ ድማ ምስ ምውሳኽ ብልሒ ኣእምሮ ደቅ ሰባት ጥቕምን ኣገዳስነትን ፍልቀት ሓደስቲ ሓሳባት ብዝተዓጸፈ ጎሊሑ ክረኣዮም ጀሚሩ። ስለዝኾነ ድማ'ዩ ካብ ዝሓለፈ ናይ ቃልሲ፡ ሳይንስን ፍልስፍናን ከምኡ'ውን ናይ ኢንዱስትርን ዓውለማን ዘመን፡ ብዝተፈልየ እዚ ተበጺሑ ዝነበረ ዘመን ናብ ናይ ብልሒ ኣእምሮን ናይ ሓበሬታን ቴክኖሎጅን እዋን ዝዘንበለ። ካብዛ ብምዕባለ ከም ባቡር ትሕምበብ ዝነበረት ዓለም እዋናዊ ፍልጠት ዘይዓጠቐ ሰብ፡ ከም ኣብ ምድረበዳ ብዘይ ማይ ዝጉዓዝ እዩ እንተተባህለ ምግናን ከም ዘይኮነ

ባዕሎም ደቅ ሰባት ዝሰማምዕሉ ነጥቢ እዩ። እዚ ምስ ግዜ ልዕሊ ዓቕኑ ዝሓለፈ እናኾነ ዝመጸ ምርምርን ፍልቀት ሓሳባትን፡ ንዓለምና ናብ ሕማቕ መኣዝን ከይጥምዝዛ ስግኣት መጻኢት ዓለም እዩ ነይሩ። ኮይኑ ተሪፉ ግን ምስጢር ፍልቀት ሓሳባት ፡ ብልሒ ኣእምሮ ደቅ ሰባት ምኳኑ እዩ።

መልእኽቲኛ ናይ ሲኦል

ሚያዝያ-03 ሰዓት 2፡32 ድ፡ቀ

ይነብር ኣለኩ ኣብ ዝብለሉ ዝነበርኩ እዋናት ካብ ምርጫይ ይኹን ውሳኔይ ንድሕሪት ኢለ ኣይፈልጥን። ኣብ ጉዕዞ ህይወተይ እልቢ ዘይብሎም ጸገማት ርእየን ሓሊፈን እየ፡ ከንቱነት ምንባረይ ግን ደባሲ ሓሳብ ሲኢነሉ። እታ ከም ማንም መንእሰይ ውዑይ ደም እትጨንጉዕ ህዋሰይ እንተኾነት'ውን፡ ትርጉም ኣልቦነተይ ግዲ ኣሰልቺይዋ ከም ኣሳሓይታ ቀዝሒ ዝሕልሕል ዝብል ፈሳሲ ናብ ኣካላተይ ክትዘሩ ካብ ኣትጅምር ውሑድ ኣይገበረትን። ስለምንታይ ንዝበል ሕቶ መልሲ ክደልየሉ ኢለ ሓሲብ'ኳ ኣይፈልጥን፡ ምኽንያቱ ምኽንያት ዘድልዮ ስለ ዘይኮነ። ምናልባት ናይ ኣሪስቶትል ወይ ሶቅራጥስ ወይ ድማ ቡድሃ ታሪኽን ፍልስፍናን ኣፍልጦ እንተሃልዩካ፡ እቲ ንሳቶም ብዛዕባ ተሰፋ ዝዛረብዎ ቃላት ንዓይ ከም ካርቱን ቶምን ጄሪን እዩ ዘስሕቕኒ። ንዓይ ንሰብ ምእማን ማለት ልክዕ ከም ኣብ ልዕሊ

በሊሕ መላጸ ምትርኣስ ማለት እየ። ልክዕ እየ...ብኣእሙራኣዊ ጥዕናይ ትሓስቡን ትጠራጠሩን ትህልው ትኾኑ። ክገርመኩም ሳሕቲ ንዓይ'ውን የተሓሳስበኒ እየ። ኣስሒቐኩም'ዶ፧ ዘስሕቐ ዘይኮነ ዘብክን ዘሕርቐን እየ። ቅድሚ ምቕጻልኩም ብዛዕባ ዝስዕብ ገልጠምጠምን፡ ንእትስውእዎ ግዜን ኣቐዲምኩም ሕሰቡሉ። ኣነ...ደሃይ ብርዐይ ስምዑለይ እንዳበልኩ ዝጭድረሉ ምኽንያት የብለይን። ትፈልጡ...ማዕረ ክንደይ ነዞም ኣብዚ ግዜ'ዚ ዘለኹም ሰባት ከም ዝጸልኣኩምን ዝፍንፍነኩምን። ንዓይ ብምጽላእኩም ዝጉሂ'ዶ ይመስለኩም፧ ኣየ ንስኹም...! እንታይ ዓይነት ነግራም መልእኽተኛ'ዩ'ዚ ትብሉ ትኾኑ። እሞ፡ ኣነ ዘይኮንኩ እቲ ልኡኽ፡ ኣነስ ከማኻትኩም እየ፡ እዚ ጹሑፍ እንተኾነ ካብቲ መልእኽተኛ ዝተለቃሕኩዎ'ዩ። እምበር ኣነ ደኣ ኣብዛ ትነብሩላ ከተማ ይነብር፡ ምናልባት'ውን ከም ወዝቢ ኣብ ጎደና ተራኣኢና ንኸውን።

እቲ መልእኽተኛ ስሙ ክነግር ፍቓደኛ ኣይኮነን፡ ምኽንያቱ ኣብ ቦታ ዕዮኡ ንስለ ስሙ ኢሉ ዝሰርሐ ዕማም ስለ ዘይብሉ። ቀንዲ ስራሕ ናይዚ መልእኽተኛ፡ መዓልታዊ ጸብጻብ ገበርቲ እከይ ካብ ምድሪ ናብ ሓለቓ'ቲ ንሓደ ዘመን ሙሉእ ተሓይርሉ ዝነበረ ሲኦል ምብጽጻሕ እየ። መልእኽቱ ኣብ ዘረኽበሉ እዋን እንታይ ዓይነት ሞሳ ከም ዝወሃቦ ዘጠራጥር እየ። ንሱ'ውን እንተኾነ ብዛዕባ'ዚ ክዛረብ ዝደሊ

ኣይመስለንን። ካብቲ ዘስሕቕኒ ነገር፡ ኣብ ህይወተይ ምሉእ ዝማሰነ ነብሰ ስጋ'ምበር ዝማሰነ መንፈስ ርእየን ሓሲበን ኣይፈልጥን። ምስ'ዚ ብሉጽ ዓርከይ ክብለሉ ዝደፍር መልእኽተኛ ካብ ዝራኸብ ግን፡ ምስጢር'ቲ ካልእ ዓለም ዘይከምቲ ኣብ ሆሊ-ውድ ወይ ድማ ቦሊ-ወድ ዝስርሑ ፊልምታት ንላዕሊ ኣብ ኣእምሮይ ብሚእቲ ደረጃ ጹሩራ ጌረ'የ ቀሪጸየ። እቲ መልእኽተኛ ዝኽደኖ ዝተበጃጀገን ከም ቅጥራን ዝምጽላሙ ቀሚስ፡ ካብ የማነይ መንኩቡ ንጸጋም ወገን ትሸትሹ ዝተሓንገጦ ብቀርበት ሰብ ዝተሰርሐ ሳንጣ፡ ብኣንጥዕን ደምን ዝተመልኣት ብርዕን፡ ካብ ደረት ሓደ እሱር ጎበዝ ዝተላሕጸ ብራናን ሓቚፉ ብክብሪ ተኣርኒባ ትረኣ። ወጅሃት ገጹ ከም ሃደሽደሽ ዝበለ ኳና ዘሰምብድ ዋላ ይኹን ደኣ እምበር ገለ ምስጢር'ሲ ዝሰኣኖ ኣይኮነን ኣብ ሃዋህው እንከንሳፍፍ ምንዋጽ ሕዱእ ኣየር፣ ምህትፍታፍ ኣግራብን ቁዞማ ኣዕዋፍን ንቡር እዩ። እቲ ኣውራ ንዑኡ ዘደስቶ ድማ ንሱ እዩ። ጸሓይ ሰፈራ ክትሕዝ ዓንተር ኣጉባዝን ጎራዙን ንምርኢትን ክፉእን ንማእከል እዛ ከተማ ክውሕዙ፡ ኣብ ድቕድቕ ጸላም ኣትዩ ተኸዊሉ ክጸናተዎም እንከሎ ባህታ እዩ ዝዓስሎ። ብዛዕባ ደላይ ጽቡቕ እዩ ወይ ሕማቕ ኢልካ ምፍራድ ናተይ ዘይኮነ ናታትኩም ግብሪ እዩ ዝውሰኖ።

ኣብዛ ሕጂ እተምቡቡላ ዘለኹም ህሞት፡ ብመንጸርኩም ኪንዮ'ቲ ዝርኢ ነገራት ኣድቂቕኩም ተዓዘቡ፡ ተኮርምዩ ክልተ ኣዒንቱ ኣፍጢጡ እናንባሃቕ ዝጥምተኩም ኣዝዩ ዘስካሕክሕ ፍጡር ክረኣየኩም እዩ። ብሓቂ እየ ዝብለኩም ንሱ ከም መላገጺ ህበይ ኣብ ልዕሊ ደቅ-ሰባት ምዝንባይ ዘየሰልክዮ ፍጡር እዩ።

2፡42 ድ፡ቀ

ብዙሕ ምንባብ ስለ ዘይፈቱ፡ ዓቕሊ ክንብር ኣይከኣለን። ነዚ ጹሑፍ'ዚ ንኸንብብ ዝደረኾ ምኽንያት እነተኾነ'ውን ንእንታይነት ናይቲ ኣርእስትን ጸሓፊኡን ንክፈልጥ ብምሕሳብ እዩ። ካብ ዝፈርሖ ግን ኣይወጸን፡ ናይ'ዚ ደራሲ ጹሑፋት ኩሎም ከም ዘባህርሩ ይሰምዕ እዩ። ሓቂ ኮይኑ ረኺበዮ ኢሉ ንነብሱ ከእምን ኣይመረጸን። ልክዕ'ዩ ንህሉው ህይውቱ ዝትንክፍ ነጥበ ጹሑፍ ስለ ዝረኸበሉ እዩ ኣተሓሳሲብዎ፡ ናይ'ዚ ጠንቂሉ ዝብሎ ጸሓፋይ ስነ-ሓሳብ ግን "ኮነ ኢሉ ንደቂ-ሰባት ከፍርሕን ክስሕብን ኢሉ ዝኣለሞ ውዲት እዩ" ኢሉ እዩ ዝኣምን። ካብቲ ኮፍ ኢሉዎ ዝጸንሐ ብምትንሳእ ነቲ ጽሑፍ ሒዙ ዝነበረ ወረቀት ብዘይ ኣገባብ ዓጸጺፉ ንቕድሚኡ ክሰጉም ጀመረ። ኣብ መንጎ ተንቀሳቓሲት ቴሌፎኑ ደሃይ ከተሰምዕ ጀመረት፡ ድንን ኢሉ ኢዱ ናብ ጅቡኡ ብዝሰደደ፣ ብሃንደበት ምስ ሓንቲ ናብዝን ናብትን ቁሊሕ ምሊሕ ትብል ዝነበረት ጎርዞ

ተላተሙ። ንሱ እንተኾነ ምስቲ ከንብቦ ዝጸንሐ ተሓዋዊሱዎ ልቡ ክትበርር ደለየት፣ ብቐትሩ ከምኡ ጌሩ ብምብህራሩ እናተገረመ፡ እታ ቐንጆ ከይተሰተብህለሉ ብምስጋእ ብወታእታእ ይቐሬታ ሓቲቱ ውራይ ስልኩ ክገበር ፈተነ። ኣብ ሞባይሉ ዝጸነሕ ቁጽሪ ደዋሊ፡ እቲ ብዛዕባ'ዚ ደራሲ ዘዕለሎ ዓርኩ እዩ ኔሩ። እንታይ ክብል ከም ዝደወለሉ ርዱእ እዩ። ነታ ሓዳስ ድርሰት ኣንቢብዋን ኣየንበባን ንምርግጋጽ። ብጹሑፋት ናይቲ ደራሲ ዕቡድ እዩ፡ ምስ ዘዝረኸቦ ብዛዕባ ክእለት እዚ ጸሓፊ ጥራይ እዩ ዝዛረብ፡ በቃ ንሱ እዩ ዕላሉ። ክድውለሉ ኣገዳሲ ኾይኑ ስለ ዘይትራእዮ፡ ውራይ ገዝኡ ክገብር ጉዕዙኡ ብእግሪ ቐጸለ። ኣብ ሓሳቡ ዝመላለሱ ሓሳባት ግን እየዕረፉን። "እንታይ ስራሕ ስኢኑ እዩ ሰይጣናዊ ጹሑፋት ዝጽሕፍ፧ ናይ ናሆም ዓርከይ ከኣ ይገድድ፡ ነዚ ጽሉል ፍላስፋ ክንድዚ ይንእዶ" ኣህተፍተፈ። እንታይነት ናይ ደራሲ ዝፈልጦ የብሉን፡ ኮይኑ ግን ብሰንኪ ጹሑፋቱ እዩ ክጸልኡ ጀሚሩ፣ "እንታይ'ከ ተገዲሰሉ፧" ነብሱ ከተዓሻሹ ፈተነ። ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት ጸሓፊ ክኸውን ሕልሚ ከም ዘይነበሮ፡ ሎሚ ሎሚ ግን ከም ገስረጥ ስራሕ ክርእዮ ጀሚሩ፣ "ርእስኻ ክሳብ ዝትኮስ ሓሳባት ኣውሪድካ ኣደይብካስ በቃ...፣ከምዚ ህውታትያ ንሰብ ምብህራር"። ብርግጽ ብዛዕባ ነብሱ እምበር ብዛዕባ ሰባት ይዛረብ ኣይነበረን። ብስሚዕቱ ግን ንኹሉ ከም ነብሱ ረኣየ። ባህርያቱ ዋላ ውዑይ ይኹን ደኣ እምበር፡ ድፍረት'ሲ

ኣይተዓደሎን። ሰልኩ ካብ ሓሳቡ እንተዘይተበራብሮ ዝውዳእ ኣይመሰሎን። “ሄሎ ናሂ ከመይ’ከ፧”።“ኖኖ ንገዛ ገጸይ ይኸይድ ኣለኹ። ንእሽቶ ሰራሕ ኣላትኒ።” “እወ ብእኡ ጌረ ተደሪረ ኣማሰየ ሰራሕ ክኣቱ እየ” “እዋእ ናይ ደሓን... እሞ በቃ ደሓን ኣነ ሎሚ ይሸፍነልካ ኣብ ዝመጽእ ድማ ንሰኻ”። “ኖ... ከምኡ ኣይትበል፡ ምሕረት የውርደለን ጥራይ...ቻው”። እኹል ኣታዊ’ኳ እንተሃለዎ፡ ፈታዊ ሰራሕ ብሙኻኑ ከም ተወሳኺ ግን ለይታዊ ሰራሕ፡ ምስ ናይ ቀረባ ዕርኩ ኣብ ሓደ ትካል እዩ ዝሰርሕ።

ሰዓት 3፡33 ድ፡ቐ

ገዝኡ ኣብ ዝኣተወሉ እዋን ኣዲኡ ንበይነን ኣቅሑት ቡነን ቀራሪበን ክጽበያ ጸንሐኣ። እንተ’ታ ምንኣስ ሓብቱ ግን ኣይነበረትን። ብዛዕባኣ ኣብ ዝሕተታሉ እዋን፣ “እዋእ... ከም ኣመላ ትዓብድ ትህሉ” ምባል ዕለታዊ መልሰን’ዩ ኮይኑ። “ደሓን ትምጻእ እሞ” ብወገኑ ይሕንሕን፡ ከብዱ ሰለ ዘይገበረሉ ግን ኣደንጊጹቶ ብዘረባ ጥራይ’ዩ ዘሕልፈላ። ሜሪ ሓብቱ ግን እንተሰ ንእስነት ወይ ንዕቀት ኮይኑዋ ከም ሰብ ኣይትሓስቦን። “ኣላ’ስኻ ሰብኣይ... እናበለት’ያ ኩሉ ግዜ’ያ እተባጭወሉ። ኣብ ትምህርታ ንፍዕትን ግድስትን ዋላ ትኹን ደኣ’ምበር፡ ማሓዙታ ከይጸልዋኣ ብምባል’ዩ ዝገንሓ። ዕላል ናይታ ዘፍቅራ፣ ክንዲ ኣቦን ኣደን ዘኾነቶም ወላዲቶም ብልቢ’ዩ ዝፈትዎ። ዕረፍቲ ኣብ ዝረኽበሉ ንገዛ ናብ

ወላዲቱ'ዩ ዝንዩ። ወኻዕታን ስሓቕን ኣሰንዮም ብሓባር የምስዩ። እዋን ስራሕ ምስ ዝኣክል እናናፈቓ ኣብ ግንባራ ስዒሙ ይፋነዋ። ወላዲቱ እንተኾና'ውን ካብ ምምራቕ ዓዲ ውዒለን ኣይፈልጣን።

ሰዓት 11፡11 ድ፡ቕ

ክዳን ኣርጉዱ በቲ እንክመሲ ባሕሪ ጽምዋ ዝቅየር ጎደና ናይታ ከተማ ክስንጥቕ ይረኣ። ናይ ሎሚ ስርሑ፡ ናሆም ዓርኩ ስለ ዘይመጸ በይኑ'ዩ ከከናውኖ። ስለዚ ድማ ከምቲ ኩሉ ግዜ ዝገብርዎ ብቀስታ ክስጉም ኣይመረጸን። እቲ መንገዲ ነዊሕ ኮይኑ ስለ ዝተሰምየ ከኣ ብወገን ምዕራብ ኣብ ማእከላይ ወገን ናይታ ከተማ ብዝርከብ መናፈሻ ንክቀርጾ ኣንፈቱ ቀየረ። ንወላዲቱ ከየሻቕል ብምባል፣ በይኑ ከም ዘይኮነ እዩ ኣመኽንዩ ወጺኡ። በዚ መንገዲ ስለምንታይ ከም ዝመረጾ ኣይተረድኦን፡ ግን ንነብሱ ከየፍርሕ ተጠንቀቐ። ሓደ ግዜ ኣብ ሓደ ጎደና ክሓልፍ እንከሎ "ፍርሓት ኣብ ውሽጥና እዩ፡ እቲ እንፈርሖ እንተዘይሲዒርናዮ ድማ ኩሉ ግዜ ካብኡ እናሃደምና ኢና እንነብር። ንሱ ድማ ጭራና ሒዙ ክሳብ ጉድጓድና ምሳና ይሳለ" ዝብል መዳራይ ሰሚዑ ነይሩ'ዩ። ደረጃ'ዚ ቃላት ምስ ሕጡብ ጹሑፍ ናይቲ ጠንቋሊ ደራሲ ከነጻጽሮ እንከሎ ሰማይን ምድርን'ዩ። ዋላ'ኳ ነዛ ቃል ሒዙ ደፊሩ በቲ ብጽላሎት ናይቶም ዕሙራት ኣግራብ ዝተሰርሐ ዘርዕድ

ምስልታትን፡ ሸውሸውታ ንፋሰን ክሓልፍ እንተጀመረ። ኣብ ሞንጎ፡ ልክዕ ነቲ ኣብ ማእከል ናይታ ከተማ ተገቲሩ ዝርከብ ሓወልቲ እንክመሰል ደረቕ፡ ኣዒንቱ ኣፍጢጡ ትንፋስ ሕጽር ሕጽር ከም ዝበሎ ብቕልጡፍ ከስተንፍስ ጀመረ። ብማዕዶ ንዝዕዘቦ ዘንቀጥቀጥ ሓወልቲ'ምበር ሰብ ኣይምበሎን። ኣብ ሓንጎሉ ዝመላለስ ሓሳባት፡ እቲ ኣብታ ብምንባቡ ዘጣዓሰቶ "መልእኽተኛ ናይ ሲኦል" እትብል ዛንታ ዘሎ ፍጡር እዩ።

ጸታ ናይቲ ፍጡር ከለሊ ኣይከኣለን፡ ብድፍረት ኣሳጉሙኡ ግን ነቲ መልእኽተኛ ይመስል። ተመሳሳሊ ክዳን ተመሳሳሊ ቦታን ኣቃውማን። "እዋይ ኣነ..." ኣንፈጥፈጠ፡ ውዑይ ፈሳሲ ብመታልሑ ኮረር እናበለ ንደረቱን እንግድዑኡን ኣተርከሰ። እቲ ዝፋጸ ንፋሳት ስሙ ዝጽውዖ ዘሎ መሲልዎ ዝያዳ ተረበሸ። ሎሚ ግን እቲ ፈዳይ ሕነ ዝምሕሮ ኣይመስልን። "ምኟን ሓቂ'ዩ...ክንደይ ግዜ ንጸሓፊኡ ኣነኣኢሰ'የ፡ ነዚ ሓቀኛ ጸሓፊ ክሕደዮ እየ..." ተናስሐ፣ ብውሽጡ ድዩ ዋላስ ዓው ኢሉ ተዛሪቡ ግን ኣይተረድኦን፡ እቲ ጨካን ዝመስል ፍጡር ግን ህላውነቱ ከረጋግጽን ሕንኡ ክፈድን ዝደለየ እንክመስል ኣልባሳቱ ቦቲ ዝነበረ ንፋስ ናብዝን ናብትን እናበለ ኢዱ ኣመሳቒሉ፡ ከም ኣብ ህዋ ዘንሳፍፍ ብስሩዕ ስጉምቲ ናብኡ ገጹ ክመጽእ ተዕዘበ። እቲ ትብዓቱ ክጻወሮ ዝኽእል ዓቕሚ ብዘሓለፎ፡ ንኽንደይ ደቒቕ ወይ ሰዓት ኣብኡ ደሪቑ ከም ዝጸንሐ፡

እንታይ ኢሉ ክሓስቦ። ሎሚ ናይ መወዳእታ ፍርዱ እያ መሲላቶ። እቲ ፍጡር በቲ ኣግራብ ሰናጢቑ ኣብ ዝተወሰነ ርሕቐት ተገቲሩ ደው በለ። ኣዒንቱ ኣፍጢጡ ንሱ እቲ ከሓዲ ምኻኑ ከረጋግጽ ዝደለየ ንክመስል፡ ጎልሓጥሓጥ ኣበለን። እንተኾነ እቲ ገበነኛ ፍርሑ ሰዕርዎ፡ ኣእምሮኡ ብዘይቆጻጸሮ ኣውያት ደርጉሐ። ከይጸንሐ ኣዒንቱ ጽልግልግ በሎ፡ ኣብቲ ቆጽለ መጽሊ ዝበዝሑ ባይታ ድማ ረፋዕ ኢሉ ብኣፍ ልቡ ወደቐ።

ምዕራፍ ክልተ

ኒያት

ሚያዝያ 02 5፡05 ድ፡ቐ

ኒያት....፤ ኣድመጸ እቲ ቦርሳ ተሓንጊጡ ምስ ወላዲቱ ንልዳት ናይ'ቲ ህድሞ ሰጊሩ ናብታ ኣብ ማእከል ዓበይቲ ኣንስትን ህጻናትን ዝነበረት ጎርዞ ዝቀርብ ዝነበረ ጋሻ። እታ ጋቢ ተከዲና ዝነበረት መንእሰይ ብዙሕ ግዳሴ ዘርኣየት ኣይትመስልን። ብምምጻእ ናይዚ መንእሰይ ዘይተሕጎሰ ኣይነበረን፡ እንትርፎ'ታ ሰምዒታ ንምፍላጥ ዘጸግም በዓልቲ ወጻኢ ምኻና ወጅሃ ዝምስከረላ ጋሻ። "ኣሰይ ስምኣነይ እንቋዕ ደሓን መጻእካ"፡ "ሰማእቲ ወደይ ደሓን'ዶ'ለኻ" ዝብሉ ናይ ናፍቆት መግለጺ ሰምዒታት ካብ ኩሎም ይውሕዝ ነበረ። ምጽጋብ ክሳብ ዝስእኖኦ ድማ ክሰዕሞኦ ደቓይቕ ሓለፈ። እዚ እናኾነ እታ ምልክዕቲ ጎርዞ፣ ካብ ብሰቐታ ምጥማትን ምድናቕን ሓሊፋ ቃል'ኳ ኣየስተንፈስትን። ንዘስተብህለላ ብዘይርዱእ ምኽንያት ክትነብዕ ከም ዝጸንሐት ኣሚንታ በቲ ጓህሪ ምምሳሎም ንክትርዳኣም ግዜ ኣይወሰዱን። ዋላ'ኳ ብዙሓት ነቲ ውራይ ኢለን ዝተኣኻኸባ ኣንስቲ'ቲ ገዛውቲ እንተነበራ፡ ክሳብ'ዚ

ከም መልኣኽ ዝተቐበልኦ ጋሻ ዝመጽእ ግን፡ ነቲ ግዘኣቱ ኣጣጢሑ ዝነበረ ጸጥታ ክስዕሮኦ ዝኽእላ ኣይነበራን። ሳይሞን፡ እቲ ጋሻ ምኽንያት እቲ ጸጥታ መን ምኳኑ ንምልላይ ኣይተሸገረን። ብውሽጡ ድማ ሓሳባት ከገማጥል ጀመረ። “ምናልባት ምስ’ዞም ሓደስቲ ስድራኣ ፈለማ ትላለ ስለ ዘላ ትኸውን ወይ ድማ...ኣሎ’ንድዩ ከም ጓል መጠን ድማ ሓጎሳ ምቁጽጻር ስኢና ትህሉ። ግን’ኳ...ከምኡ’ስ ኣይትመስልን’ያ፡ ገለ ኣብ ውሽጣ ዘሳቐያ ነገር’ሲ ኣለዋ”። ልክዕ እዩ ምስ እዞም ስድራ ናይ ኣቦኣ፡ ቅድሚ ምስ ሓትንኣ ናብ ወጻኢ ሃገር ምኻዳ ጌና ህጻን ከላ’ያ ኣዲኣ ሒዛታ ትመጽእ ዝነበረት። “እምቧእ...ናይ ብሓቂ እዚኣ’ያ እታ ሓፍተይ፡ ኣላልያትኒ ድያ ኣስቂጣ ደኣ ወይ ጋሻ’ዩ መሲሉዋ፧” ሳይሞን እዚ ኩሉ ሓሳባት ኣብ ሞንጎ ነቶም ዓጊጎም፡ ተመቕሊሎም ሰላምታ ዝልግስሉ ዝነበሩ ኣንስትን ሰብኡትን፡ ካብ ሓደ ናብ ካልእ እንክናጠር ዘሰላሰሎ ሓሳባት’ዩ። ሰሪቑ ኣተኩሩ ይጥምታ’ሞ ወይከ፡ ንዕኡ ብመልክዕ ትመስልን ኣይትመስልን ርጉጽ ኣይገበሮን። “ሰማእቲ ወደይ” ኣድሃያ እተን ኣደ ኣብኡ ዝበጽሐኦ ዓባዩ። “ነዓ በል በዚ ከኣ እነሀለትልካ ሓብትኻ፡ ንዓና ክትርኢ ካብ ግዳም ዝመጸት ምንኣስካ...” እናበላ ብኢዱ ወጢጠን ናብታ ኣብ መዓሙቕ ሓጎስ፡ ጽምዋ ዝሰዓራ እትመስል ፍጥረት ሰጎማ። ኒያት ነዚ እንክትሰምዕ ከም ብበርቂ ዝተሃረመት ኣዝያ ሰንበደት፡ እንተኾነ ካብ ዘላቶ ክትንቀሳቐስ ፍቓደኛ

ኣይትመስልን። እዚ ጋሻ ነታ ኣቐዲሙ ስማ'ውን ትኹን ዘይፈልጣ ዝነበረ'ሞ ኣብዚ ቀረባ እዋን ብወረ ዝተላለያ ሓፍቱ ከጋይሽ ኣይተዋሕጠሉን፡ ስለ ዝኾነ ድማ'ዩ ፈለማ ድርኩኺት ናይ እንዳዓለቡኡ ክረግጽ እንከሎ ቅድሚ ሰላምታ ስም'ታ ጋሻ ዝጸውዐ። ሕጂ'ውን እንተኾነ ስማ ብምርቋሕ "ኒያት ሓፍቲ ሳይሞን" ብምባል ክልተ ኢዱ ዘርገሐ.... ።

5፡35 ድ፡ቐ

ካብ ላዕለዋይ ወገን ናይታ ገጠር ሓደ ጋሻ ብዘይ ስሩዕ ኣካይዳ ንታሕቲ ገጹ ክወርድ ይረአ። ጋሻን ወዲ ከተማን ምኻኑ ካብ ኣለባብሰኡ ይፍለጥ። ጥሪቶም ዝኾነብኩቡ ቀልዑ፡ ማሕረስ ዝወዓሉ ኣጉባዝ፡ ቀሽም ናይ ሓዊ ዝተሓንገጣ ኣዋልድ ዓዲ በብዝወዓልዎ ንዓዲ ክኣትው እንከለዉ፡ ግርማ ገጠር እንታይ ከም ዝመስል ብንጹር ይገልጹልካ። ነዚ ሕጊ ጽባቐ ዘበላሹ ዝመስል ጎበዝ ድማ ንበረኻ ገጹ ሃነፍነፍ ክብል እንክረአ ደቂ ዓዲ ንእንታይነቱ ንምጥላል ምስ ዘዝረኹብዎ ትሒም ትሒም ይብሉ ነበሩ። እንተስ ብፍላጥ ወይ ድማ ብግርህነት ጥሒሰዎም ክሓልፍ እንከሎ በብዝጥዕሞም ተተገምጢሎም ይዕዘብዎ። እተን ጓና ሽታ ዘስተንፍሳ ጥሪት ከይተረፉ ብኣድናቐት ክሳደን ዓጺፈን ይጥምታ ነበራ። እዚ ከም ዕቡድ ናብዝን ናብትን ዝብል ፍጡር፡ ገዛውትን ደቂ ዓድን ጥሒሱ ቁልቁለት ወሪዱ

ርሑቕ ኣብ ዘይኮነ ብመንጽር'ታ ዓዲ ናብ ዝርከብ በሪኽ ቦታ ክሓኩር ጀመረ። እዞም ምስ ተፈጥሮ ተሳንዮም ዝጓዓዙ ሕብረተሰብ፣ ሽሕ'ኳ ጋሻ ዘኽብሩን ዘየጋይሹን እንተኾኑ፡ ማዕረ ክንድ'ዚ ኣብ ዓይኖም ኣትዩ ንክብርታቶም ዝሕሉ ዘይመስል መንእሰይ ግን፡ ብጥርጣረ ዝጥምትዎ ዘለዉ ይመስሉ። እታ ገጠር ብስሩዕን ንኣሽቱ ህንጻታትን ዝቀመት እያ፡ ብፍላይ ድማ በቲ ኣብ ከባቢኣ ዝርከብ ዕሙር ኣግራብን ዕንባባታት መሮርን ኣብ ርእሲ ግርማ፡ ግርማ ይውሰኽላ። እዛ ብዕድመ'ውን እንተኾነ ካብተን ኣብ ዙርያኣ ዝርከባ ዓድታት ዝገደመት ገጠር ብታሪኽን ጽዋታትን ዝተመልኣት እያ። ንዘኾነ ኣባል'ዛ ጥንታዊት ሰፍራ፡ ካብ ንሓው ኣሕሊፉ ክህብ ሞት ብክልተ ኢድ ከም ዝቀሎ ሕሉፍን ህሉውን ዝመስከሮ'የ። ንምኹኑ ኣብዚ ከምዚ ዝበለ ቦታ ብድፍረት ዝኣቱን ዝንቀሳቐስን'ሲ መን'የ፧ ከም ግምት'ዞም ደቂ ዓዲ ግን እዚ ህላላ፣ ወዲ ዓዲ ክኸውን ኣለዎ ዝብል ሓሳብ ብቀዳምነት ዝመጽእ እየ። ነገራት ከየጣለሉን ከየረጋገጹን ምርጋም ኣይባህርያቶምን'የ። ዋላ'ኳ ካብቲ ዕለታዊ ዘስተማቐርዎ ህይወት ገለ ምምዝባል እንተጋጠመ፡ ነቲ ህይወት'ቲ ዝሰብሮ ግን ኣይኮነን። እዚ ስለ ዘኾነ ድማ ከም ቀደሞም፡ እቲ ንኽንደይ እዋን ከም ዝጸንሐ ዘይነጸረ ጸጥታን ትዕዝብትን ናብ ናይ ቀደሙ ክመልሰዎ ኣይተሸገሩን። ወዮ ጎበዝ እንተኾነ ንዓቐብ ናብ ናይታ ዓዲ ቤት ጸሎት እትርከበሉ ቦታ እናደየቡ፡ ንድሕሪት ገጹ

ብተደጋጋሚ ግልጽ እናበለ ይስጉም። ከም ሰብ መጠን ተፈጥሮ የስተማቕር ኣሎ ክትብሎ ዘጠራጥር እዩ። እዚ ሰብ'ዚ ምስ'ዚ ጠባይ ዝና ከም ዘይብሎ ርዱእ'ዩ፡ ስለዚ ኣብ ውሽጡ ኮይኑ ዝህውኾ ገለ ዝተደጎለ ምስጢር ኣሎ ማለት'ዩ። ኣብ ጥርዚ የማናይ ወገን ናይታ ቤት ጸሎት ዝርኩብ ናብ ካልእ ኣንፈት ዝጥምት ጸድፊ፡ ተገቲሩ ድማ እዝኒ ሰብ ብንጹር ክሰምየ ዘይክእል ምህትፍታፍ ጀመረ። ካብን ናብን ብዝተወሰነ ርሕቀት እናተመላለሰ ከም ሓደ በዓል ዋኒን ሕሳብ ናይ ዘለቕሖም ሰባት ዝገብር ዘሎ እንክመስል ብተደጋጋሚ ቀጸለ።

5፡55 ድ.ቐ

"ኣብ ሂወተይ ምሉእ...፡ እንታይነተይ ከይፈለጠ ክብረተይ ዘይሕሉ... ሓጎሱን ረብሑኡን ጥራይ ዘቐድም ሰብ... እሞ ከኣ እዚኣ ሓፍተይ እትኸውን ሰብ... ኦህ ጎድ... ጽእ...ኖኖኖ ኩሉ ሰብ ሓደ'ዩ ማለት ድዩ፧ ዴመት... እንታይ'ዩ እዚ ህይወት፡ ስግንጢርነት... ሕጊ ኮይኑ። ገለን ካልኣይ ንክህልዎ ደም እናነበዐ ይጽሊ፡ ገለን ከኣ ሓው በዚሕዎ ኩናት ይኣጉድ። ግን ስለምንታይ፧ የስ... ክኸውን ኣለዎ ንሳ ውን ጓል ሄዋን እንድያ፡ ካብ ዓንኬል ጠባይ ሄዋን ክትወጽእ ኣይትኽእልን'ያ። ስለ ዝኾነ ድማ ጌጋታታ ክትሸፍን ንጽህና ኣዳም ተርክስ። እዚ'ኮ ሓፍቲ የብለይን...ወይ ወላዲተይ ኣየፍቕርን ማለት ኣይኮነን፡ እዚ

ሓቂ'ዚ ዋላ ንዐአን ከይተረፈ ንዘኾነ ዝፈልጣ ጓል ኣንስተይቲ ብግልጺ'የ ዝነግረን። እዚኣ ከኣ ኣብ ክንዲ ኣቕሪበ ናይ ውሽጠይ ጸልማትን ቃንዛን ከዊለ፡ ከሐጉሳ ዝፈተንኩ... ግን ምኽኣል ስኢና'ዶ ትኸውን...፧ ኖኖ ኩሉ ግዜ በደላት ደቅ ሰባት ኣብ ልዕለይ እናሸፋፈንኩ ክነብር የብለይን... ግን'ሞ እንታይ ደኣ፧ ኣታ ኣምላኽ...

"መን'ዩ ዝመጽእ ዘሎ፧..." ይገርም እኳ'ዩ ማዕረ ክንደይ ደፋርያ'ከ ናብዚ ትመጽእ፧ ኣነ መጺኣያ ዘይተቐበለትንስ....

6፡06 ድ.ቐ

"ሳይሞን...፧ ስለምንታይ፣ ስለምንታይ ግን እዚ ኩሉ ዓመታት... ስለምንታይ እናፈለጥካ ደሃይ ዘይትገብር፧ ኣነ ኣብ መዋጥር ናይ ህይወት ኣትየ፡ ሓቀኛ እንታይነተይ ጠፊኡኒ ብጓሂ እናነበርኩስ፡ ሓወይ ነርካኒ፧ ኦው ነው... ሁ ኣም ኣይ... መልሰለይ'ባ መልሰለይ።"

"ኒያት... ክሳብ ሕጂ ኣይፈልጠክን'የ፡ ንስኺ ውን ትፈልጥኒ ኣይመስለንን። እንተ ፍቓድ ፈጣሪ ኮይኑ ወይ'ውን ብሰሪ ምስ ነብሶም ዝቐሓሩን ገዛእ ቁስሎም ከሕውዩ ዘይከኣሉን ስድራቤታት ኣይተራኸብናን። ልክዕ'ዩ...ቅድሚ ውሑድ ዘይኮነ ዓመታት፡ ህጻን እንኾለኺ ኣብ ብርሃን ዘይነበሮ ገዛ ስዒመኪ ኔረ። ኣብቲ ሸዑ እዋን ንእሽተይ ስለ ዝነበርኩ ከምኡ'ውን ዝውጥጠኒ ነገርን

ሃለዋትኪ ከይከታተል ዝዓግትን ካብ እምባ ዝዓቢ መንደቕ ኣብ ቀድመይ ኔሩ። ቁረብ እሞ ሕሰብ ኣብለ.... ነቲ ኩነታት ርኢኺ ንሰኺ ካልእ ሓውን ሰድራን ኣነ ድማ ካልኦት ሰድራን ኣሕዋትን ኣብ ዝነበረና እዋን፡ ርሕቐት ቦታ ከይኣክል ርሕቀት ልብታት'ተን ሰድራቤታት'ውን ኔሩ እዩ። ንምኻኑ ነቦና ትፈልጥዮ'ዶ፧ ... ብርግጽ ርኢኽዮ ከምዘይትፈልጢ ርዱእ እዩ። እዝከረኒ ሓደ ግዜ ሓድሽ ጅንስ ዝዓይነቱ ክዳን ገዚኡ ኣምጺኡለይ ነይሩ፡ ጉዳይ ህዝቡ ሃልይዎ ተሃዊኹ ሰለ ዝነበረ ብሓደ ሓዲርና ንጽባሒቱ ብሓደ፡ ኣነ ማማ፡ ባባ ኣብ ሓደ ቤት ሰእሊ ተሳኢልና። ድሕሪኡ ንሱ ናብ ጉዳዩ ከይዱ። ካልእ እዋን ድማ፡ ንሱን ስሙ ዘይዝከሮ ዓርኩን መጺኦም ከጻውቱኒ ኣምሲዮም፡ ንጽባሒቱ እንተተንሳእኩ ግን ኣይጸንሑን። እታ ሳልሰይትን ናይ ምወዳእታን ግዜ ድማ፡ ኣብ ከባቢ ገዛና እጻወት ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን፡ ኣቦይ ከም ዝመጸ ሰሚዐ ብጉያ ናብ ቤትና ኣቢለ፡ ኣቦና ነታ ልዕሊ ኑብሰይ ዘፍቀራ ዓባየይ ብኽሳዳ ሓኒቑ ክላበዋ ጸኒሑኒ፡ ኣብታ ደቒቕ እቲኣ እንታይ ከም ዝበላ ኣይዝክሮን፡ ግን ብዛዕባይ ምኻኑ ንምርድኡ ኣየጸገመንን። ግንባረይ ሰዒሙ ተፋንዩና... ኣነ ዝብሎ ጠፊኡኒ ኣብ ኣፍደገ'ታ ፍቕራዊት ቤትና ኮይነ ካብ ዓይነይ ክሳብ ዝኽወል ኣፋንየዮ፡ ህ....፡ ምናልባት ንወላዲና ብምርኣየይ ልዕሌኺ ዕድለኛ ትቐጽርኒ ትህልዊ፡ ግን ከምኡ ኣይኮነን፡ ንዓይ ኣብ ልዕሊ ሰቓይ ሰቓይ'ዩ።

“እዋይ ኣነ ቅርስስቲ...። እሞ ተፍቅሮም ኣሕዋት ስለ ዘለውኻ ኢኻ ንእንታይነተይ ዘይተገደስካሉ።”

“ኒያት!... በቃ፡ በቃ ይኣክል ቁስለይ ኣይትጉድእኒ። ዘረባይ ከምኡ ከስምዕ ይከኣል ይኸውን፡ ንደሃይ ውሽጢ ልበይ ዝሰምዓለይ ስለ ዘየለ ግን ከም ድላይኪ ተረድእየ። ምኽንያቱ ናትኪ ኣተሓሳስባ’ውን እንተኾነ ካብቶም ጓኖት ዝፍለ ኣይኮነን፡ ንእንታይነተይ ክትቅይርዮ ኢልኪ ግን ኣይትሕሰቢ። ብፈተነታት ናይ ሰብ ይተርር እምበር፡ ብእኡ ሕልናይ ክምሸምሸ ኣይፈቅድን’የ።”

6፡26 ድ.ቐ

እታ ዕለታዊ ስርሓ ፈጺማ ምስ ጥዑም ዝሸትኡ ንፋሳትን ተሰንያ ወርቃዊ ብርሃን እናሃበት ትሰናበት ዝነበረት ጸሓይ፡ ነዞም ክልተ ፍቑራት ክትብሎም ዘየድፍሩ ሰባት ንክትብል እተማሲ’ያ ትመስል። እቲ ኣብ መንነኣም ዝነበረ ጨርባሕባሕ ናይ ቃላትን ነውጺ ናይ ሓሳባትን ኣብ ምኽታሙ፡ ጸሓይ’ውን መዕረፊኣ ክትሕዝ ትደናደን ነበረት። እቲ ህልኽ ንግዜኡ ጸጥ በለ፡ እቲ ወዲ ኣዳም ናይ ውሽጡ ዝርዳእ ዝስኣነ እንክመስል ናብዝን ናብትን እናበለ ይምድር፡ እቲ ዝነበረ ኩነታት ኣየር ናይዛ ገጠር ግዲ መቂሩዎም ወይ ድማ ዛዕብኣም ዘይዛዘመ ኮይኖም ቃላት ክታኾሱ ይረኣዩ። እታ ጓል ሄዋን’ውን እንተኾነት ኣዝዩ ረጉድ ጃኬት ተኸዲና

ኢዳ ኣመሳቒላ ኣብ ዘላቶ ቀዚዛ ምርኢት ናይቲ መንእሰይ ትከታተል ዘላ ትመስል። ፈለማ ክትርእዮ እንከላ ሓዋ ምኻኑ ምስ ፈለጠት፡ እንታይ ሒዝዋ ነጢራ ዘይሓቖፎቶ ንዓኣ'ውን መልሲ የብሉን። ሕነ ድዩ ጽልኣት ወይ ድማ ምድንፋቕ ሓዲኡ ምረጸ እንተትበሃል እትምልሶ ምስኣነት። ልባ ዝሰምዓላ ኩሉ ግዜ'ያ እትደሊ፡ ኣስተምህሮ ናይዚ መዳራይ ምስ ሰምዐት ግን፡ ንርእሳ ክትወቅስ ጀሚራ። ምኽንያቱ ፍቕሪ ይኹን ሓገዝ ምስ እትደሊ፡ ንስኻ'ውን ብልክዕ ንኻልኦት ከምኡ ክትመልሰሎም ክትክእል ኣለካ። ነቲ ኣንጻር'ዚ መንእሰይ ክትውርውሮም ዝጸንሐት ቃላት ድማ ኣቋረጸቶም። "ነቲ ክግበረልካ እትደልዮ፡ ንክትረክብ ንዘይብሉ ዝደልዮ ክትገብረሉ ክትፍትን ኣለካ፡ ፈለማ ነቲ ክትገብሮ ዘለካ'ምበር ንክግበረልካ እትብህን ኩተዕዘምዝም የብልካን" እቲ ኣብ ፊታ ዝዋሳእ ዘሎ ዝመስል ፍጡር ዝበሎ'የ። ብመጠኑ እቲ ክትዕ ልዙብነት እናሓዘ ክመጽእ ጀመረ። እቲ ጎበዝ ዘረባ ከም ዘሰልችዎ ነዊሕ ድሕሪ ምስትንፋሱ፡ ካብ ኣብ ማዕዋቐኡ ቀርቂሩዋ ዝነበረ መጽሓፍ ኣውጽኣ። ናብኣ ቀሪቡ ድማ ነታ ምጽሓፍ ኣብ ኢዳ ኣዕሚኹ፡ ብውሱናት ቃላት ግንባራ ስዒሙ ተፋነዋ። እታ ከም ዓንዲ ጨው ደሪቓ ዝነበረት ሄዋን፡ ቃል ከተውክእ ኣይከኣለትን። ድሕሪ ደቓይቕ ድማ ኣንጻር ኣንፈት ናይቲ መንእሰይ፡ ናብታ ገጠር ገጻ ስጉምታ ጀመረት።

ምዕራፍ ሰለስተ

ንጣብ ደም

ሚያዝያ 07 11፡11 ቅ.ቀ

“ኡፍ. . . ፍ፡ ይኣክል ካብዚ ንላዕሊ ዓቕሊ የብለይን” ጨደረ ፕሮፌሰር ፋኑኤል። እዚ ውጫጨ ካብቲ ንሱ ዝነበረሉ ክፍሊ ሓሊፉ ንመላእ እቲ ህንጻ’ዩ ኣናዊጹ። ብሰንኪ’ዚ ድማ ንዝተወሰነ ካልኢታት እቲ ሰፊኑ ዝነበረ ናይ ስራሕ ሃዋህው ጸጥ በለ። እዚ ትካል እዚ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ፋብሪካታት መድሃኒት ናይዛ ዓባይ ከተማ እዩ። ብሰሪ ዝተሓላለኹ ምኽንያትት ድማ ክብሩን ስሙን ኣብ ሓጺር እዋን ባይታ ዘቢጡ። በዚ ዝሰዓበ ክሳራ’ውን ማእለያ ዘለዎ ኣይኮነን። ቀንዲ ምኽንያት ምንጽርጻር ሓላፊ ናይዚ ትካል ግን ንሱ ኣይኮነን። “ቁሩብ፡ ቁሩብ ደም የብልኩምን” ኣፋጠጠሎም፡ ነቶም ብሰራዕ ኣገባብ ባድላ ተኸዲኖም ክሳዶም ሴሮም ኮፍ ኢሎም ዝነበሩ ሰባት። እዞም ሰባት እዚኦም ብልክዕ ዝሰርሑሉ ውልቃዊ ሞያ ኣለዎም፡ ብተወሳኺ ግን ካብ ሕሉፍ እምነት ናይ ሓላፊኦም ካልእ ዕማም ተዋሂብዎም። ፕሮፌሰር ፋኑኤል ከም በዓል ሃብትን ዝናን መጠን፡ ብዘይ ዝኾነ ሸግር ጸገማቱ ከሕዊ ዝኽእል

ምኩሕ'ዩ። ኣብ ሎሚ በጺሑ ግን ነገራት ክገላበጡን ሕኖኣም ዝፈድዩ ዘለዉን ይመስሉ። እቲ ቅድሚ ሰሙን ምዕራይን ሰሩዕን ዝነበረ ህይወቱ ከም ኣርናቢ ዝሰኣነ ሓሰር ምስ ንፋስ ክበታተን'ዩ ጀሚሩ።

ፍቕሪ ዕውር'ዩ ክበሃል ዘይወሓጠሉ ፕሮፌሰር፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን ሓደ ካብቶም ቀንዲ ሰልፈኛታት ናይዚ ጭርሖ'ዩ ኮይኑ። ገንዘብ፡ ዝና፡ ኣዕሩኽ፡ ሰሓቕን ምኞትን ሳላ ጻዕሩ ኣስተማቒርዎ እዩ። ምስ'ታ ንመሳኸቲ ልቡ ዝኣሕኩሐት ሄዋን ድሕሪ ምልላዩ ግን፡ ኣብ ፍቕሪ ዓጸፍጸፍ ክብል ተራእየ። ሕጽረት ተመኩሮ ብዘኽትሎ ሳዕቤን፡ እንታይነት እዛ ጓል ኣንስተይቲ ክፈልጥ ዝወሰዶ ስጉምቲ ኣይነበረን። ኣብዘን ዝሓለፋ ሓጸርቲ እዋናት ንዓኣ ከሐጉስ ዘይሰርሐ ሰራሕ ኣይነበሮን። ምሒር ፍልጠት ንፍቕሪ ከም ዘይቆጻጸር ዝመስከረ ተማሃራይ ናይ ፍቕሪ ኮለጅ'ዩ ኮይኑ። ብዛዕብኣ ክሓስብን ከሀተፍትፍን ዘሕለፈን መዓልታት እንክዝክር ኣዘዩ'ዩ ዝሸቐረር። ነዚ ዝወረሮ ስምዒት ከህድእ ዝኽእል መድሃኒት ብዘይ ምርካቡ ግን፡ ከንቱነቱ ሸው'ዩ ኣስተውዒለሉ። ሸሕ'ኳ ኣብ ልዕሊ ፍቕሪ ዘለዎ ኣረኣእያ ብኣሉታ ክኸውን እንተዘይደለዩ፡ እዚ ኣጋጣሚ ግን ድሂልዎ'ዩ። ናይ ሕማሙ ፈውሲ እታ ፍልጠትን ገንዘብን ኣናድዩ ክረክባ ዘይከኣለ ሄዋን ጥራይ እያ። ካብ ወጻኢ ሃገር ከም ዝመጸትን፡ ዕባይ ናይ'ዛ ከተማ ነበር ምኳናን

እንተዘይኮይኑ፣ ካልእ ኣገደስቲ ሓበሬታ ብዛዕብኣ የብሉን። ኣብዚ ሕጂ እዋን ኮይኑ እንክሓስብ ብጣዕሚ ይበሳጭ፡ ከም ዘንጸርጽር ዝገበሮ ድማ ንሱ'ዩ። እንታይ ሸፈንዎ ከም ዝነበረ ብሃሰሰ ለባም ኣብ ጸልማት ተጓዒዙ። ውጽኢቱ ካብ ክልተ ምርጫ ኣይወጽእን'ዩ። ወይ ዕድለኛ ኮይኑ ነታ ብርሃን ክረክባ፡ ወይ ድማ ናብ ዝገደደ ሰልሚ ክሰኽተት። ኮይኑ ግን ፕሮፌሰር ዕድል ዝገበረ ኣይመስልን። ስለዚ ድማ'ዩ ዝኾነ ዓይነት መስዋእቲ ከፊሉ ነዛ ጓል ሕድርትና ዝኾነቶ ሄዋን ምንዳይ ስርሐይ ኢሉ ዝሓዞ። ከም ኣማራጺ ኣብ መሳኹቲ ተሌቪዥን ሓበሬታ ምትሕልላፍ ወይ ከም መርድእ ዝነግር ኣብ ፈቐዶ ጎደናታት ስምን ዘይንጹር ናይ ብሞባይል ዝተቀርጸ ምስላን ምዝርጋሕ እዩ። እዚ ግን ዕሽነት'ዩ፡ ምስ ክብሩን ዝናኡን ዘይከይድ ዕሽነት። እታ ካልኣይን እንኮን ምርጭኡ፡ እታ ኣብ እጅግ ናይ ጻዕዳ ካምቻኡ ዝነበረት'ሞ ክሳብ ሕጂ ዘይተሓጽበት ንጣብ ደም እያ። ነዛ ንጣብ ደም እዚኣ እንተኮነ'ውን ብዙሕ ወጻኢ ዝሓትት ናይ ዘረኢ ተዎርሶ ምርመራ ምውሳድ'ዩ። እዚ'ውን ኣይሰለጠን፣ ካብ ሞንጎ ዓሰርተታት ኣሸሓት ህዝቢ ናይ'ዛ ኩተማ ፈሊካ ንሓንቲ ሰብ ከተውጽእ፡ ብተኣምር'ውን እንተኮነ ውጽኢቱ ዘዕግብ ኣይመስልን። ኮይኑ ተሪፉ ግን እዚ ኣብ ብስጭትን ጭንቀትን ኣትዩ ዘሎ ሃብታም ምሁር፡ ምፍታን'ዩ መሪጹ። እቲ ቀዳማይ ዝወሰዶ ስጉምቲ ድማ፡ እሙናት ንዝበሎም ሰባት በታ ንጣብ ደም ተመሪሑም፡ ነዚ ዕማም ከካይዱ'ዩ

መዚዝዎም። ንሳቶም'ውን እንተኾኑ ንእምነትን ክብርን ሓላፊኦም ክብሉ፡ ስርሖም ኣሃዱ ኢሎም ካብ ዝጅምሩ ድሮ ሳልስቲ ሓሊፉ። ተሰፍኦም እናተጸንቀቑ ብምምጽኡ፡ ብጥዕና ሓላፊኦም ክጠራጠሩ'ዮም ጀሚሮም። በዚ ከኣ'ዮም ሓደ ካብኦም ወኪል ተዛራባይ ገይሮም መርድእ ቅባጸት፡ ንክነግሩ ናብ ኦፊስ ናይዚ ብፍቕሪ ዝዓበደ ፕሮፌሰር ዝኣተው። ዘረቦኦም ከወድኦም ኣይከኣለን ኣዒንቱ በርበረ መሲሉ፡ ሰውነቱ ደርቢዩ ኣብቲ ሶፋ ወንበሩ ረፈጥ በለ። ብኢዱ ምልክት ብምግባር ንክወጹ ሓበሮም። እቶም ክልተ ክወጹ ከለዉ፡ እቲ ወኪል ግን ኣብ ዘለዎ ኮይኑ ንካልኢታት ድሕሪ ምዕዛብ፡ ካልእ ክሕግዝ ዝኽእሎ እንተሎ ብምቕልልነት ሓተተ። እቲ ፕሮፌሰር ብየማናይ ወገን ትሕቲ ኮምፒተሩ ኣብ ዝርከብ ከብሒ፡ ሓንቲ ሰምን ቁጽሪ ሰልክን ዘለዋ ወረቐት ሰሒቡ ሃቦ። "በዚ ሰልኪ ቁጽሪ ጌርካ ንዓርከይ ብዛዕባ'ዚ ንገሮ፡ ንክመጸኒ ድማ ሓበሮ ኢኻ፡...በቃ"

ሚያዝያ 01 10፡10 ድ፡ቐ

"ሄለው፡ ሄለው ፕሮፌሰር ከመይ ጥዕና፡ እንታይ ደኣ ንምሸቱ ናይ ደሓን፡" "ኖኖ ዶተረ ሰላም'ዩ፡ ተጣፊእና...ኣ...ከሸግረካ ዶክተረይ ሕጂ ሃንደበት ብነፋሪት ትኣቱ ጋሻ ኣላትኒ'ሞ...ስራሕ እንተዘይብልካስ ምሳይ ክትከይድ ሓሲበ ነይረ።" "ኣላ ፋኒ... ነዚ ድኣ እንታይ ክሸገረሉ፡ በል ደሓን ግዜ ከይበልዓልካ፡ ኣበይ ክመጻካ፡"።

“ኖው… ባዕለይ መኢና ሐዘ ገዛ ክመጸካ’የ”፡ “በቃ ፋኒ ሓወይ ክጽበየካ’የ ቻው”። ድሕሪ ዝተወሰነ ናይ ተንቀሳቓሲ ሰልኪ ምልልስ ሰልኩ ዓጸወ። ካራባትኡ ኣመዓረርዩ ናይ ላዕሊ ካቦቱ ለቢሱ መፋትሕ ናይ መኪና ጨርባሕባሕ እናበለ ብፍሱህ ኣካይዳ ናይ ቀጽሪ ቤቱ ማዕጾ ረጊጡ ተሸከርካሪቱ ኣተንሰአ። ካብቲ ብምብራቕ ወገን ናይዛ ኩተማ ዝርከብ ናብ ብሕቱ ምዕሩግ ርሻን፡ ናብቲ ዓቢ ጎደና ተጸንበረ። ብዝተዛነየ ኣካይዳ፡ ሙዚቃኡ ወሊዑ ድሕሪ ወሱን ደቓይቕ ናብ ቤት እቲ ዘኽብሮ ዓርኩ በጽሐ። ኣብ ደገ ኮይኑ ምጽባዩ ሰለ ዝመረጸ ጥሩምባ ተሸከርካሪቱ ነፍሐ። ነዚ ዝተረድኡ ዓርኩ ድማ ተዳልዩ ከም ዝጸንሐ ካብ ቤቱ መሰስ ኢሉ ወጸ። ንኽኣቱ’ኳ እንተዓደሞ ፡ እንተኣትዩ ኮፍ ክብል ምኻኑ ብምምኽናይ ንኽብገስ ማዕጾ ቢ-ኤም-ዳብሊው ዝዓይነታ ተሸከርካሪት ኣርሓወሉ። ብዛዕባ ሕሉፍ እናዕለሉን እናሰሓቑን ድማ ከይተረድኡም ናብቲ ምዕቡል ምዕርፎ ነፊርቲ ኣተው።

“ሰዓት ክንደይ ድያ እትኣቱ’ታ ነፋሪት” ንምርግጋጽ ሓተተ።” “ሕጂ በቃ፡ ከም ዝበለትኒ እንተኾይኑ ኣብ ውሽጢ ርብዒ ሰዓት ትኣቱ ትኸውን’ያ” ኢሉ መለሰ ፕሮፌሰር። “ኖኖ ብካልእ ኣይኮነን… ንምርግጋጽ ኢለ’የ፡ ግን ፋኑኤል ዓርከይ እዛ ጋሻ ድኣ መን’ያ፧ ንቑም ነገር ክትከውን በዓል ምሉእ ተሰፋ’የ፧ ምስ’ዚ ኩሉ ዝናን

ሃብትን'ዶ በይንኻ ምኾንካ።" "ኣይ.....ዶክተር ግደፍ በዛ ዘረባ ኣይተሕምመኒ፡ ግን ዘይተማጸኣልና....፤ እዞም ሓካይም ትሓርይወን'ኮ ንበይነን እየን"፡ ብሓባር ስሓቑ። ነፋሪት ከም ዝኣተወት ዝሕብር ድምጺ ብመጉልሒ ምስ ሰምዑ፡ ናብቲ ገፊሕ ልዳት ቀረቡ። ብናፍቐት ዝጭድራን ዝዕልላን ኣንስቲ፡ ዝተሓጀቐፉ ስድራቤታትን ስራሕ ዝጸዓቐም ይመስሉ፡ "ሃኒ...ሃኒ ሄሎ..." ክልተ ኣኣእዳዉ እናወጣወጠ ነታ ኣብ መንጎ ሰባት ኣትያ ትመጽእ ዝነበረት ጎርዞ ኣድሃያ። "ፋኒተይ....ሓጎሳ ክትቀጻጸሮም ኣይከኣለትን። ድሕሪ ነዊሕ ምትሕቋቐፍ ዕታር ዕንባባ ኣበርከተላ። "እዚ ከኣ እቲ ብዕላል እትፈልጥዮ ዓርከይ እዩ፡...እዚኣ ከኣ ጓል ሓወቦይን ሓፍተይን'ያ የሃና ትበሃል..." ኢሉ ኣላለዮም። ነቲ ዝተማላኣቶ ግዙፍ ሳንጣታት ክጽዕኑ ብድሕሪታ መኪና ተጠውዩ። ፕሮፌሰር መፍትሕ ኣውጺኡ ክኸፍት እንክብል፡ ካብታ ብድሕሪኣም ዝነበረት ታክሲ ደሃይ ሰምዑ፡ "ኣ...ኤክሰ ኪዩዝሚ፡ ኣ ሶሪ ከሸግረኩም እዚኣባ ... ሓግዙኒ፤ ክትብል ሓተተት። ዶክተር፡ ንፋኑኤል ከይዱ ንክሕግዛ ብዓይኑ ጠቐሰሉ'ሞ ካብ ኢዱ መፍትሕ መንጠሎ። ነቲ ዝነበረ ኣቑሑ ድማ ባዕሉ ክሰቕሎ ጀመረ። "ኢትሰ ኦኬ እንታይ'ዩ፤" በላ ናብኣ ቀሪቡ፡ ነቲ ቡቲ ዝተኸድነቶ ዓቢ ጃኬት ተሸፊኑ ዝነበረ ጽባቐኣ እናድነቐ፡ እንታይ እዋኑ ከምዚ ምሕሳቡ ብውሽጡ ኣሰከፎ። "ናበይ ዲኺ ዝሓፍተይ፤" ብምባል ተወከሳ። እታ ደላይት ሓገዝ ዓይኒ

ዓይኑ ካልኢታት ድሕሪ ምጥማት፡ ናብ ማእከል ከተማ ምኻና ሓበረቶ። በይና ምኻና ምስ ኣረጋገጸ፡ ኣብ መኪንኡ ናይ ሓደ ሰብ ተረፍ ሰፈር ከምዘሎን ናብቲ እትኸዶ ከባቢ ብምኻኖም ድማ ፍቓደኛ እንተኾይና ምስኦም ክማልእዋ ሕቶ ኣቕረበላ። ብሕጉስ መንፈስ እናመሰገነት ከኣ ብኣወንታ ተቐበለቶ። ተቐዳዲማ ድማ ነታ ምሳኣ ዝመጸት መሓዝኣ ክትፋነዋ ከደት። ኣብ ዝተመልሰትሉ እዋን ተታሓሒዙም ናብ መኪንኡ ኣበሉ።“ግን መሕዛኺ ደኣ ምሳኺ ከይትኸውን፤” ኢሉ ተሰኪፉ ሓተተ። ሰድራኣ ከም ዝተቐበልዋ ነጊራ ናብቲ ዝተኸፍተላ ማዕጾ ኣተወት። ክልቲኦም ኣዕሩኽ ብቕድሚት፡ እተን ኣጋይሽ ብድሕሪት ወገን ዘዝመጾም እናዕለሉ ጉዕዞኦም ናብ ከተማ ኣፋረቑዎ። “ሶሪ፡ ኣብዚኣ እባ ኣውርደኒ” በለት እታ ጋሻ ብሓውሲ ስክፍታ። ፋኒኤል መኪንኡ ኣጸጊዑ ድሕሪ ምውራድ፡ ንብረታ ኣቀበላ። ጽቡቕ ምንዮቱ ገሊጹ ንክፋነዋ ኢዱ ሰደደ። ዘይተጸበዮ ድማ ሓኒቕ ሓቐፎቶ፡ ቅድሚ ሸዑ ተፈለጥዎ ዘይፈልጥ ስምዒት ኣካላቱ ተዘዝ ኣበሎ። ቁጽሪ ስልካ ሂባ ድማ ተፋነወቶም። ጉዕዞኦም ኣብ ዝቐጸሉሉ እዋን፡ የሃናን ዓርኩን ብዓይናም ክጠቕቕሉን ክረዳድኡን ተዓዘቦም፡ ብዛዕብኡ ምኻናም ኣስተውዒሉ ሕንከት ተሰሚዕዎ ፍሽኽ በለ።

ካብዛ እዋን ጀሚሩ ድማ'ዩ ንሓይሊ ፍቕሪ ዝሰገደ። ለይቲ ብጥዑም ሕልምታት ቀትሪ ብፍቕራዊ ሓሳባት ከሕልፎ ተገደደ። ሓይሉ ኣኪቡ በታ ሰልኪ ቁጽሪ ደዊሉ ንቀጸራ ሓተታ። ንሳ እንተኾነት'ውን ፍቓደኛ ነበረት። ኣብ ናይ መጀመርታ ርክብ እንታይ ክኽደን ከም ዘለዎ ሓሲቡሉ እዩ ውዒሉ፡ ቦታን ግዜን ድሕሪ ምሕባር ዝርርብ ተቋረጸ። "የስ...ኣይ ሚድ ኢት የስ የስ... የስ" ከም ጹሉል ኢዱ ዓሚኹ ካብን ናብን እታ ኽፍሊ ተናጠረ። ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ንዓርኩ ዘየማኸሮ ዋላ'ኳ ቅር እንተበሎ፡ ካብ ምሸጋሩ ትም ዝሓይሸ ኮይኑ ተሰመየ።

ሚያዝያ 04 10፡30 ድ.ቐ

ኣብቲ ኣዳራሽ ናይቲ ሆቴል ነጊሱ ዝነበረ ሕሹኽሹኽታ ፍቑራት፡ መቐረት እናወሰኸ ክኸይድ ይርኢ። ኣብ ማእከል ወገን ኣብ እትርከብ ጣውላ ተቐራሪቦም ዘዕሉሉ ዘለዉ ፍጡራት ንኣዳምን ሄዋንን ይመስሉ። "ኣነ'ኮ ንፈጣሪ ብልቢ እየ ዘመስግኖ፡" እዋእ ኢሂ...፧ "ንዓኸ ብምልላዩ፡ ኣነ'ኳ ካብታ ንዓኸ ዝራኣኹልኪ ሰዓት እንድዒ..." ቃላት ዝሓጸሮ መሰለ፡ ኢዱ ሰዲዱ ድማ ኣጻብዕታ ክደርዝ ጀመረ። "ኣብ ሕሉፈይ፡... ኣብ ልዕሊ ደቅ ኣንስትዮ ዝነበረኒ ኣረኣእያ ኣዝዩ ተነቃፊ ኢዩ ኔሩ። ኣዒንትኺ ካብ ዝርኢ ንደሓር ግን፡ እታ ጉድለተይ እትሸፍን ምቃል ጎነይ ክትኮነኒ ብሂገኪ፡... ብጣዕሚ እየ ኣፍቂረኪ፧"

ቃላት ብዓቕሙ ከሻሽኑ ናይ ልቡ ክገልጸላ ከም ኣብ ኩናት ዝኣተወ ክጋደል ይፍትን!! እዘን ቃላት ብመንነ ክልተ ከናፍሩ ሓሊፈን ናብ ኣእዛን እታ ጓል ሄዋን እንክበጽሓ ዘሰምብድ ክስተታት እየን ፈጢረን። እቲ ብጡዑምን ህዱኡን ዕላላት ተመሊኡ ዝነበረ ኣዳራሽ ብጨርባሕባሕ ጠራሙዝ ተረበሸ። እቲ ኣጋጣሚ ኣድህቦ ናይቶም ኣብ ዙርያ ዝነበሩ ፍቑራት ሰሓበ። ቀላሕታ ኩሉ ሰብ ናብቶም ኣብ ማእከል ኮፍ ኢሎም ዝነበሩ ጽምዲ ኾነ። ፕሮፌሰር ኩነታቱ ኣርሚሙዎ፡ ከህዳኣ ፈተነ። ከይተረድኣ እያ ነቲ ኣብ ቅድሚኣ ክቡር ወይኒ ተቐዲሑሉ ዝነበረ ብርጭቆ ሃሪማቶ። ነንሓድሕዱ ምስ ዝነበረ ናይ ድራር ብያትታትን ጻሕልን ተላሂሙ ድማ'ዩ ድምጺ ዝፈጠረ። ነቲ ዝተሰባበረ ጠራሙዝ ክትኣሊ ኢላ ኢዳ ኣብ ዝሰደደትሉ እዋን በቲ ብልሒ ናቱ ኢዳ ተጨንዲሓ ደም ካብ ኣጻብዓ ክነጥብ ጀመረ። ነዚ ዝተዓዘበ ፋኒኤል ካብቲ ዝነበሮ ብቐልጡፍ ተንሰኣ፡ ኣብ ጥቓኣ ተንበርኪኹ ድማ ኢዳ ብኻምችኡ ደረዘ። ነታ ደኒና ዝነበረት ጎርዞ ከኣ ከረጋግኣ ፈተነ። "ኖው... ኖው... ጸገም እኮ የብሉን ዘጋጥም'ዩ ማርቲ..."። "ሶሪ ፕሮፌሰር ፋኒኤል፡ ክኸይድ ይቕሬታ...." ክሳዳ ብስቡሩ ብድድ ኢላ ክትሰጉም ጀመረት። ፋኑኤል በቲ እቶም ኣብ ከባቢኡ ሕጉሳት ዝመሰሉ ሰባት ክሓስብዎ ንዝኽእሉ ግምት ኣይገበረሉን። ሕሳቡ ከፊሉ ካባኡ ኣልዒሉ ናብ ግዳም ዘብዘብ በለ። እታ ብቃላቱ ዘባህረራ ጓል ሄዋን

ኣብ ደገ ኣይጸንሓቶን፡ ናብ ዘብሎ ጠፊእዎ ስማ እናደጋገመ ናብ ኩሉ ኩርናዓት ቀልባዕባዕ እናበለ ተዓዘበ። እንትርፎ መቓልሕ ዝመልስ ጎደናን ርሻውንትን ካልእ ኣይነበረን። “ማርታ... ማርቲ፡ ማርታ...”።

ምዕራፍ ኣርባዕተ

ድነ

ሚያዝያ 04 09፡39 ድ.ቐ

“ሃየ...፡ ከመይ ውዒለን ማማ ሃና፡ ሄለው... እስማዕክን ኣለኹ፡”። “እዋእ ዳዊት ዓርከይ...፡ ኖኖ ማማ ቁሩብ ተጸሊኡዋስ ስራሕ ኣይኣተኹን”። “ማማ’ስ ደሓን’ያ፡ ሕጂ ትሓይሸ... እዋእ ከምኡ ገርክን’ባ ኣይትሻቐላ፡ ብኡ ገሩ ናብ ናይ ቀትሪ ስርሑ ከይዱ ከይከውን”። “በቃ ደሓን ባዕለይ ደሃይ ገረ ክነግረክን’የ... ቻው፡ በቃ ብሩኽ መዓልቲ”። ንከረጋግአን ኢሉ ዝተዛረቦ ደኣ እምበር፡ ንሱስ ምስቲ ደሃይ ዘጥፍኣ ዓርኩ ኣብ ሆስፒታል’ዩ ዝርከብ። ዝሓለፍኦ ሕሰምን ብስጭትን ከይምለስን ስለ ዝሰገአ ድማ’ዩ ዘይሓበረን። “ማሚ ድያ፤ ኣ... ሲስተር ፕሊስ መድሃኒት ሂብኪ ኣፋንውኒ” እቲ ኣብ ዓራት ተገምሲሱ ዝነበረ ሕሙም፡ ነታ ብፍሉይ ዓይንን ድንጋጸን እትጥምቶ ኣላይት ሕሙማት ተማሕጸና። “ደሓን ጸገም የለን ሓኪም ምስ መጸ ኩነታትካ ክሕብሮ’የ... ደሓር ከኣ ምስ ጥዕና’ካ’ባ ክትከደን” ከተደዓዕሶ ፈተነት። ተመሊሳ ድማ ናብ ሓሳባት ተሸመት፡ እታ ነርስ። እዞም ክልተ ኣዕሩኽ ኣብ ግዜ ጸገም ይኹን ሓጎስ ፈለማ ምስጢሮም

ነንሓድሕዶም እዮም ዝካፈሉ። ዳዊት፡ ናይ ዝሓለፈት ምሸት ኩነታት ክዘክራ ዝደለ ኣይኮነን። ድሕሪ'ቲ ዝጎነፎ ፍጻመ ብኽመይ ናብዚ ሆስፒታል መጺኡ'ውን ዝፈልጦ ኣይነበሮን። ብቑዳምነት ዝተዓዘባ ነታ ለዋህ ዝበላ ኣላይት ሕሙማት'ዩ፡ ናብ ሓቀኛ ዓለም ኣብ ዝተመልሰሉ እዋን ብሰንኪ ሕሉፍ ዝኽሪ፡ ከም ናይ ኣእምሮ ስንኩል ዓበድበድ'ዩ ጀሚሩ ነይሩ። እንተኾነ እዛ ኣላይት ብጥንቃቐን ተጋደስነትን ናብ ልቡ መለሳቶ። ስርሓ ኣብ ሓደ ክትቀውም ስለ ዘየፍቅደላ፡ ገዲፋቶም ናብ ካልእ ክፍሊ ከደት። በቲ ናይ ሃንደበት ኩነታት ተሻቒሉ ዝነበረ ዓርኩ፡ ገለ መዘናግዒ ኣርእስቲ ምኽፋት ዝሓሸ ኮይኑ ስለ ዝተሰመየ፡ ብናይቲ መውጽኢ ኣፋ ዝኾነ ምስጢራዊ ጸሓፋይ ክጅመረሉ ሃቀነ፡ "ትፈልጥ ዬቭ፤ ..." ብኣግርሞት ትረኻ ጀመረ።

"ናይ ሎሚ ዝወጸት መጽሄት፡ ልክዕ ከምዛ ዘለናያ ህሞት እተዘንቱ ጽሑፍ ዝሓዘት'ያ። ብጣዕሚ'ኳ'ዩ ዘገርም...." ዳዊት ከቐጽሎ ኣይመረጸን። "በቃ፡ ሶሪ ብዛዕባ'ዚ ፍጡር፡ ኣነ ኢደይ ሓጺቡ'የ... ንሱ ኣይፈልጠኒ ኣነ ኣይፈልጦ። ምስጢር ሕማመይ እንታይ ምኻኑ ክነግረካ....፤ ንሱ'ዩ"። "መን ንሱ፤"፡"ንሱ'ዚ ጣኦትካ ዝኾነ ጸሓፊ"። "እሙባእ...ብኽመይ፤"፤ "ብኽመይ'ዶ...፤ ትማሊ ቅድሚ ብስልኪ ምርኻብና ነታ ናይ ሸዑ ጽሕፍቲ ኣንቢበያ ኔረ፡ ያኢ...ኣነስ ንዓኻ ከሐጉስ። ብዝኾነ ኣይወዳእኩዋን፡ ዳርጋ

ጃጅየ'ዩ ዝበሃል" ዳዊት ሃሳስ ፍሸኽታ ኣርኣየ፣ "ብድሕሪኡ ገዛ ኣምስየ ንስራሕ ኣብ ዝኸደሉ ዝነበርኩ እዋን፡ ንስኻ ስለ ዘይነበርካ ጸምዩኒ። ግዜ ንኹቑጥብ ኢለ ብመናፈሻ የቋርጽ። ተቢዐ ማለት እንድዩ.... በቃ ሸዑ እየ ሓሚመ" ነዊሕ ኣስተንፈሰ። እቲ ኣይሓዘን ኣይሓጎስ ኮይኑ ዝዕዘቦ ዝነበረ ዓርኩ። ነታ ሒዙዋ ዝነበረ መጽሄት ክገናጽል ጀመረ። "እዋእ... ትሰምዓኒ ኣለኻ ዲኻ ዋላስ ጌሸካ ኢኻ፧" በሎ ዳዊት ነቲ ኣብታ ክፍሊ ከም ዘየለ ዝኾነ ዓርኩ። ብኣጻብዕቱ እናኣመልከተ፡ ነቲ ናይዛ ከተማ ውሩይ ጽሉል ዝገብሮ ናይ ጎደና ምንቅስቓሳት ብዘይ ፍላጥ ክደግሞ ተራእየ። "እእ... እሰምዓካ'ለኹ፡ እሰምዓካ'ለኹ ዬቭ" ጎረርኡ ተዓጽወ። "ግን...እኮ እዚ ዝበልካዮ ኣብዚ ተጻሒፉ'ሎ..."። "እንታይ፧" ንነጎድጓድ ዝዳረግ ድምጺ ኣቃልሐ። ተፋጠጦም ድማ ትም በሉ። "ይቕሬታ...፡ እንታይ ክሕግዝ፡ ጀሚርዎ ድዩ፧" እታ ብጉያ ዝመጸት ነርስ'ያ ሓቲታ። ምስ ምምጻኣ ድማ ኣዒንቶም ዝያዳ ፈጠጡ። ነዚ ዝተዓዘበት ኣላይት ድማ ዘሰምበደቶም መሲሉዋ ተሰከፈት። "ነጊረካ እኳ'ኤ እዚ ሰብ'ዚ ኣይፈትዎን እየ፡ እንታይ ዓይነት ዲያብሎስ'ዩ'ዚ ፧ ናይ ዝጸላእኩዎ ሕነ ክፈዲ ኢሉ'ዩ ዝከታተለኒ ዘሎ"። እቲ ዘረባ ሰነ ሞጎታዊ ክኸውን ዝኽእል ዋላ ኣይኹን ከም መውጽኢ ሕርቃኑ'ዩ ተጠቒሙሉ። ምኽንያቱ ዝከታተሎ ፍጡር ከመይ ኢሉ ኣቑዲሙ ብርእሰ ተኣማንነት ንዝሰዕብ ክፈልጦ ይኽእል። "ስማዕ እንዶ ዳዊት፡ ቡቲ ጸልማት ወገን

ጥራይ'ባ ኣይትጠምት...እዚ ሰብ'ዚ እኮ ናቱ ብሉጹነትን ጥበብን ኣለዎ። ኣስተውዕለሉ'ዶ ከመይ ኢሉ ነዞም ኣሸሓት ነበርቲ ዝገብርዎ ኣዳቒቑ ክፈልጥ ክኢሉ፤" ኣነ ከም ዝመስለኒ.... ብኣይ ወገን፡ ንስርሑ ዓቢ መስዋእቲ ዝኸፍል ጸሓፊ ኮይኑ'ዩ ዝስማዓኒ። ክገርመኩም ኣብ ሂወተይ ካብ ጽሑፋቱ ብዙሕ ነገራት ተማሂረ'የ፡ ንስኻ'ውን ትፈልጥ ኢኻ። ኣበየናይ ጫፍ ናይ ሂወት ነይርረ'ሞ፣ ናብዚ ዘለኹዎ ከም ዝሰገርኩ ኣጸቢቐካ ትዝክሮ ኢኻ፡ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ምስጢራት ሕዳሴ ሂወተይ ድማ ጽሑፋቱ'የም። እታ ቁንቁኝኡ ዘይተረድኣ ነርስን ታኣላይን፡ ኣፎም ከፊቶም ካብ ምዕዛብ ቃል ኣየተንፈሱን። እቲ ሃዋህው ነዛ ነርስ ሰርሓ ክሳብ ዘረስዓ እዩ ኮይኑ፡ ካብ ንቡር ዘረባ ድማ ናብ ኣስተምህሮ ሰገረ። ብልጫ ናይዚ ሰባብ እንታይ መሲሉኩም፤ ንሓደ እከይ ሰብ... ሃሳይነት ጠባዩ ብዘባህርርን ዘየዳግምን ሓሳብ ጌሩ'ዩ ኣብ ኣእምርኡ ዘስርጾም። ቀንዲ ዕላማ እዚ ጸሓፊ ንጹር እኳ እንተዘይኮነ ብግምተይ ግን ኣንጻር ሕማቕ ነገራት ዝቃለስ ኮይኑ ይርድኣኒ። ኣነ ብውልቀይ ከም ዘስተውዓልኩዎ፡ እዚ ወለዶ'ዚ መሰረት ጥፍኣት ናይ መጻኢ ወለዶ'ዩ። ቀንዲ ጭብጢ ናይዚ ድማ እዚ ዝምዕብል ዘሎ ናይ ውልቃዊ ረብሓ ቃልሲ ብዘለዎ እንተቐጺሉ፣ ቀጻልነት ህይወት ኣብዛ ዓለም ኣብ ከቢድ ሓደጋ ከም ዝኣቱ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኣብዚ ግን ትምኒትን ትንቢትን ክትፈላልይዎ ኣለኩም...። እዚ ኣነ ዝዛረቦ ዘለኹ ኣብ

ግምታትን ሳይንሳዊ ተኽእሎታትን ዝተሞርኮሰ እዩ። ሓደ ናይዛ ከተማና፣ ናይ ቀደም ፍላስፋ እንታይ ኢሉ መሰለኩም.... “እዚ ዘመን’ዚ ኣብ መንጎ ሕሉፍን መጻእን ዝርከብ መስትያት እዩ” ኢሉ ኔሩ። እዚ ፍላስፋ እንታይ ማለቱ ምኻኑ እንተ መርሚርኩም...፧ ንበል... ኣብ ፊት መስትያት ደው ኢልና ኣለና... እዚ ብሰነ ሓሳባዊ ኣገባብ ምስ ዝግለጽ፣ ከም ሓደ ቅኑዕ ሰሉስ ኩርናዕ ኣብ ማእከሉ ብማዕረ ዝሰንጥቕ ሕንጻጽ ዘለዎ ማለት እዩ። እቲ ሕንጻጽ.... ንሱ እቲ መስትያት ማለት.... እዚ ዘመን እዩ። ብኻልእ ኣገላልጻ ልክዕ ከም ሰንሰለታዊ ምዕባለ ናይ ደቂ ሰባት ካብ ድሑርነት ክሳብ’ዚ እዋን፣ ከምኡ ድማ ካብዚ ናይዚ እዋን ምዕባለ ናብ ድሑርነት ዝመርሕ ኣገባብ መስርሕ ሓደን ዝመሳሰልን እዩ። በቃ.... ከም ካብ ሓመድ ዕትሮ ትፈጥር እሞ ምስ ኣረገ ናብ ሓመድ ዝምለስ፣ እዛ ዕትሮ ዓለምና ድማ ከምኡ...። ክቕየር ዘይክእል ሕጊ ተፈጥሮ ብዝተኻእለ ክትቃለስ ምፍታን ድማ፣ ካልእ ይትረፍ ሂወትካ ትርጉም ይህልዎ። ከምዚ ናይዚ ጸሓፊ። ሕሰብ እንተኣቢልናዮ’ኮ ብዛዕባ’ዚ ብልሂ ከይተዛረብ ዝውዕል የለን። ካብዚ ዝዓቢ ትርጉምን መቕረትን ምንባር እሞ እንታይ እዩ። ልክዕ.... ከም ሰብ መጠን ጌጋታት ክህልዎ ይኽእል ይኸውን። ካብ ነቓፊ ግን ተነቃፊ ምኻን ከም ዝበልጽ ልዕሊ ማንም ዝተረደኦ ጸሓፊ እዩ። ኣይተስተውዒልኩምሉ ዲኹም... እቲ ጹሑፋቱ’ኮ... ተወሳኺ ሻድሻይ ህዋስ ወሲኽካ ከም

እተስተማቕሮ'ዩ ዝገብር። ነፍሲ ወከፍ ሕጡበ ጽሑፉ፡ ልክዕ ከም ህንጻታት'ዛ ከተማና ብጥበብ ዝተሃነጹ፡ ገሊኦም ዘፈርሑ ገሊኦም ወኒ ዘለዓዕሉን ዘነቓቕሑን ወዘተ በቃ... ከምዚ ስፕሪስ ዝተቓመሙ እኮ እዮም። ኣበይ'ሞ... ኣነ ንሱ እንተዝኸውን... "ብስምዒት ይዛረብ ነበረ። እታ ሰዓታት ስርሓ ዝወደኣት ነርስ ካብዚ ምቁር ዕላል ፈልከት ክትብል ኣይደለየትን። ዋላ'ኳ ብዛዕባ'ዚ ጸሓፊ ወትሩ ትሰምዕ እንተኾነት ማዕረ ክንድዚ ኢዩ ኢላ ኣይሓሰበትን። ኣብ ጥቓ እቲ ኣብ ዓረት ተጋዲሙ ዝነበረ ዳዊት ተጸጊዓ ምጽንጻን ቀጸለት። እቲ ዘረባኡ ዘይወደአ ዓርኩ ሕጂ'ውን ኣይደኽመን። "ምሸ ዴቭ ዓርከይ ጸሓፊ ክትከውን ትምነ ኔርካ፡ እቲ ትምነዮ፡ ከም ናይዚ በዓል ዝና እንተዘይተግበርካዮ ክሰምረልካ ዝኽእል ኣይመስለንን። ንስኻ ትፈልጥ ኢኻ፡ ምስ'ዚ ኹሉ ፍልጠትካ ግን'ሲ...፡ ምኽንያት ሕማምካ እዚ ጸሓፊ ዝኾነሉ ምኽንያት ብፍጹም የለን። እቲ መሰረታዊ ጸገም ኣብ ኣተሓሳሰባ እዩ ዝጅምር። ትዝክሮ እንተደኣ ኾይንካ፡ ካብ ሕማቕ ነብሰ ምትሓት ናብ ርእሰ ተኣማንነት ዝማዕበልኩ'ኮ ብዝሃብካኒ ምኽሪን ሓሳባትን ኢዩ ነይሩ። እሞ... ኣብዚሕካለይ ደኣ ከይትብለኒ እምበር እቲ ጌጋ ኣባኻ'ዩ። እዚ ይኹን እምበር ማይ ዝሓለፎ'ውን ኣይኮነን።" ነዊሕ ኣስተንፈሰ፡ ዳዊት ድማ ነገራት ቁሩብ እኳ እንተበርሃሉ ነቲ ሎሚ ለይቲ ዝረኣዮ ፍጡር እንክዝክር ክወሓጠሉ ኣይከኣለን። "ግን እኮ እቲ ጠባይ ናይቲ ጽሑፍ

ብዓይነይ ብኣካል እየ ርእየዮ፡ ብዓይነይ። እዝስ ዘየገርም'ዶ ኣይኮነን፡ ኣነ ዝብል ዘለኹ ኣብ ሂወተይ ዝርግርግ ከየእቱ እንደኣለይ ሰጊኡ።" በለ ዳዊት ወላዲቱ እናተራኣዮኡ። "ኣየ ዴቭ...፡ እዚ'ኮ ፍሉይነት ኣለዎ። ነዚ እንትርፎ እቲ ጸሓፊ ካልእ ርእይዎ ዘይፈልጥ ፍጡር ምርኣይካ ዕድል እኮ'ዩ። ንኹሉ ገግዚኡ ኣለዎ፡ ምናልባት ምሕማምካ'ውን መቐይሮ ክኾነካ ይኽእል ይኸውን። ንኣእምሮኻ ብኣነቓቓሕቲ ሓሳባት እንተሃኒጽካዮ፡ ነዚ ኣዕናዊ ሓሳባት ምብድሆም ኣይትጽገምን።" ኣብ መንጎ፡ እታ ነርስ ብኢዳ ኣመልኪታ፡ ፍቓድ ብምሕታት ካብታ ክፍሊ ወጸት። ብዙሕ ከይደንጎየት ድማ ክዳና ቀይራ ንጽባቐኣ ዘማዕርግ ኣልባስ ተኸዲና ብሰላሕታ ተመልሰት። በዚ ዝተደነቐ ዳዊትን ዓርኩን ብኣግርሞት ጠመትዎ። እታ ነርስ ምኻናን ዘይሙኻናን ተጠራጠሩ። ፍሉይ ምጥማት ናይ ዳዊትን ነርስን ዘስተብሃለ ዓርኩ፡ ኩነታት ተረዲኡዎ ዓይኒ ምድሪ ክጥቀም ምኻኑ ሓቢሩ፡ ዓይኑ ጠቒሱ ወጸ።

2:32 ድ.ቐ

"ሰላም ማማ ሃና ኣነ'የ... ዳዊት ደሓን'የ ስራሕ በዚሑዎ ስለ ዝወዓለ'የ ዘይመጸ፡ ሕጂ ድማ ክሕግዘኒ ኢሉ ምሳይ ኣሎ..."። "እወ ደሓን'ያ ሒሹዋ'የ፡ ናይ ምሸት ኣቢልና ተተሓሒዝና ክንመጽእ ኢና፡... በቃ እሺ ቻው። ነኖ እንታይ ጸገም ኣለዎ ኣነስ ወድኽን እንድየ.... ኣሜን ኣሜን፡

ሕራይ ቻው።" ንዳዊት ዝኾውን ቅያር ክዳን ካብ ገዝኡ ተማሊኡ እዩ ናብ ሆስፒታል ዝምለስ ዝነበረ። እዛ ምኽኒት በየን መጺኣቶ ዝሓሰቦ ኣይነበሮን፡ ምእንቲ ዕርክነት ኢሉ ይገብሮ ምህላው ድማ ተግባረቱ ኣስሓቖ። እቲ ሕክምና ሓዲሩ ዝወዓለ ዳዊት፡ ብሓካይም ክወጽእ ከም ዝኽእል ምስ ተነግሮ ክጸንሕ ኣይመረጸን። ከም ሰብ ደሓን ድማ ካብቲ ዓቢ ሕክምና ተታሓሒዞም ናብ ቤት ዳዊት ኣበሉ። ገዛ ኣብ ዝኣተወሉ እዋን ብኹነታት ወደን ዝተጠራጠራ ወይዘሮ ሃና ኣጥቢቑን ሓተተኣም። እንተኾነ ሻቕሎቱን ንምውጋድ ምኽኒት እዮም መሪጾም። "ኣይ... ማማ ደይ ስራሕ ጽዒቕኒ እዩ'ምበር..." ጀመረ ዳዊት። "በይኑ ኮይኑ ክሰርሕ ስለ ዝሓደረ'ዩ ደኺሙ፡ እንተዕረፈ ይደቅስ ግደፍኡ፡ ኣነ ከኣ ሎሚ ተረኛ ስለ ዝኾንኩ ክኸይድ... ድሓን ኣምሰዩ"። ዳዊት ንዓርኩ ብምጽዋዕ ኣብ እዝኡ ቀሪቡ "በቲ ኣነ ዝኸደኩዎ ከይትኸይድ፡ ኣቐዲምካ ተበጊስካ ብጽርግያ ኪድ"በሎ። ዳዊት ብዙሕ ድኻም ስለ ዘይነበሮ፡ ነቲ ኣዲኡ ዝቐረባሉ ምግቢ ጥዒሙ ናብ ክፍሉ ነቐለ። ኣብ ክፍሉ፡ ኣብ ዝኣተወሉ ንዕኡ ኢለን ዝተዳለዋ እንክመስላ ብርዕን ጥራዝን ኣብ ጠረጴዝኡ ኣማዕደወ። ምኽሪ ናይታ ኣብ ሂወቱ ፍቕራዊ ጣልቃ ዝኣተወት ነርስን ምትብባዕ ናይ ዓርኩን ብኣወርኡ ድማ ንሕልምታቱ ከስምር ናብኣን ኣበለ።

ሚያዝያ 6:06 ድ.ቐ

“መን ይፈልጠሉ፥ ንዓኹም’የ ደቅ ሰባት፥ ንጽህና ናይቲ ጎደና ዝሰድርኡ ህጻን ብህጡር መልሓስኩም ከም ወዲ ምናምን እትዝልፍዎ ህጻን መን ይርድኣሉ፤ ጌና ብዕሸሉ ናብ ከልበትበት ናይ ዓለም ዝኣተወ ሕንጮል፡ ብዓቐሙ ትርጉም ህይወቱ ከናዲ ዓወንወን እንተበለ መን’ዩ ኣጆኻ ዝበሉ፤ ከም ህጻን ፍቐሪ ሰድራ ዘይረኣየ፡ ተዓንቂፉ “ቅድሚኻ ይስጥሓኒ” እትብል ኣደ ዘይብሉ ከም እዙዝ ጊላ ነቲ ክነቦ ዘይክእል ጽሑፋት፡ ከይሰልቸዎ ናብቶም ሰብ ወርቂ ሰኒ ዘብጽሕ ነጻ ፍጡር እኮ’ዩ። እዚ... ፍቐሪ ተፈጥሮ ዝወለዱ፡ ሕሰምን መከራን ዝኣሕዋቱ በዓል ብላይ ጨርቂ...ንሱ... ንጉስ ናይዛ ጸለምቲ ልቢ ዝነብሩላ ከተማ ንሱ’ዩ...። ጌና ብህጻኑ ከም ኣራዊት መሮር... ግዳም ዝምሕዳሩ። ልቡ ከም ናይ ኣንበሳ ዝምትራሩ፡ እንኮ ጅግና። እስኪ... ኣስተብህሉ ኩሉኹም ካብ ናይ ጸልማት ሰራዊት ክትሕቡኡ ሸበድበድ እክትብሉ...፡ ነታ ሓንቲ ዘይሓዝኩምላ ህይወትኩም ኣብ ቀፎ እንክትሓብኡ፡ እቲ ንጉስ ህጻን ግን... ኣብ ቃልዕ ምሕዳሩ ነብሱ ዝመነነ’ዶ ይመስለኩም፥...ኣይኮነን...፡ኣይኮነን ኣቱም ሰብ ድሑር እምነት...ንሱስ ገዛኢ ናይቶም ከም ንፋስ ዝሸቡ...፡ ኣብ ቋሕ ሰም እስትንፋስ ዝሰልቡ...፡ ናይ ድነ ሃደንቲ፡ ስለ ዝኾነ ምበር። ከምቲ ቅድሚ ብዙሕ ዘመናት... ጎይታ ናይዚ

መሬት ዝነበረ ንጉሱ፡ ኣብ ጸልማት ዝሰልጠነ ህይወቱ ንመሰዋእቲ ዝወፈየ በዓል ጻዕዳ ልቢ'የ። ናይቲ ክትህብዎ ዝግበኣኩም ፍቕሪ ዕዳኡ ኣብ ርእሴኹም እዩ ዝርከብ። ሰብ ኮይኑ....ብዘይትፈልጥዎ መዓልቲ ርእስኹም ከድንን ህሩግ ምስ በለኩም... ማዕጾ ቤትኩም ኣይክልክሎ... እቲ ጣኦትኩም ዝኾነ ገንዘብ ኣይሰርየ... ዓታሩታትኩም ሓማሺሹ... ልብታትኩም ደማሲሱ...፡ ናብ ሩባ ባቢሎን ከም ሓሙኽሽቲ ክንስንሰኩም እዩ። ንሱ... እቲ ህጻን። "ተፈጸመ።"ዝብል ኣንቢቡ ኣዒንቱ ናብ ሰም'ቲ ደራሲ ለኣኸን፡...ንዝረኣዮ ምእማን ሰኣነ፡ "ዳዊት ማሪቆስ..." ኣድመጸ። ብፍረ ድኻሙ ድማ ኣዘዩ ተሓጎሰ። እንተኾነ... እቲ ዘንበቦ ጹሑፍ ኣእምርኡ ኳሕኩሐ፡ ዘሰንብድ ስእሊ ፈጢሩሉ ድማ ልቡ ብዕጽፊ ክትሃርም ተሰምየ።

ምዕራፍ ሓሙሽተ

ፍርቂ ለይቲ

ሚያዝያ 03 12:12 **ድ.ቐ**

“ሃይ ሲስተር...ሎሚ ደኣ ስራሕ የለን ድዩ፧” ዘይኑ፡ ነታ ኣብ ጎደና ዝረኸባ ነርስ ከም ዋዛ ሓተታ። “ኣሎ’ምበር ግን ሎሚ ናይ ፍርቂ ለይቲ ተረኛ ስለ ዝኾንኩ ግን...ናይ ምሸት ኢየ ዝኸይድ”። “እሞ ፍርቂ ለይቲ ሓደ ጋሻ ክንሰደልኪ” ፍሸኽታ ኣሰንዩ ተጻወታ። “እዋእ... ጸገም የለን ንሕና ከኣ ሓኪምና ንሰዶ...” ንሳ’ውን ብግደኣ መለሰት። እናሰሓቑ ናብ ነንበይኑ ኣንፈት ጉዕዞኦም ቀጸሉ። ደሃይ ናይ’ታ ካብ ወጻኢ ዝመጸት ናይ ንእስነት መታዓብይታ ዝነበረት ሓፍቱ ዘይምሕታታ ቅር ከይብሎ ተሰከፈት። ኮይኑ ግን ትርጉም ኣልቦ ኮይኑ እዩ ተራእይዋ። ኣብ ዕዳጋ ስለ ዝወዓለት ዝሸመተቶ ንብረት ኣቀሚጣ፡ ንእሽቶ ድሕሪ ምዕራፍ ናብ ኣኮኣ ክትከይድ’ዩ ሓሳባ። እቶም ካብ ትነብረሉ ቦታ ምሕድግ ኢሎም ዝነብሩ ኣኮኣ ኣቦይ የውሃንስ፡ በዓል ዝናን ክብርን እኳ እንተኾኑ ውሉድ ዝበሃል ኣይነበሮምን። ነተን ከም በዓልቲ እንዳኦምን ጓሎምን ዘሐንቀቕወን በዓልቲ ቤቶም፡ ንሰን እየን ኩለንትንኦም ዝነበራ። ዓለም ኣርኪባተን

ካብዛ ጎኖም ካብ ዝፍለያ፡ ዋዕዋዕታን ጸወታን ጸምይዎም ከንቱነት ናይ ዓለም ክፈታተኖም ጀሚሩ። እተን ዝኣልዮኦም ዝነበራ ንእሽቶ ሓፍቶም እንተኾና'ውን፡ ዓለም ከም ዝጸልኣቶም ንዕአን'ውን መንጢላቶም። እዞም ብኹሉ ዝተወጽዑ ኣቦ፡ ብገንዘብን ዝናን ፍቕርን ህይወትን ዝዕደግ እንተዝነብር፡ ዓሰርተታት ከምተን ዘፍቀርወን በዓልቲ ቤቶም ለዋህ ሓፍቶም ምገዝኡ። እታ እንኮ ዘላቶም ትርፊ ዝርካቦም ሰብ ድማ እዛ ትናብዮም ዘላ ጓል ሓብቶም'ያ። ንሳ መተካእታ ፍቕሮም፡ ደባሲት ሓዘኖምን እንኮ ናይ መንፈስ ውላዶም እያ። ዘመን ከይሓሰመ ብግዚኡም ክብርን ጣዕሚ ህይወትን ሕልፊ ሰቦም ኣስተማቒሮምን፡ ኣማሓዲሮምን፡ እዮም። ግዜ ኣርኪቡ መዘንኡም በብሓደ እምኒ እንክጸቕጦም፡ ንበይኖም ሞት ፈንፊናቶም። "ኦ'ጌታ ንብረትካ ኣክብ ...ኣይ!" እትበል ሓረግ ኩሉ ግዜ ዝደጋግምዋ ቃል'ያ።

ብግዜ ንእስነቶም መኮንን ናይዛ ከተማ ኢዮም ኔሮም። ኣብ ምሉእ ዕምሪ ስርሖም፣ ክብረቶም ዝትንክፍን ስሞም ብሕማቕ ዘልዕልን ኣይነብረን። እቲ እናሻዕ እንክዝክርዎ ዘስቀርቀሩሉ ግን፡ ሓደ'ኳ ስሞም ዘጸውዕ ሓድጊ ብዘይ ምትራፎም እዩ። ሽሕ'ኳ እቲ ናይ ምውላድ ጸገም ካብኣም እንተነበረ፡ እተን ካብ ቁልዕነት መተዓቢቶም፡ መሓዝኣም ደሓር ድማ በዓልቲ ቤቶም ዝኾና ሰበይቶም፡ ብልባዊ ፍቕሪ ብእምነት እየን ክሳብ ዕለተ ሞተን ኣብ ጎኖም

ምስ ቃል ኪዳነን ጸኒዐን። ከየስተማስሉ እናተዋዘዩ፡ ከይሓርቁ እናሰሓቓ ኮታ ልዕሊ'ቶም ዝወለዱ ከም ዝሕጎሱ ዝገበራ በዓልቲ ፍቕሪ ንሰን እየን። እዞም ዝበልዎ ባይታ ዘይወድቅ ኣቦ፡ ነተን መሰዋእቲ ዝከፈላ በዓልቲ በቶም፡ ድሕሪ ሞተን እውን እንተኾነ ምውዓሎም ምስአን እዩ። ዕዳኡም ከራግፉ እሞ ከሕጉሰወን እዩ ትምኒቶም። ኣብዚ ምስ ህሉው እንተኾነ'ውን ፍቅሪ ዘይርከቦ ዘመን፡ ንሶም ግን ምስ መቃብር ፍቕሪ ኣዕዚዞም ይርከቡ። ኣብቲ ፍቕሮም ዝተቐብራሉ ቤተ መቓብር ናይዛ ከተማ እምበኣር ብዘይ ክፍሊት ብናቶም ፍቓድ'ዮም ከም ዋርድያ ዝሰርሑ። ምውዓሎም ምስአን ምሕዳሮም ምስአን እዩ። ምስ ሰብ ንክሕወሱን ከብዶም ንክፈቕዱን ኢዮም ቤቶም ዝመላለሱ። ኣብቲ መቓብር ዝኾነ ዝርብሸ ኩነታት ወይ ክብሪ'ቲ መቓብር ዝትንክፍ ጸላኢኦም እዩ። ከም መኮንን መጠን ተሪር ዋላ ይኹን ደኣምበር ብፍቕሪ ሰበይቶም ዝተዓንገሉ ለዋህ እዮም።

2:02 ድ.ቐ

"ከመይ ውዒልካ'ቦ... ሎሚ ደኣ ቀዲምካኒ፧" ኢላ ግንባሮም ሰዒማ ንውሽጢ ክሸነ ኣተወት። እቶም ጸሓይ ናይ ቀትሪ ንክጽለዉ ኣብቲ ገፊሕን ምዕሩግን ቀጽሪ ዘወርወር ዝብሉ ኣኮኣ፡ ከምኡ ጌራ ሰላም እንክትብሎም ልቦም ብናፍቐት ተመሊኡ ንብዓት ቁጽርጽር እዩ ዝብሎም፡

“ኤእ...ክሳብ መኣስ ደኣ ክትጽበይኒ... ኣቲ ጽላለይ” ብሕንቅንቕታ መለሱ። ህይወትን ዕድልን ናይ ኣኮኣ ኩሉ ግዜ’ዩ ዘሕስባ። ኣኮኣ ብሕሉፍ ይኹን ብዘለውዎ ኣማሪሮም ዘይፈልጡ ናይ ምስጋና ሰብ እዮም። እቲ ዕለታዊ ንዕኣም ክትኣሊ እትመላለሱ፡ ከም ድኻም ሓሲባቶ ኣይትፈልጥን። ግዜ ዕረፍታ እንተኾነ’ውን ነቲ ዘይምኖ ዕላል ታሪኽ ህይወቶም ምስማዕ እያ እትብህግ። “ኣቲ ምጽላለይ፡ እዛ እስቶማኮይ፡ ኣዋሪዳትኒ’ምበር፡ ገለ...ካብቲ ስራሕኪ መድሃኒት ዘይተምጽእለይ” በልዋ ናብ ልዳት ናይቲ ምስሐም እትቐርበሎም ዝነበረት ክፍሊ እናቐረቡ። ምጽላል ብድንጋጸ፡ “ኣንታ’ቦ...፡ ብዙሕ ስለ እትሓስብን እትጭነቐን እኳ’ዩ...፡ ከም ቀደምካ’ባ ተመስገን በል፡ ደሓር ከኣ ከይተመርመርካ መድሃኒት ጽቡቕ ስለ ዘይኮነ...ጽባሕ ክትረኣ ክወስደካ እየ...”ትብሎም። ከም ዝፋቐሩ ኣቦን ጓልን ብሓባር ድሕሪ ምምሳሕ፡ ከምቲ ወትሩ ዝገብርዎ ናብቲ ቤተ መቓብር እዮም ዝጎዩ። ከምቲ ነብሶም ዘወንገሉ፡ ንበዓልቲ ቤቶም ከዕልሉ እዮም ዝብህጉ። “በሊ...ናብ ቤተይ በጺሐ ክመጽእ፡ እንታይ ክብለልኪ...፧” ከም ህጻን፡ ናብታ ምውቲ ኣዲኣን ሰበይቶምን ዝበጽሕ መልእኽቲ እንተለዋ ብልቢ ይሓትዋ። “ብልቢ የፍቅረክን’የ ኢልካ ስዓመለይ” ኢላ ፍሽኽታ ኣሰንያ ተፋንዎም። እቶም ድሮ ልዳት ናይቲ ቀጽሪ ዝበጽሑ ናይ ቀደም መኮንን፡ ገለ ከም ዝረሰዑ ንድሕሪት ተመለሱ። ነታ ድሮ ኩተጸራረ ጀሚራ ዝነበረት ጓል ሓፍቶም ብምጽዋዕ፡

“ያእ...ኣቲ ጽላለይ፡ ካን ኩላህና መርዓኺ ከይረኣና ክንመውት፤ ንዒ’ባ... በሰላይ ዝድብሰ ውላድኪ ክርኢ ተመርዓዊ” ብዘሕዝን ቃና ተዛረብዋ። እዛ መዓልታዊ ከም ሰላምታ ዝደጋግሞዋ ለበዋ ከተሰምር ከይደቀሰት ዝሓደረትሉ እዋናት ውሑድ ኣይኮነን። እቲ ንሳ ትምነዮ ወዲ ግን፡ ከም ኣኮኣ ብልሂ ክኸውን እያ ትደሊ። “ኣታ’ቦ እሞ ንስኻ ትሕንሰሉ ባዕልኻ ዘይተምጽኣለይ” በለቶም። “ዘመኑ እንድዩ ዘይኮነ’ሞ፣ ደቂ ሎሚ...ባዕልና በሃልቲ፡ ደሕር ከኣ...ምሳኺ ዝነብር’ዶ ምልላዩ ሰኢንኪ፤ ሕራይ ደኣ በልኒ’ዛ ጓለይ...”። “ሕራይ ብቃ ደሓን ኣይትሕሰብ ኣቦየ” ከተረጋግኦም ፈተነት፡ “ጽናሕ በል ኣላዒለ ወዲኦ እየ። ክሳብ ሰራሕካ ምሳኻ ክኸይድ...፡ ሎሚ ድራር ባዕልኻ ኢኻ ክትድረር፡... ኣዳልየ ቀሪበልካ ኣለኹ”። ማዕጾ ዓጸጽያ ኢዶም ሒዛ ምስኦም ተሳለየት። “ኣየ ጽላለይ፡...ክልተ ሓዳር እምበር ኮይኑኪ...እዚ ሰራሕኪ ከኣ የድክመኪ ይህሉ እንታይ ክትገብሪ፣ ኩሉ ኣብ ዝባንኪ ኮይኑ፡ እንታይ ክግበር...”፡ “ኣቦየ ከምኡ እንዶ ኣይትብል፡...ንስኻ ኣለኻኒ ልዕሊ ኹሉ። እንተ ንስኻ ግን እዚ ሰራሕ የድክመካ ከይህሉ፤”። “ኣ...ይ ደይ መንቀሳቐሲ ክኾነኒ ኢለ እንድኣለይ፡ ነብሲ ሸማግለ ኮፍ እንተይሉ... ከኣ ግናይ እንድዩ፡ ኣልዕሉኒ ኣንብሩኒ’ዩ ዝብል” ሰሓቑ። “ሱቐበል ደኣ ንሱስ ተፈሊጥካ ኢኻ...፡ ምእንቲ ሰበይትኻ ከይጽምዋ እምበር ፈቲኻ’ዶ” ከም ዝኾረየ ህጻን ተኾርነፈት፡ ሓቢሮም ድማ ናይ ልቦም ሰሓቑ። ዕላል መቂሩዎም ድማ

ጉዕዞኡም በቲ መናፈሻ እናሰንጠቑ ቀጸልዎ። እዞም ሸማግለ፡ ነዛ ጽላሎም ዝኾነት ጓል ሓፍቶም ዝገብሩላ'ዩ ዘጠፍኡም፡ ገለ እንተ ገበሩ፡ ገለ እንተወሰኹ ኣይስልክዮምን እዩ። ንሳ ግን እቲ ሓሳቦም ጥራይ'ዩ ዘዕግባ፡ ሎሚ'ውን እንተኾነ ብፍሉይ ቃል ኣተውላ። ነቲ ሒዛቶ ዘላ ሞያ ሕክምና ከተማዕብሎን ብዕቱብ ክትሕዞን ናይ ወትሩ ምዕድኡም እዩ።

ሚያዝያ 04 12:12 ቅ.ቐ

"ኣታ ኣምላኽ...፡ ነደይ ንበይና ክገድፋ፡ ጻምኣ'ኳ ዘይፈደኹዋ። እዚ ኩሉ ደባሲ በሰላታታን ቁሰላን ክኸውን ንዓይ ሂብካያስ...ብዘይ ትርጉም ክትወስደኒ። ኣይትውዕሎን ትኸውን ግዲ...፡ ኣደይ'ሞ... ቀባርየይ ንስኻ ኢኻ እያ ትብለኒ። ወድኺ ሞይቱ... ከም ጨርቂ ጠፊኡ ምስ ዝብልዋ እንታይ ክትብል'ያ፡ ኣየ'ደይ ሸኮር... ኣብ ትሕቲ ሬሳይ፡ ኣኻውሕ ከይኩርኩሓኒ መንጸፈይ ምኾነት ነይራ። ኣብዚ ጽምዋ ደኣ'ሞ፡ ድሕሪ'ቲ ዝኸሓዳ ወዳ እንታይ ክትገብር...፧ ትርጉም ምንባረይ እኮ ንዓኣ'ዩ... ኣደይ'ኮ ድሕሪ ኩሉ'ያ። ሃንደበት መልኣከ ሞት መጺኡ እንተዘይወሰደንሲ፡ ንግሆ ንግሆ ምስኣ መዕለልኩ ነይረ። ኣሕ... ኣታ ፈጣሪ፡ በጃኻ...ወይ ኣነ...በጃኻ'ባ ኣታ ኣምላኽ፧"። ህላውነቱ ቀቢጹ፡ ብዛዕባ ድሕሪ ሞት ዝስዕብ ኩነታት ዘህተፍተፍ ዘሎ ሰብ እዩ። ልስሉሳት ኣእዳው ኣብቲ ሓመድ ዝተጸየቐ መዓንጉርቱ ኣንጠብጠቦኡ፡ ሃለዋት ድማ ክመልስ ጀመረ። ብቐስታ

ኣዒንቱ ከፊቱ ዘይንጹር ስእሊ ክወስድ ፈተኑ። “ብርግጽ ገነት’የ ዘለኹ” ጻዕዳ ዝተኸደኑ መላእክቲ ነዚ ጋሻ ክቕበላ ላዕልን ታሕትን ክብላ ብዝተዓዘበ፣ ፈጣሪ ማዕረ ክንደይ ከም ዝፈትዎ ክሓስብ ጀመረ። ብፍላይ ሓንቲ ካብተን መላእኽቲ ዝቕየሐት፣ ብተደጋጋሚ ብጥዑም ቃላት ከተጸናንየን፣ ክትሕግዞን ትፍትን ብምንባራ ንዕኡ ኢላ ዝተፈጥረት መሰለ። “እዋእ... ኣብ ገነት’ከ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ኣሎ ድዩ፧ ወይስ ብጸሎት ዝሰራሕ ኣንፑል’ዩ’ዚ፧” ተደነቐ። ኣብ ምድሪ እንከሎ ብዘይ ፍርዲ ገነት ከም ዘይእቶ’ዩ ዝሰምዕ ነይሩ። ሎሚ ግን ንዑኡ ሕልፍነት ተገይርሉ፣ “ዕድለኛ’ዩ”። “ይቕሬታ...ስምዕኒ መልኣኽ፣ በጃኺ’ባ ነደይ ኣራኽብኒ... ዋላ ንሓንቲ ደቒቕ ወይ...ወይ ከኣ ቁጽሪ ስልካ ውሰዲ እሞ፣ ኣብ ገነት ከም ዘለኹ ሓብርያ።” እንታይ ደኣ፣ ኣብ ገነት መብራህቲ ካብ ሃለወ ስልኪ’ውን ኣይሰኣንን’ዩ በሃላይ እዩ። እንተ’ታ መልኣኽ፣ ቡቲ መብረቕ ዝመስል ኣስናና እንትርፎ ፍሸኽታ ሓንቲ’ኳ ኣይበለትን። ከምቲ እታ ዘፍቅራ ወላዲቱ፣ ብግዜ ህጻንነቱ እንክሓምም እትገብረሉ ምክንኻን፣ እዛ መልኣኽ’ውን ናይ ገነት ኣዴኻ ኣነ’የ እትብል ዘላ ክትመስል፣ ብእንግድዕኡ ደጊፉ ገለ ጻዕዳ ነገር ኣብ ኣፉ ሰኩዓ ፈውሲ ጽምኢ ማይ-ገነት ኣስትየቶ። ብዕድሉ ሕጉስ’ዩ ዝንበረ፣ መላእክቲ ርእዩ፣ መግብን ማይን ናይ ገነት ጥዒሙ። ሓንቲ ግን ጎዲላቶ... ወላዲቱ።

12:00 ቅ.ቀ

“ሲስተር....፣ እዚ ሕሙም ድኣ፣ ህጹጽ ረዲኤት ዘድልዮ’ዶ ይመስለኪ፧” እታ ተሓጋጋዚት ናብ ሓደ ኩርናዕ ናይ ክፍሊ ጸዊዓ ኣማኸረታ። እታ ነርስ ግን፣ “እዚ ብስንባደ ወይ ሃንደበታዊ ነድሪ ዝፍጠር ግዚያዊ፣ ድሕሪ ናይ ሃለዋት ምጥፋእ ዝኽሰት ምምዝባል’ዩ። ብዙሕ ዘሸግር ኣይኮነን... ካብቲ ሓደስቲ ኣፋውሰ’ሞ ኣቐብልኒ” ብምባል ናብቲ ዘህተፍትፍ ዝነበረ ሕሙም ተጸግዐት፣ ብጥንቃቐ ክሳዱ ኣቐኒዓ ድማ መድሃኒት ኣውሓጠቶ። ሰዓት ናይዚ ሕሙም ክትፈትሓሉ ኣብ ዝፈተነትሉ እዋን፣ ገለ ነገር ትዝ በላ። ንዘይተፈልጠ ደቓይቕ ድማ ዝን በለት። “እሞ ፍርቂ ለይቲ’ስ ጋሻ ክንሰደልኪ” ዝብል ዘረባ ኣብ ኣእምሮኣ ተቓልሐ። ኣብቲ ዝተባህለ ናይ ዋዛ ሰዓት ተሓካማይ መጺኡዋ። ከም ቃላ ድማ ሓኪማ ንክትሰዶ እዩ፣ ድንግርግር በላ ኣጋጣሚታት ድዩ፣ ዋላስ፧ ንሳ’ውን ክትምልሶ ዘይከኣለት ሕቶ እዩ። ፍሉይነት ናይዚ ጋሻ ፍርቂ ለይቲ ግን ገለ ነገር ፈጠረላ። ማዕረ ክንድ’ዚ ፍቕሪ ወላዲት ዘለዎ ሰብ ርእያ ኣይትፈልጥን። ኣዒንቲ ናይቲ መንእሰይ ድሕሪ ዝተወሰነ ቋሕ ሰም ተኸድና። እታ ኣላይት ሕሙማት ድማ ናብ ካልእ ስርሓ ኣበለት። ምስሊ ናይቲ ሕሙም ዘይሓደሳ ነርስ፣ ገጻት ተዘክሮታታ ክትምርምር ፈተነት። መልሲ ከም ዝረኸበት ከኣ

ንበይና ፍሸኽ በለት። ንኣኮኣ ኣፋንያ ኣብ ትምለሰሉ ዝነበረት እዋን፡ ሃንደበት ዝተጋጨወቶ ሰብ እዩ ኔሩ። ብትሕትንኡ፡ ኣዘርራርብኡን ኣካይድኡን ተመሲጣ ክሳብ ዝርሕቓ ዝተዓዘበቶ መንእሰይ። ነቲ ሰልኪ ደዊሉ ሓገዝ ዝሓተተ ህጻን ድማ ተዘከራ። እቲ ህጻን፡ ቤት ኣልቦ ክንሱ ብናይ'ቲ ግዳይ ተንቀሳቓሲት ሰልኪ ጌሩ'ዩ ተሓባቢሩዎ። ብድሕሪኡ'ውን እንተኾነ ንብረት እቲ ሕሙም ነዛ ነርስ'ዩ ኣረኪብዋ ከይዱ። እንታይ ሒዝዋ ዘይሓተቶን ክትሕግዞ ዘይምፍታናን ኣጣዓሳ። ከም ተረኛ መጠን ናብዘን ናብትን ክትብል ወጋሕታ ኣርከቡ። ደሃይ ናይቲ ሕሙም ንምግባር ከኣ ናብታ ክፍሊ ኣተወት። ድሮ ተበራቢሩ፡ ኣብ ሓሳብ ጥሒሉ ጸንሓ። ቁሊሕ ኢሉ ኣብ ዝተዓዘበሉ፡ እታ መልኣኽ ናይታ ለይቲ ብዙሕ ኣይተቐየረትን እንተ እቲ ክፍሊ ግን ካብ ገነት ናይ ሰማይ ናብ ሆስፒታል ናይ ምድሪ ተለዊጡ ምሕዳሩ ኣደነቐ። ድሕሪ ሓጺር ዝርርብ ድማ፡ ናብ ዓርኩ ደዊላ ኩነታቱ ሓበረቶ። እቲ ዘይደንጎየ ዓርኩ ሸበድበድ እናበለ መጸ። ከምቲ ዝፈርሖ ሰለ ዘይጸንሖ ግን ነዊሕ ኣስተንፈሰ። እታ ነርስ ድማ ገዲፋቶም ናብ ካልእ ክፍሊ ከደት።

12:30 ድ.ቐ

እቲ ብዓይኑ ዝስሕባ ዝነበረ ጎበዝ፡ ክትሰዕሞ'ኳ እንተተምነየት ሞያኣ ዘፍቅደላ ሰነ ምግባር ብዘይምኳኑ፡ ቁጽሪ ስልካ ሂባቶ ምስ'ናይ ሰናይ ምንዮታ ናብ ኣኮኣ ተበገሰት። ኣብ ሓንጎላ ዝመላለሱ ጽቡቓት ሓሳባት ምስ ነብሳ ከም እትሓፍር ገበራ። ጸሎት ኣኮኣ ዝተሰምዐ መሲሉዋ ድማ ልባ ብሓጎስ ተመልኣ። ብፍሱህ ጉዕዞ ድማ ናብ'ቲ ቤት ብዝበጽሐት ተወሳኺ ሓጎስ እዩ ጸኒሑዋ፡ እቲ ዳግማይ ንክትርእዮ ዝተመነየት ህጻን። "ጽላለይ፡ ከምይ ውዒልኪ፧... እዚ ጋሻና ከኣ ኒሞ እዩ ዝበሃል...ወዲ'ዚ ከተማ..." ዘረብኣም ከይወድኡ፡ "እወ... ንፋለጥ ኢና፡ ክረኽቦ ዝደሊ ህጻን እዩ" በለት። ኣብ ሞንጎ ስልካ ክትጽውዕ ጀመረት፡ እቲ ዝተጸበየቶ ሰለ ዝነበረ፡ ግልል ኢላ ክትዛረብ ኣልገሰት። "በቃ ሕራይ ጽባሕ ንራኸብ፡ ባይ" ፍሽኽሽኽ እናበለት ናብቶም ዝጸናጸንዋ ዝነበሩ ተዓዘብቲ ተመለሰት። ኩነታቱ ዝተረድኦም ኣኮኣ፡ ሓጎሶም ኣብ ኣዒንቶምን ዝተጨማደደ ቀርበት ገጾምን ይንበብ። ዕላል ተጀሚሩ፡ እቲ ዘይጋየሽ ህጻን'ውን እንተኾነ ከስሕቆምን ከም ወዲ ገዛ ክእዘዝን ጀመረ። ቅድሚ ምሳሕ ዝሓተትዎ ሕቶ፡ ዕድል ብምሃብ ድሕሪ ምሳሕ ደገምሉ። ንሕትኦም ብእወታ መለሰሎም። ሓጎሶም ምቁጽጻር ስኢኖም ከም በዓል ወራይ ተንሲኦም ክስዕሰው ጀመሩ። እታ ንፈለማ እዋን ፍሉይ ሓጎስ ኣኮኣ ዝረኣየት ምጽላል ድማ ካብ

ምስዓቦም ኣይሓመቐትን “ሓጎስ ተመሊሱ፡ ፍቐሪ ተመሊሱ...”ብዓውታ ደበሉ።

ሚያዝያ 03 11:55 ድ.ቐ

ኣብ ማእከል እቲ ቤት መቓብር እህህታን ሕሹኽሹኽታን ሰሚያም ካብታ መጽለሊቶም ዝኾነት ብሓደ ኩርናዕ እትርከብ ጸባብ ክፍሎም ወጹ። ኣቐዲሞም ኣምቡላንስ ከተእዊ’ኳ እንተሰምዑ ንሕማቐ ኣይሓሰቡን፡ ገለ ቅልውላው ዝሓዛ ነብሰ ጾር’ያ ትኸውን ብምባል እዮም ደምዲሞም። እዚ ዝሰምዕዎ ድምጺ ግን ኣብቲ ብስርዓት ዝከናኸንዎ ገፊሕ ቀጽሮም እዩ። ክንደይ ኩናት ዝመርሑ፡ ከብሕታትን መናድቐን ቤቶም ብናይ ጅግንነት መዳልያታትን ናይ ክብሪ ማዕርጋትን ዝተተኽተኸ ቀራጽ ሸማግለ እዮም። ነታ ምስኣም ካብ ትላለ ብዙሕ ዘይገበረት ምርኩሶም ጨቢጦም፡ ኣዒንቶም ብብርሃን ወርሒ ተሓጊዘን ናብ ማእከል መረሕኦም። ዝረኣይዎ ምእማን ስኣኑ፡ “ ለካስ እዛ ኣምቡላንሳ...ነዛ ጽልልቲ ደልያ እያ” ድማ በሉ። ጸልማት ለይቲ ጥዕና ዘለዋ ጓል ሄዋን ክትንቀሳቐስ ኣይገመትዎን። እንተሰምዓቶም ብምባል ድማ ብቐድሚኣ ቀሪቦም፡ “ዛ’ጓለይ ተንስኢ.... ቤትኪ ኪዲ’ሞ ነብስኺ ተሓጸቢ” መልሲ ኣይተጸበዩን። እታ ስርኤል’ውን ኣየዳገመቶምን። ካብ ዝነበረቶ ተላዒላ ደኒና ካብቲ ግዝኣቶም ወጸት። ብዝናብ ይሰድዋ ብምንባሮም እኳ እንተ ዘይተሓጎሱ፡ ከምዚ ከምናቶም እተፍቅሮ ሃልይዋ ዕዳኣ

እትከፍል ከይትኸውን ሓሰቡ። እቲ ጀሚሩ ዝነበረ ካፋ፡ ቁሪ ከይገብረሎም ብምስጋእ ሰላሕ ኢሎም ናብታ ክፍሎም ኣምርሑ። ኣብታ ወንበሮም ኣብ ዝተጸግዕሉ እዋን፡ ብድሕሪ እታ ክፍሊ ዘሕነቕንቕ ድምጺ ኣብ ኣእዛኖም በጽሐ። "ኣታ ፈጣሪ ኣብ ፈተና ኣይተእትወኒ...፡ እዛ ስርኤል መጽለሊ'ያ ደልያ...ኤፐ"፡ "መን ኢኻ'ንታ...፧ ኣንታ ህጻን ድዩ'ታ ኣንታ ቆልዓ፧" ካብ ክፍሎም ወጺኦም በቲ ሓጹር እናቋመቱ። እተን ምስ ጉብዝንኣን ዝነበራ ደቀቕቲ ኣዒንቶም፡ ዝርኣይኦ ክኣምንኦ ተጸገማ። "ይፍተን ከይህሉ'ሞ...ንበዓልቲ እንዳይ ከየቐይም... ንዓ...ንዓስኪ ዝወደይ፡ ወይ ኣነ ወደይ... ገዛ'ዶ የብልካን'ዩ፧ ንዓ'ሞ ካብዚ ማይን ቁርን ኣልግስ። ናብዛ ቤት እቶ" ብሓልዮት ሒዞሞ ኣተዉ። እቲ ዘንቀጥቀጥ ህጻን ከብዶም ሰለ ዝበልያም፡ ካቦቶም ኣውጺኦም ከደንዎ። ምናልባት እንተረስያ ብምባል ዕላል ከፈቱ። ዘይተጸበይዎ ህጻን ከብሒ ምስጢር ናይዛ ከተማ ኮይኑ ረኸብዎ። ብዙሕ ምዝራብ ዘይፈቱ ክንሱ ምስዞም ሓድሽ ዓርኩ ግን ተሃኑ ከውጽእ ደለየ። ለይቲ በየን ወጊሓ ኣይተረድኦምን። ታሪኾም ተለዋዊጦም፡ ኣብ ሓደ ለይቲ ምስጢሮም ከም ክልተ ኣዕሩኽ ተናገሩ። ነዞም ሽማግለ ዝመጸቶም ሓሳብ፡ ብተደጋጋሚ ኣከማስዕዎ። "ትኽክል...እ፡ስምዓኒ ኒኖ ወደይ..." ኢሎም ዘረባ ጀመሩ። "ባባ ዮሃንስ... ኒኖ ኣይኮነን፡ ኒሞ እዩ ስመይ" በሎም እናሰሓቑ። "ደሓን ኩሉ ሓደ፡ ኒሞ ወደይ... ምሳይ ጨና ዘይትኾነኒ። ውላድ ትኾነኒ

ወላዲ ይኾነካ። ኣብ ገዛና ከኣ እታ ዘዕለልኩኻ ፈቃር ጓለይ ኣላ።" "ደሓን ንኺድ እሞ ሕጂ ገዛ ምሳይ ኢኻ ትውዕል" ኢሎም ብኢዱ ሒዞም ናብ ቤቶም ገስገሱ። ኒሞ፡ ገጹ በሪሁ ብሕጉስ መንፈስ ደጊፍዎም መንገዶም ቀጸሉ። ክልተ ሜፋት ናይ ዕድመ፡ ኣዕሩኽ ናይ ፍቕሪ።

ምዕራፍ ሸዱሸተ

ሸፍታ 05

ሚያዝያ 03 3:33 ድ.ቐ

ኣብ ሓምላይ ቀጽሪ፡ ብዝተፈላለየ ሸነኻት ኣብ ዝርከቡ ናይ ዓረ መናብር ኮይኖም ወጃዕ ዝብሉ ዝተፈላለዩ ዓይነት ሰባት፡ ኣብ መዓሙቐ ዕላላት ከም ዘለዉ ዘከራኽር ኣይኮነን። እቲ ብግቡእ ብዘዓበየ ሮማዲን ዕንባባታትን ዝተፈላለየ ዓይነት ዕሙራት ኣግራብን ምስቲ ብጥበባዊ ኣገባብ ዝተሃንጸ ክፋት ቀጽርን ተወሃሂዱ ፍሉይ ባህታ'ዩ ዝፈጥር። ዋላ'ኳ ጻዕቂ በጻሕቲ እንተሃለውዎ ጸጥትኡን ጽባቐኡን ግን ዝጎድል ኣይኮነን። " ሂቲተይ... ኣነ'ኳ ብጥእዕሚ'የ ዘፍቅረኪ፡ ኣብ ሂወተይ ምሉእ... ብዘይካ ንስኺ ካልእ ጓል ከፍቅር እኳ'ኤ ዘይክእል...፡ምሽ ኣለኪ...." ይቐጽል እቲ ብጸጋማይ ወገን ምስ ሓንቲ ጓል ሄዋን ኣፍ ንኣፍ ተዋሃሂቡ ሕሹኽሹኽ ዝብል ጎበዝ። "ኣንታ ወዲ እዚ ሰብ'ዚ እኮ...ነዛ ከተማና ኣናዊጹዋ፡ ካብ ከርስታታ ሓሳባት እናዘመተ..." ይብል እቲ ምስ ሓደ መዘናኡ ዘዕልል ናይ ሕሜት ሰብ። "ግደፎ'ባ...፡ ንስሙ ኢሉ እንተዝሰርሕ'ኳ ደሓን...እንታይ'ዩ ሸፍታ ባዶ ሓሙሸተ፡ ሸፍታ'ባ። መን... ለጋስ ከይብሎ ፈሪሑ'ዩ"

የሳውር እቲ ካልእ መጣቐሲ። “ስለዚ ምጽላል ጓለይ፡ እዛ ናይ ዶክትረይት ትምርትኺ እንተወዲእክያ፡ ሓንቲ ህያብ ኣዳልየልኪ ኣለኹ...”፡ “እውይ ኣቦየ... ቴንኪዩው” ኢላ ሰዓመቶም፡ እቶም ከም ፍቐራት ኢድ ንኢድ ተታሓሒዞም ሰለይ ዝብሉ በጻሕቲ ናይዚ ለዋህ ሰፍራ። “ስምዓኒ...፡ ኣነ’ኮ ሓወይ ኢለ’የ ክሳብ ሕጂ ተዓጊሰ እምበር...”ተገቲሩ ሸምጡ ሐዙ ኣንጸርጸረሉ፡ ነቲ ብኮፍ ደኒኑ ዝነበረ ሰብ። እቲ ዕባራ ሰብኣይ ነቲ ሃዝራጥ ጉሒላ ዝብሎ ኣይነበሮን፡ እንተ’ቲ ጉዳዮም ግን ነቲ ሸፍታ ይምልከት እዚ ሸፍታ’ዚ ምናልባት ኣብዚ መናፈሻ ተወሊዱ ክኸውን ኣለዎ ዝብሉ ብዙሓት’የም። ንእንታይነት ስሙ ዝዝርዝሩ ግዱሳት ሰብ መልሓስ፡ “ሸፍታ ባዶ ሓሙሸተ ማለት...፡ ነታ ቅድሚ ብዙሕ ዘመናት ኣብዚ ቦታ ንግስቲ ዝነበረት’ሞ፡ ኣርባዕተ ደቃ ኣብ ኹናት ምስ ሞትዋ፡ ነቲ ሕሳስልደ ሓሙሻይ ውሉዳ ንኽሸፍት’ያ ኣፋንያቶ። ብድሕሪ’ዚ፡ ግኑን ሸፍታ ኮይኑ...ስለዚ ድማ’የ እዚ ናይ ዘመንና ሸፍታ፡ ሸፍታ ናይ ሓሳባት፡ ነቲ ሸፍታ ናይ ኩናት ንክመስል ዝመሃዞ ስነ ኣእሙራኣዊ ኩናት’የ...” በሃልቲ እዮም። ነዚ ሓሳብ’ዚ ዘይሰማማዓሉ’ውን ካልኦት ናይ ውሻጠ ፍላስፋታት ኣለው። “ኖእ...፡ እዚ ሸፍታ...፡ነዛ ስሙ ካብታ ምዕብልትን ብልጽትን ናይ ተዋሳኣይ ሳሙኤል “ሓሙሻይ ሰራቂ፣ ካብ እትብል ፊልም ዝረዓማ እየ” ኢሎም ይማነቱ። እቲ ዘሕዝን ግን እዚ ኩሉ ልዑልን ምስጢራውን ዝተራቐቐ ሕሜት ካብ እዚ’ዚ

ሸፍታ ዘይክወል ምኻኑ'ዩ። እቲ ጽውያ ናይቶም ሰብ ቀምሸጢ ዝሰመዮም ሰባት ብተዘዋዋሪ ብልሑ ቀይሩ። ኣንጻሮም ይውርውሮ። መጽሄት ኣብ ዘንብብሉ እዋን ኣመና እዮም ዝሸቐረሩ። እንታይ'ሞ እታ ልስልስቲ መልሓሶም ኣይተዕርፍን፡ መግናሕቲን ስነ ኣእምሮኣዊ መግረፍትን ናይ ሸፍታ 05 ድማ ኣይተርፍ። እዚ ሓዲድ ናይ ህልኽ ቀጻሊ እዩ፡ ክሳብ ሓዲኡም ዝነጽፍ። ዝበዝሑ መልእኽትታትን ጽሑፋትን ናይዚ ሸፍታ ዘርዕዱ ጠባያትን ገጸ ባህርያትን'ዮም ዝውንኑ። ነዞም ሓሜን ናይዛ ከተማ፡ ኩሉ ግዜ ተተሓሳስቦምን ዝሸቐረሩላን ሓንቲ ሓሳብ ኣላ፡ "ኣቱም ሰባት...፡ እዚ ሸፍታ'ዚ እቲ ሓቀኛ ፍጡር ኣብ ጽሑፋቱ ዘሎ ከይከውን'ሞ...ደሓር መወዳእታና ከይንከፍእ" እትብል'ያ። ነዚ ሸፍታ ደፊሩ ኣነ ይፈልጦ ዝብል ወይ ብግምት ዝዛረብ የለን። ዋላ'ቶም ጠንቀልቲ ናይ ሓሳባት። "ናብዛ መጽሄት ናይዛ ከተማ ደኣ ብኸመይ ያኣቱ፡ ንዝብል ሕቶ'ውን መልሲ ኣይተረክቦን። ምኽንያቱ መዕለቢ ስለ ዘይብሉ፡ ዋላ እንተ ተፈለጠ ውን፡ ደርቐን ቅልውላውን ናይ ሕሜት ከየጋጥም ስግኣት ኣለዎም።

"ናይ ብሓቂ ዝንኣድ ስራሕ...፡ ኣነ ደኣ ማዕረ ክንድኡ ዘይትመስለኒ ኔርካ..." በለ እቲ ቀይሕ ቀጢን ሰብኣይ፡ "ብፍላይ እታ ናይ ኣብስትራክት ስራሕካ ንኢደያ" ወሰኸ እቲ ቁንጹብ ከደራይ ሰብ። እቲ ነዚ ዝሰምዕ ዝነበረ

ጨጓር መንእሰይ፡ ናይ ምስጋና ምልክት ሓደ ክልተ ግዜ ርእሱ ድፍእ ኣቢሉ መለሰሎም። እንግዶት ናይዚ ሓምላይ ቀጽሪ ክሳብ ሰዓታት እቶ እቶ ቀጻሊ'ዩ። ኣጋይሹ እንተኾኑ'ውን ናብዚ ኣብ ማእከል ከተማ ዝርከብ ቦታ ካብ ምምልላስ ኣይተርፉን። "ልሳን...ልሳን፡ መጽሄት ልሳን..." ኣቃልሐ ሓደ ቀልባዕባዕ ዝብል ሩሕ ዘይብሉ ቀልዓ። "ክንቲት...፡ ኣታ ቀልዓ...ንዓስክ" ዝብል ሃዳዲ ጻውዒት ድማ ብሓደ ኩርናዕ ይስማዕ።

3:03 ድ.ቐ

ኣዝያ ምልክዕቲ ጎርዞ፡ ኣብቲ ሸኻ ኣሳፈሓ ሓንቲ ቀይሕ ዝሕብራ ንእሽቶ መጽሓፍ ከተንብብ ትረአ። ነተን ኣብ ከባቢኣ ዝዘንብያ ኣዒንቲ ኣጉባዝ ግዲ ከይገበረት፡ ተልእኾኣ ንምፍጻም ነታ መጽሓፍ ኣተኩራ ተንብቡ። እንተስ ወዲኣ ወይ ድማ ኮላፊ ሓሳብ መጺኡዋ፡ ነታ መጽሓፍ ዓጺፋ ንርእሳ ናብ የማናይ ኢዳ ኣተርኢሳ ናብ ውቅያኖስ ሓሳብ ጠሓለት። እቲ ቀንዲ ምኽንያት ነዚ ክስተት እዚ፡ እታ ኣብዛ መጽሓፍ ዘንበበታ "ኣብ ሓምላይ ቀጽሪ ርኸብኒ" እትብል ስምዕታ እያ። ቅድሚ ሳልስቲ ገይሻትሉ ኣብ ዝነበረት ዓዲ ዝረኸቦቶ ሓዋ ዝተላበዋ ቃል ድማ እዩ። ዘይከምቲ ንሳ ዝሓሰቡቶ፡ ኩነታት ካልእ እዩ ኮይኑ። ብህልውና ናይዚ ሓድሽ ሓዋ ሕጉስቲ እኳ እንተኾነት፡ ነቲ ዝሰበረቶ ልቡ ንከተክሕስ ግን ድሌት ኣለዋ። ስለ ዝኾነ ድማ'ዩ ናብዚ

ዝበላ ቦታ ዝመጸት። እታ ዘንበበታ ሓረግን፡ እቲ ብኹሉ ወገናት ናይቲ ቀጽሪ እትሰማዕ ስምን፡ ምስቲ ሓዋ ኣብ እዝና ቀሪቡ ሕሹኽ ዝበላ ቃላትን እተመሳሰላ እየን። ዓቢ ሓዋ እንታይ ክብል ከም ዝደለየ ዋላ እንተገመተት፡ ንምእማኑ ግን ኣጸገማ። ኣብ ልዕሊ ዘይትፈልጥዮ፡ ብዘሾነ መንገዲ ከይትፈርዲ ዝብል ምኽሪ ሓዋ ቀሲማ'ያ። በዚ ድማ እቲ ዝተሰምዓ ሓቂ ካብ ብሃውሪ ምውሳዱ ተቆጠበት። ኣብቲ እትነብረሉ ሃገረ ወጻኢ፡ ከም ሓዋ ዝኣመሰሉ ሰባት ብፍጹም የለዉን። ካብ ትዕዝብታ'ውን እንተኾነ፡ ኣብኡን ኣብዛ ከተማን ልብኻ ብጸሊም በለቅ ካብ ምልካይን ምሕራርን፡ ኣብቲ ንጹህ ገጠር ምንባር ዝበለጸ ምኻኑ ተገንዘበት። ብዛዕባ'ዚ ሰብ ዝዘረብ ከተዋህልል ብማለት፡ ተንሲኣ ዘወር ክትብል ጀመረት። ሓዋ ብኣካል ክረኽባ ኢሉ ከም ዘይዓደማ፡ ብሚስጥራዊ ኣገባብ ግን ንኽትፈልጦ ዘተንብሃላ ምኻኑ ተሰወጣ። ብኡኡ ድማ'ያ ንእንታይነት ሓዋ ከተንብብ ኣብቲ ተቐባሊ ጋሻ ዝኾነ ቀጽሪ ክትዝንቢ ዝፈተነት። ብዛዕባ'ቲ ዶክተር ሓዋ፡ ሕቶ ከይሓተተት መልሲ ክትረክብ ኣይተጸገመትን።

ምዕራፍ ሸውዓተ

ሰርቢ ሓጢኣት

ሚያዝያ 03 1:31 ድ.ቐ

ነዛ ከተማ ኣጎልቢቡዋ ዝነበረ ከቢድ ደበና፡ ግዜ ገና ብቐትሩ ጸልማት ዝነገሰ ይመስል። ካብን ናብን ተውዛሕዛሕ ዝብሉ ነበርታ ግን ግዲ ዝገብርሉ ኣይኮኑን። ኣብ ስራሕን ግዜን ዘለዎም ኣረኣእያ ብጣዕሚ ዝነኣድን ዘቕንእን ዋላ ይኹን ደኣ'ምበር፡ ምስ ተፈጥሮ ቃልሲ እንተዘይኮይኑ ስኒት ዘሎ ኮይኑ ኣይስሞያምን'ዩ። ስለኾነ ድማ'ዮም ነቲ ተፈጥሮ ብቋንቁኡ ዘውጽኦም ቃላት ጽን ዘይብሉ። እዞም ምእንቲ ረብሖኦም ነታ "እቲ ቀዳማይ ሰብ ምስጢር ምንባሩ፡ ስራሕ'ዩ" እትብል ስነ ሓሳብ ብዓቃባዊ መንገዲ'ዮም ዝኽተልዋ። ካብዚ ዝዓቢ ብልሒ ስለ ዘይረኣዮም፡ ምስ ኩነታት ብናቶም ፍልስፍና እዮም ዝምርሑ። እቲ ዝነበረ ሰርቢ፡ እንታይ ሒዙ ክመጽእ ከም ዝኽእል ኣይንታዮምን እዩ። ትርጉም ህይወት ንዕኦም ሰሪሕካ ክሳብ እትመውት ተሓጉሰካ ምንባር ጥራይ እዩ፡ በቃ። ብዘይ ጥርጥር፡ ምስጢር ሓጎስ እንታይ'ዩ ተባሂሎም ምስ ዝሕተቱ ነታ ቃል ካብ ምድጋም ሓሊፎም ካልእ ኣይምመለሱን። ዘሕዝን ድንቁርና

ናይዚ ወለዶ ድማ ንሱ'ዩ፡ መሰረት ናይ ምንባር ከይሃነጹ በጻብዕ ዘይቁጸር ህንጻታትን ርሻውንትን ይህድሙ። ብነድርታትን ቁጥዐን ናይ ተፈጥሮ ውሕጅን ንፋስን ከም ኣርናቢ ዘይረኸበ ብቐቡቐ ኣብ ሰማያት ይዘርዎምን ናብ መዓሙቕ የጥሕሎምን። እዞም ንግዚኡ ዝነብሩ ዘይድልዋት ኣህዛብ፡ መጻኢኡም ብትንቢቶም እዩ ዝመስሎም። እቲ ሕልፊ ሰቦም ዝጸንሖም ግኑን ታሪኽን ዘለዎም ግዙፍ ምዕባለን፡ ሕጊ ተፈጥሮ ሰይሩ ከም ባህቶኡም ኣብ ናይ ዘልኣለም ህይወትን ሓጎስን ዘንብሮም ኮይኑ እዩ ዝስምዖም። ጅባኡም ተጠርኒቑ ክንሱ፡ ዘይፈሰሰ ከማርሩ ዝውዕሉ ብቑጽሪ ውሑዳት ኣይኮኑን። ካብን ናብን ዝወናጨፉ ኣርባዕተ ዝእግረን ተሸከርከርትን፡ ብናተን ሓይሊ ዝድፍኣ ሰረገላ ሰይጣንን ነቲ ጎደና ዝዕልላሉ ዘለዋ ይመስላ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ናይ ምንባር ቃልሲ ብየማናይ ሸነኽ ናይዚ ዓቢ ጎደና፡ ኣብ መሳልል'ቲ ዓብን ታሪኻውን ግንቢ ተሰቒሉ ከም ሓያል ሰባኺ ጎረርኡ ስሒሉ ዝምድር ሰብ ይርኣ። ሸሕ'ኳ ብቕድሚኡ ዝመሓላለፉ ነበርቲ እንተነበሩ፡ ዘረብኡ ከም ዝሸምደዱ ግልጽ እኳ ከይበሉ ውራይ መንገዶም ይገብሩ። ገለን መተሓጥይቲ ዘለዎም ድማ ካብ ብኽፉእ፡ ምሕማይን ምጽራፍን ድሕር ኣይብሉን። ናይዚ ጽሉል ዝተባህለ መዳራይ ናይ ሎሚ ኣጋይሹ ሓሙሽተ ሰባት ጥራይ እዮም። እዞም ካብ መንፈስ'ታ ኩተማ ተፈልዮም ኣንቃዕሪሮም ዝዕዘብዎ ፍጡራት ንቃላቱ የኮማስዑ።

ሓደ ናይ ቀርበት ጃኬት ዝተኸድነ ምዕሩግ መንእሰይ፡ ኣብቲ መሳልል ወረቓቕቲ ሓቑፉ ዝተኾርመየ ዘኽታም ዝመስል ቆልዓ፡ ብዕድመ ዝደፍኣ ኣደን ጓለንን ከምኡ'ውን ባርኔጣ ምስ ኩቡር ካባ ዝለበሱ በዓል ምርኩስ ሽማግለን እዮም።

1:11 ድ.ቐ

"ኣቱም ሰባት ኣስተውዕሉ... እንተስ ንልማኖ ወይ ድማ ንምስትውዓል ንሰማይ ጠመቱ። እቲ ዝመጸ ዝፈልጥ ድኻ እንበር፡ እቲ ጽባሑ ዘይዝክር ንጉስ ክሕንስ ኣይኮነሉን እዩ። ንዘመናት ክትሕንሱ...ዘመናት ሂወትኩም ከምዘብቅዕ'ሲ ኣይትዝክሩን'ዶ፧ ኣቱም ዓያሹ... ጽን በሉ፡ ደጊም ጣዕሳኹም ዝስመዓሉ እዋን የልቦን...። ኣንቱም ኣዝማድ ሰብ ምዕራብ...ጥፍኣትኩም ቀሪባ፡። እዚ ኣብ ርእሴኹም ዘሎ ሰርቢ... ድልድል ርሻውንትኹም ዘጽሕዮ'ዶ ይመስለኩም። ልዕሊ ሰብ ዝሓስብ ሓጻውን እንተሰራሕኩም... ንሱ ከም መቓብርኩም ዝፍሕር ውሉድ ክኾነኩም'ዩ...። ኣዕዋፍ ዘይበጽሑኦ እንተበጻሓኩም፡ ባይታ ማያት እንተረገጽኩም... ምስጢር ኣብ ሓንቲ ብርጭቆ ማይ ዘላ ፍቕሪ ክትምርምሩ ግን ከም ዘይከኣለኩም'ሲ... ንስኹም'ኳ ትፈልጡ። ኣቱም ንፍቕሪ ምስጋድ ሓጢኣት እትቐጽሩ ህዝቢ... መዓልትኹም ትመጽእ ኣላ። ኣነ... ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ፡ ካብ ሓንቲ ስጉምቲ ንየማን፡ ሓሙሽተ ስጉምቲ ንጸጋም ይቐልል፡ ስለዚ...እቲ ቀቀሊሉ ነቶም ሰብ ጥፍኣትን ደለይቲ ምኾትን

ግደፍሎም። ካብቲ ኣካሉ ዘትረፈ፡ እቲ ልቡ ዘጠንከረ'ዶ ኣይጸንዕን፧...። ኣቱም...ምዕቡላት ሓጥኣን፡ ፍልጠትኩም ዳግማይ እትወልደኩም'ዶ መስለኩም...፧ ኣነስ...ይብል ኣለኹ፡ ምስጢር ውድቀት ኣዳም ሄዋን'ያ...፡ቀታሊት ደቂ ኣዳም ድማ ዓለም እያ። ኣታ በዓል ሰቡሕ ደረት ጎበዝ ስማዕ...ልብኻ ኣጽኒዕካ ኣእዳውካ ካብዘን ኣብ ዙርያኻ ዝዝንብያ ኣጣል ኣርንብ። ንሰን'ሲ ቡቲ ጸሓይ እትዓርበሉ ስፍራ ንዝመጸ ዕጣን፡ መንዲለን ገንጺለን ዝሸትታ'ሞ ብኡ ዝግዘኣ'የን፡ ኣታ እንዳኻ እትሕሉ፣ ካብዘን ኣብ ማእከለን ሓሰኻ ዝተዘርአን ኮሚደረታት ከይትኸውን ተጠንቀቕ። እዛ ፈረስ ሰይጣን ዝኾነት ሄዋን ምንጽብራቓ ከይስሕለካ፡ ብሰለምለማ ከይትሰልበካ'ሞ ከም ከልቢ ኣብ ፈቐዶ ጎደና ፍረ ዘርእኻ ከይትወድእ።

ኣንታ ወዲ ዘመን...ኣስተውዕል እታ ንዓኻ ዝተሓስበት ኣብ ዓቕልኻ'ያ ዘላ። ከም ደላይ ወርቂ ኣብ ጸላም ብዘይ ብርሃን ኣይትጓዓዝ። ኣዒንታ ጠምት፡ ኩብሕታት ልብታታ መታን ክትምርምር ነብስኻ ኣዳሉ። እትደኽደኖ ኣልባስ፡ ኣብ ናይ ደም ማዕበላታ ከም ዘንሳፍፈካ ጌርካ ስፈዮም፡ መውጺኢኻ ንኽትዝክር መእተዊኻ ዘይሃስስ ምልክት ግበረሉ። ለስለስታ ኣካላ...ቅብኣት፡ ወይኒ ዘንጠብጥብ ከናፍራ...ርውየት ኣይምሰልካ። ቀደም... ሱር ኩሉ ሓጥያት ገንዘብ ምኻኑ ይሰምዕ ነይረ፡ ምእንቲ ገንዘብ ድማ ይዝምዋን

ወርቃዊ መሳልል ናይቲ ዓቢ ሓዊ ድማ ይኾና ነይረን። እንተ'ዘን ምዕቡላት ሰብ ጥበብ መራኽሰቲ፡ ምእንቲ ዝሙት ኢለን ገንዘበን ዘጥፍኣ እየን። ገንዘብ ዝበልኩ...፡ እቲ ሓዊ ዝበልያ ወረቓቅቲ ከይመስለኩም። እንታይ ደኣ፡ እቲ ዝበለጸ ሃብቲ ውሉድ እምበር። እዘን ምድሪ ከም ዝተገምጠለትን ኣብ ልዕሊ ኣዳም ዝጋልባ፡ ብባዕለን ጀጋኑ ዝስመያ ሕፍረት ኣልቦ ፍጡራት እየን። ኣታ ደላይ ሰናይ...ንልብኻ ስማዕ፡ ንሳ መኣዲ ናይ ፍቕርን ከርሲ ሲኦልን እያ። ዕጥቅኻ ዓጢቕካ ናብቲ ሰፊሕ ጫካታት ልባ፡ ኣዒንቲ ሲጋኻ ብጸዕዳ ጨርቂ ሸፊንካ ገስግስ። ብልብኻ ጠምት... መንትግ ስሒብካ ቀስትኻ ኣብታ ጸባብን ብርህትን ክፋል ናይ ልባ ዓልማ። ዕላማኻ እንተሃሪምካ...ኬድካ ጽጌሬዳ ዝርኣላ፡ ብዓወትካ ተሓጎስን ባህ ይበልካን። ዘመን ህይወትካ ብሩህ... ብዘርእኻ ክቡር ክትከውን ልዕሊ ኩሎም ክትሓድርን ኢኻ። ቀስትኻ ናብቲ ገፊሕን ጸልማትን ክፋል ናይ ልባ እንተቢላ ግን... በቲ እንክትኣቱ ምልክት ዝገበርካሉ ህደም። ዳግማይ'ውን ንድሕሪት ግልጽ ኣይትብል። ግልጽ እንተበልካ ግን ካብቶም ተሃንደድቲ ሰራዊታ ኣይክትድሕንን ኢኻ። እቲ ምስልኻ ዘርኢ ውቁብ ኣስናና፡ ዘይቲ ዝበዝሑ ኣስላፉን ደናጉኣን፡ ሽታ ዕንባባ ዝመኣዝኡ ኣጻብዓን ሰይሰይታ ደረታን ጥዑም ድቃስ ኣይክትረኽበሉን ኢኻ። እታ ዝኣሰርካያ ጸዕዳ ጨርቂ ካብ ኣዒንትኻ ኣይትእለ። ኣንታ ከም ሸውታ ንፋስ እትሃልል ወዲ ኣዳም...ስማዕ፡ እታ እትምነያ ክሳብ ልባ ዘይጸዕደወ፡

ቀለቤት ኣይተናዲ፡ ሰረኻ ድማ ኣይትፍታሕ። ኣብዚ ዘመን ኣኻልብ ዝኾነሉ እዋን ኣካይዳ ፈረስ ሰዓብ እምበር፡ ልሳንካን ኣዒንቲ ሕልናኻን ምኽንያት ውድቀትካ ከይኮነካ ተጠንቀቕ።"

"ከምቲ ቀደም ዘመን... እምነት ሰዒሩ ኣመንዝራ ጸሊም ትኽደነሉ ዝነበረት እዋን፡ እዋን ደሓን መሲሉካ ናብ ሕብሪ ዓለባ ኣይትርኣ። ምጽዕዳው ኣልባሳን ምስላዊ ትሕትንኣን ርኢኻ፡ ናብቲ ዝነድድ እሳት ብገዛእ ዕሽነትካ ከይትድርገም ጽባሕ ዘይትሰምየ ይነግረካ ኣለኹ። ኣቱም... ሰባት ኣነስ ሓቂ'የ ዝዛረብ ዘለኹ፡ ዘይከምቲ ኣብ ኣሸሓት ናይ ጠንቆልቲ ክሸነታት ተኸሺኑ ብመሳኹቲ ናይተን ኣብ ርእሲ ቤትኩም ኣእዛንን ዘርጊሐን ኣብ ውሻጠታትኩም ጓህረን ዝበሰል ፈርኔሎታትኩም፡ የንበድብድ የለኹን። ኣነስ...ልበይ እምበር መሸረፈት ኣይሓዝኩን። ኣብ ትርኣስኩም ዝጸመዎ ቅዱስ ቁርኣን፡ ኣብ ኩብሕታትኩም ዘሕለምልሙ ቅዱሳን መጻሕቲ፡ ምስ ዓለባ ሳሬት ተማሓዝዮም ዶሮና ዶ'ይኮነን ዝቐለቦም። ኣማልኽትኹም እተን ብኣማኢት ዝቐጸራ ነንሓድሕደን ዘይፋቀራ፡ ንዓይ ርኣይኒ፡ ንዓይ'ባ ስምዒ ዝብላ መደበራት'ዶ'ኸ ኣይኮናን፧ ...። ኣረ...ሎምስ ኩሉ ጠፊኡ'ዩ... ሓደ'ኳ ዝምለስ የለን። ልዕሊ ዝኾነ እዋን እታ ዝኸፈኣት መሳርሒት ሞት እዛ ንግስነት እትብህግ ፍጥረት'ያ። ዘክሩ...ኣዳም፡ እቲ ዓቢ

ኣብርሃም፣ ንጉስ ዳዊትን ወዱ ሰለሙንን፣ ሳምሶም፣ ንጉስ ሱሌማንን መሓመድ ዓረባዊን፡ መቁሕ ፈተነታቶም እዛ ጸልማት ሄዋን እያ። ኣቱም ሰባት ካብቶም ኣብ ሙሉእ ዘመን ናይ ወዲ ሰብ ዝምዝገቡ ገበናትን ጥፍኣታትን...ቴስዓን ትሽዓተን ሚእታዊት በዛ ምልክዕቲ ሲኦል ዝስዓቡን ዝስዕቡን እዮም ክኾኑ። ኣይትገረሙ...ኣብ ዘመን ዓውለማ ዝነበረ ሊቅ እንታይ'ሉ መሰለኩም... "ጓል ሄዋን፡ ሰብ ይኹን ሰይጣን ዘይፈልጣ ሓንቲ ምስጢር ኣላታ" ኢሉ ዝበለ፡...እንታይ እያ ኢልኩም እንተሓንቲትኩምኒ...መግለጺ ዕሸነትኩም እዩ ዝኾውን፡ ምኽንያቱ... ኣነ ፈጣሪ ሰለ ዘይኮንኩ። ኣነ...ጽልኣት ጥፍኣት እምበር...ሕማቕ ምንዮት ንደቂ ሄዋን የብለይን፡ እቲ ሓቂ ግን ንሱ'ዩ። ከም ማንም ዘፍቅራ ወላዲትን ዝፈትዋ ሓፍትን ኣለዋኒ...በዓል ንግስቲ ኣስቴር፡ ሊዳያ፡ ማዘር ትሬዛ፡ ኣብርሀት ገኣብረማርያን ልእልቲ ዲያናን እውን እኮ ደቂ ሄዋን እየን...፡ ግን ምስ ኣየኖት፧..."

"ኣንቲ ግዜ ዝወለዳ ሄዋን...ስምዕኒ፡ ኣንቲ...መቁሕ ናይ ሲኦል...መፍትሕ ናይ ገነት ዝኾንኪ ፍጥረት ጽንበሊ። ከም ዝበልዓኪ ዝብኢ ዝሰኣንኪ ኣካላትኪ እትቐልዒ ጓል ግዜ...ወይልኺ። ኣቲ...ቀራጽን ጸሊምን ልብሲ ተኸዲንኪ ኣብ ማህደርኪ ጻዕዳ ነጸላ ተማሊእኪ እትዘሪ ጎርዞ መዓትኪ ይበዝሕ ኣሎ። ኣትን ናይ ክብረት ገዲፍክን ጥብቆ ክዳን

እትለብሳ፡ ማሙኞቹ ፈንፊንክን... መፍለ ኣጥባትክን ከተርእያ እትጋደላ... ጽባሕ ከም ዘይትነብራሉ ዘከራ። ናይተን ሰብ ቀሚስ መርገምን እህህታን ከይገፍዓክን... ነታ ጥዕስቲ ኣዴኽን ሄዋን ምሰላ። ጽንበሉ'ቱም ህዝቢ.... ክሳብ መዓስ'የ እቲ እትፈልጥዎ'ሞ ዘይትገብርዎ ክንገረኩም። እህህ...ክቡራተይ፡ ኣቱም ንስኹም እዞም ሰማዒ ልቢ ዘለኩም...ሓደ ምስጢር ክነገረኩም። እዋኑ እዋን ምንቕናቕ መሬት ስለ ዝኾነ፡ ካብ ናይ ኖህ ዝሰርሓ መርከብ...ብሰለስተ ዕጽፊ እትዓቢ ጌርኩም ኣብ ልብኹም መርከብ ህነጹ፡ ከምቲ ንሱ ዝገበሮ ኣንስታይን ተባዕታይን እንስሳታት ዘይኮንኩም እተእትውላ...ሓንቲ ፍቕሪ ጥራይ። ምኽንያቱ...ኣብታ ፍቕሪ ኩሉ ኣሎ። ሸዑ ምስ ደሓንኩም ዘክሩኒ...። ካልእ ወላሓንቲ ኣይደልየልኩምን'የ። እወ ምኽንያቱ...እቲ ንብዓተይ እትደርዝ ፍቕራዊት ጓል ሄዋን ምስ ተወስደትኒ፡...ብድሕሪኡ ንብዓተይ ሰብ ዝርእዮ ኣይኮነን፡ ከም ዛራ ውሒዝ ኮይኑ ብግብርታት ደቂ ሰብ ንዝቀሓረ ልበይ መተርከሲ ዝኾኖ፡ እቲ ንውሽጢ ዝሰርብ ጀለምታይ'የ። ቃልሰይ...ምስ ግብርታትኩም እምበር ምሳኻትኩም ኣይኮነን። ብምፍጣረይ ዘማርረሉ ኣይኮነን። ኣብዚ ዘመን እዚ ብምኻኑ ግን ቅር ይብለኒ...።"

"ኣንቱም ኣመንቲ ሓጻውን ስምዑ... እዚ እትርእይዎ ናይ ኣበሳኹም ሰርቢ...ምስ ዘነበ፡ ንክፍኣትኩም

ዝፈዲ፡ መወዳእታኹም ዘቀላጥፍ ዘርኢ...ካብቲ ቦታ ጽምዋን ጸላምን ከተንስኣልኩም እዩ። እቲ ዝቦቐለ ዘርኢ ልዕሊ ዝኾነ ዓንቢቡ...ፍርዲ ክሕደትኩምን ንዕቀትኩምን ብኣፍኩም ደም በለል በለል ዘብል መቐጻዕቲ ከምጽኣልኩም እዩ። እቲ ዝዓንበበ ዘርኢ ምስ ፈረየ ደኣ...እንታይ'ኮን ከምጽእ'ዩ፧...ተሎ ንነብስኹም ብኽዩ...እንተዘየለ ብትዕቢት ጉድጓዳትኩም ፈሓሩ። ገንዘብ ዘሕውዮ፡ ብኽያት ዘይመልሶ፣ ጣዕሳ ዘይድብሶ ህልቂት ኣብ ልዕሌኹምን ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝመጽእ ናይ መወዳእታ ዘመን ዘርኢ ወዲ ኣዳምን ከኽትለልኩም እዩ። ምዕባለኹም፡...ብዘይ ፍቐሪ ብምኻኑ ሞት ከምጽኣልኩም'ዩ። እቲ ካብ ጉሓፍኩም ዝወጽእ ኣቕሓ፡ ንሱ ኣብ ልዕሊ'ዛ ከተማ ክትንስእ እዩ፡ ነቶም ጎሓፍቱን ፈንፈንቱን ክኽሕስ ድማ ኣካላቱ ብጥበብ ኣደልዲሉ ናይ ፍልጠት ባርኔጣ ወድዩ፡ ናይ ሓጺን ካባ ለቢሱ...ኣብታ ዝዓበየት ርሻን ክሰፍር እዩ። እዚ ብኣርባዕተ ፊደላት ዝስመ ገዛኢ፡ ብጽልኣት ነበርቲ'ዛ ከተማ ዝሰይጠነ... ጨካን ፍጡር ክኸውን እዩ።"

እቲ ዝሰዶ ዝነበረ ልቢ ዝሰብረ ቃላት፡ ኣብ እዝኒ ኩሉ ነባሪ ናይዛ ቁሸት ብዘይቁረጽ ዋሕዚ እንተዝበጽሕ፣ ብዘይጥርጥር እወታዊ ውጽኢት ምተረከቦ። እቲ ዝመጽእ ዘስካሕክሕ ፍጻመ ድማ ብመጠኑ ምተቓለለ፡ ግን ኣበይ'ሞ። እንተ እዚ ሓያል ፍላስፋ ግን ዝኾሰሮ ነገር ኣይነበሮን፡ እኳ

ድኣ ከሲቡ። ነቲ ኣብ ኣእምሮኡ ዝገማዳሕ፡ ክገብሮ ዝግብኦ ዕማም ብምፍጻሙ እፎይ ዝበለ ይመስል። ብዓቕሊ ናይቶም ኣብ ዙርይኡ ዝነበሩ ቁንጣሮ ሰባት ኣዝዩ ተደነቐ። ብምውቓ ፍሸኽታ ናብኡም እናቐረበ ድማ ብዓቕሙ ከመስግኖም ፈተነ። ብማዕዶ እንክትዕዘቦም ሓንቲ ምልእትን ፍቕሪ ዝመልኣ ስድራ ክመስሉ ነንሕድሕዶም ተቓራሪቦም ሰላምታ ተለወዋጡ። እቶም ሸማግለ ብዓል ግርማ ኣቦ፡ ምርቓን ምስጋናን ኣውሒዞም ተሰናቢቶም ሰለይ በሉ። እቲ መንእሰይ ድማ፣ ንኹሎም ነብሱ ኣላልዩ ነቶም ሸማግለ መካይድቲ እንተኾኖም ብምሕሳብ ዘብዘብ በለ፡ እተን ናይ ዕድመ በዓልቲ ጸጋ ኣደ'ውን ምስ ጓለን መንገደን ቀጸላ። እታ ምስኣን ዝነበረት ጎርዞ፡ ብሓቦ ናይ ዓባይ እናተገረመት ናብቲ ብቕድሚኣ እናጎየየ ስሕት ኢሉ ግልጽ ዝብላ ዝነበረ ምዕራግ መንእሰይ ፍሸኽታ ኣሰንያ ሰሪቃ ጠመተቶ። እንተ እቲ መጽሄት ዝሸይጥ ህጻን ግን ብዘይ ዝኾነ ስምዒት ኣብታ ዘለዋ ኮይኑ፡ ናብቲ መዳራይ የቕባሕብሕ። እቲ ፍረ ገጹ ብዝተፈላለየ ሓሳባት ዝተመልኣ፡ ምቕሉል መዳራይ የማናይ ብርኩ ሰይሩ፡ ነቲ ህጻን ኣብ ነብሱ ኣጥቢቑ ሓቀፎ። ብዝገመታ ካብ ነብሱ ብምፍንታት ድማ ግንባሩ ሰዓሞ። "ኦ...ገዛኢ ናይዛ ከተማ...፡ እቲ ሰዓት ኣኺሉ፣እቲ ኩናት ድማ ተጀሚሩ'የ...ኪድ እቲ ግቡእካ ግበር!" በለ እቲ መዳራይ። ተንሲኡ ድማ ነቲ ድሮ ከንጠብጥብ ጀሚሩ ዝነበረ ዝናብ እናስተማቐረ መንገዱ ቀጸለ። እቲ ብላይ ክዳን

ዝተኸደነ ህጻን፡ ናብቲ መሳልል ብምድያብ ነቲ መናብርቱ ዝነበረ ወረቓቕቲ ኣብ ኣየር ዘረዎ። ኢዱ ዘርጊሑ ንሰማይ ኣንቃዕሪሩ፡ ነቲ ድሮ ኣጠስጢስዎ ዝነበረ ዝናም ተዓዘቦ። ብሌን ዓይኑ ድማ ናብ ቀይሕ ተለወጠ...።

ምዕራፍ ሸሞንተ

ቃና'ቲ መቓብር

ሚያዝያ 04 11:30 ድ.ቐ

እቲ ዝወርድ ዝነበረ ቀዝሒ፡ ስጋኻ ሓሊፉ ኣዕጽምትኻ ዘደንዝዝ ቁሪ'ዩ ዝነበረ። እዋኑ ግዜ ክራማት ብምንባሩ፡ ክዘንብ ዝወዓለ ዝናብ ጠሊ ፈጢሩ ብኹሉ መኣዝን ዛሕሊ ከም ዝኸውን ገበረ። እቶም ናይዛ ከተማ ናይ ብርሃን ዓንድታት፡ ምስ'ቲ ዝነበረ ግመ ዝቓለስ ጭልምልም ዝብል ብርሃን ክፍንው ይረኣዩ። ሰዓቱ፡ እዋን ድቃስ ስለ ዝኾነ፡ ነበርታ ኣብ ዝወዓሉ ውዒሎም ብውሑዱ ቅድሚ ሓደ ሰዓት'ዮም በቤቶም ሒዞም። ኣብቲ ሳንቲም ወዲቓ ከም ብርቱዕ ነጎዳ ክትሰምዓሉ እትኽእል ጽምዋ። ማንም ፍጡር ብእግሩ ክንቀሳቐስ ይኽእል'ዩ ኢልካ ግምት ዝወሃቦ ኣይነበረን። ነዚ ስርዓት እትሰብር ፍጥረት እንተስ ኣድንቓት ጸላም ሃልይዋ ወይስ ምስቲ ጽልግልግ ክትሳነ ደልያ፡ ጸሊም ልብሲ ተኸዲና ቡቲ ጽምዋ ጎደና ትሕንብስ። እቲ ተኸዲናቶ ዝነበረት ደረታ ዘይከድን እጅግ ዘይብሉን ካብ ብርካ ንላዕሊ ክዳን፡ ምስታ ካብን ናብን ትሰሓሕባ ዝነበርት ጸላም ኣደሬን ነዊሕ ዝታኩኡ ጫማን ኣዝያ ምልክዕቲ ስርኤል ኣምሲሉዋ

ነበረ። ምስ ሕሉፍን ምስቲ በዓል በሊሕ ስኒ ቁርን እትቃልስ ተባዕ ሄዋን ምኻና ከተመስክር ዝሃቀነት'ያ እትመስል። እቲ ዘይድፈር ለይትን ሰራዊቱን እንተኮነ'ውን ቁንጅናኣ ርእዮም ንንዕቀታ ሸለል ዝበሉ ክመስሉ ዝኾነ ስጉምቲ ኣይወስዱን። ሃንደበት፣ ብድሕሪኣ እትውንጨፍ መኪና ብምስምዓ፡ ስግኣታ ንምውጋድ ኣንፈት ካብቲ ዓቢ ጎደና ናብ ሰሜን ንዝወስዱ ርሒብ ጎደና ተጠምዘዘት። ዝሰዕብ ኣካል ግን ኣይነበረን። በዚ ሩፍታ ጌራ ናብ የማን ተዓጺፉ በቲ ጥንታዊ ግንቢ ተደኩኑሉ ዝርከብ ከባቢ ኣቢላ ናብ ሕንብርቲ'ታ ከተማ ዛገመት። ኣብ ማዓሙቕ ሓሳብ ጥሒላ ብዝመስላ ኣብ ትሰጉመሉ ዝነበረት እዋን፡ ንትንፋሳ ካብ ሲጋ ዝፈሊ ኣውያት ብፊታ ተጋወሐ። ከም ካብ ሞት ዝተንሰአ ፍጡር፡ ናብ ዘይትፈልጦ ኣንፈት ደርገፍገፍ በለት። ኣራግጻኣ ብዝፈጥሮም ጣሕሸምሸም፡ እቲ ኣትያቶ ዝነበረት ዱርን፡ ብድሕሪኣ ዝጓዙሙ ንፋሳትን፡ ራዕዲ ፈጢሮሙላ ኣዒንታ ጸልመታ።

11:40 ድ.ቐ

ነብሳ ኣብ ዘይትፈልጦ ዓለም እያ ረኺባታ። ኣብ ከርሲ ቤተ መቓብር። እቶም ብውሕልነት ዝተወቕሩ ሓወልትታትን ምስ ብርሃን ናይታ ኣብ ሕጽኖት እትርከብ ሓዳስ መርዓት እትመስል፡ ኣመና ደሚቓ ዝነበረት ወርሒ ተዋሃሂዱ ህያውያን ዘምስሎም ነጸብራቕ ፈጢሮም ይረኣዩ።

ኣብ ናይ ሓደ ዘይትፈልጦ ሰብ መቓብር ተኾርምያ ድማ ከም ወላዲታ ዝሰኣነት ኩርኩር ኣሕነቐነቐት። እታ መርዓት ናይዚ ለይቲ፡ ብምዕራብ ብዝመጹ ደበናታት ክትሕነቐ ጀመረት። ለይቲ ናብ ግብ ዝበለ ጸላም ተለወጠ፡ እዚ ክስተት ነታ መሓውራ ምእዛዝ ዝኣበያ ጎርዞ ተወሳኺ ከም እትሸበር ገበራ። ቡተን ስራሕ ዝበዝሐን ውሪሕሪሕ ዝብላ ኣዒንታ ናብ ኩሉ መኣዝን ለኣኸተን። እቲ ሒዘናላ ዝመጻ መልእኽቲ ግን ንጓህሪ ውሽጣ ዘህድእ ኣይነበረን። እኳ ደኣ ዘይእመን ሓቂ ኣስተብሃላ። እቲ ብመንጽራ ዝነበረ ግዙፍ መቓብር ዓቑቕታ ክሰምዕን ካብ ውሽጡ ዶሮና በለል ክብልን ረኣየት። እዚ ጥራይ ከይከውን፡ እቶም ኣብ ዙርያኣ ዝነበሩ ጸበብቲ ጋህስታት፡ ልዳቶም ክኸፍቱ ተዓዘበት። እንታይ ከም ዘጋጠመ ትፈልጦ ጉዳይ የብላን። ካብቲ ዝተራሕወ ኣፍቶም መቓብራት፡ ብዘገምታዊ ምንቅስቓስ ዝበራበሩ ፍጡራት፡ ገለን ዝመሸመሸ ሰጋ ዝውንኑ ገሊኦም ንመምሃሪ ስርዓት ዓስከሬን ዝተሰርሑ እንክመስሉ ኣዕጽምቲ ጥራይ ዝውንኑ፡ ምስቲ ዝተበጃጀገን ዶሮና ዝጸገበን ኣጭርቕቶም፡ ገፈፍ ገፈፍ እናበሉ ናብኣ ገጾም ክሰግሙ ጀመሩ። እዞም ዝሰንበዱ ፍጡራት ከም ሰብ ሕነ ብኹሉ ወገን ናብዛ ከይትዓደመት ዝመጸት ጋሻ ዛዘው። እዛ ናይ ኣእምሮ እስርቲ፡ ብመቁሕ ከም ዝተኣስረት፡ ብርካ ኣብ ደረታ ኣጸጊዓ ኣንፈጥፈጠት። እታ ብሕሉፍ ድፍረታ እትፍለጥ ዝነበረት ሄዋን ራዕዲ ውሒጡዋ ኣካላታ ብርሃጽ ተሓጽበ። ነቲ ቅድሚ ብዙሕ

ዓመታት ዝከሓደቶ፡ ኣይናትካን'የ ዝበለቶ ፈጣሪኣ ካብዚ ተሸሚማቶ ዘላ ገሃነመ እሳት ከናግፋ ትምሕጸን ዘላ ክትመስል ሰሰሪቃ ንሰማይ ተንቃዕርር። ኣብ ከምዚ ኩነት፡ እታ መርዓት ለይቲ ዝኮነት ወርሒ ጭልምልምታ ብርሃን ከተርኢ ጀመረት። እቲ ዝነበረ ቅልስ ምስቶም ናይ ክፋእ ደበነታት ብዓወታ ዝተዛዘመ'ሞ ፈጣሪኣ ጸሎታ ዝሰምዓላ መሰላ። እቲ ዝነበረ ተደጋጋሚ ነጎዳ፡ ብሰንኪ ሰዕረቱ ዝሳቐ ደላይ እከይ ዝኾነ ደበና'የ ንዓኣ። ናይ ሰማይ'ሲ ሩፍታ ረኺባትሉ፡ እንተ እዚ ኣትያቶ ዘላ ቤት ሰጋይ ግን ኣይተናፈጋን። ኣብ ሰማይ ድያ ኣብ ምድሪ ከም ዘላ መረጋገጺ የብላን። እቶም ኣብ ዙርያኣ ከቢቦም ኣዒንቶም ዘብለጭልጭ ዘሎ መናፍስቲ፡ ዝብልዋ ከም ዘለዎም ኣቃውምኦም ይነገር። እዛ ኣብ ማእከሎም ዘላ ክሰስቲ፡ ብዝገበረቶ እንተስ ኣሚና ወይ ገበና ዘይነጸረላ ኮይኑ ብዘይ ቃል ኣዒንታ ብሓይሊ ዓሚታ ደነነት። "ሰላም...'ዛ ጓለይ፡ ኣርካን ይበሃል" በለ'ቲ ካብ ሸኮናኡን መንጋጉኡን ከም ሓሰኻ ለመም እናበለ ዝረግፍ ጭሕምን ጸጉርን ዝነበሮ በዓል ሓፊስ ድምጺ ሬሳ። "ን...ንጉስ ኣርካን ቀዳማይ" ነቲ ስም ኣዐረየ፡ ሓደ ብድሕሪኣ ዝነበረ ልሕጺ መሰል ሬሳ። "ደሓን ደሓን...፡ኩሉ ሓደ'የ...ደቂ'ዚ ግዜ ክብሪ ኣይፈልጡን'የ'ም..." ኣህድኦ ንጉስ ኣርካን ቀዳማይ። ብሂወት እንከሎ ማዕረ ክንደይ ምዕሩግ ከም ዝነበረ፡ እቲ ስቡሕ ኣዕጽምቱ ይምስክረሉ። "ጎይታይ!...ኮማንደር ኣይተመልሰን" በለት

ሓንቲ ኣረጊት ንግስቲ፡ ንበዓል ቤታ። እቲ ዓቃል ንጉስ ግን ኩሉ ግዜ ህዱእ እዩ ዝመስል፡ ብልክዕ ንግስነቱ ኣበየናይ ዘመን ምንባሩ ከተለልዮ ኣሸጋሪ'ዩ። "እህ...ዝጽይቁ እናበዝሑ ስለ ዝኾዱ...ንበይኑ ክበዝሕዎ እዮም...ሓለቓ ዳኒኤል...!" ኣድሃየ ንጉስ። "ኣቤት...ንጉስ" ተመቐሊሉ ቀረበ እቲ ፍሉጥ ዋዒ ዘለዎ ሓለቓ። "ንዓ ዳኒኤል ወደይ...ካብቶም ሰራዊት ኣርባዕተ ሓገዝቲ ስደደሉ...እንተዘይተቐቢሉዎም ግን...ብዙሕ ኣይድከሙ። ምኽንያቱ በይኑ ክሰዋእን ክደክምን'ዩ ዝፈቱ" ትእዛዝ ኣመሓላለፈ እቲ ንጉስ። እዛ ነዚ ምርኢት ብግዴታ ትከታተል ዘላ ጋሻ፡ እንታይን ስለምንታይ ክትግምት ደረጃ ብልሓን ዓቕሚ ፍልጠታን ኣይፈቕደላን'ዩ። "ግ...ግን ኣበይ ኣለኹ፡ ይሓልም ድየ...ዘለኹ ዋላስ...፧" እቲ ብውሽጣ ትሓስቡ፡ እዞም ተኣምራታውያን ፍጡራት ይሰምዕ'የም። ንኽፋእን በደልን ህልዋት ክመምዩ ዝተመዙ ናይ ቀደም ሰባት'የም። "ዝኾበርኪ... ልእልቲ...፡ እዚ ዘለኽዮ ቦታ...መዕረፊ ኣጋይሽ'ዩ...ምሽ ኣለኪ... "ፐንሸዮነ" ዓይነት'ዩ"...ኣለገጻላ ሓደ ድንኪ ሬሳ ናብኣ ቀሪቡ ኢድ እናነሰኣ። " ኣታ... እንጣጢዕ በጃኻ'ስክ ኢለካ ግደፋ..." ብሓደ ወገን ተሰምዕ። "ስለምንታይ ትግደፍ...፧ ኣቱም ኣሕዋት እዛ ሰይጣናዊት ፍጥረት'ኮ ብሂወት እንከላ ብንዕቀት ተጻዊታትልና እያ። ካብቶም ትርጉምን ታሪኽን'ዛ ግዝኣት ካብ ዘበላሸው ዝነበሩ ሓንቲ'ያ" ዝብል ናይ ሕርቃን

ዘረባ ተቓልሐ። “ሓቅኻ፡ ኣኮ...በቲ ጠፊኣቶ ዝነበርት ከይትጠፍእ ድማ'ሲ፡ ቦታና ከተርክስ ከኣ መጺኣ...ስለዚ...” እታ ምጭውቲ ሬሳ ተዛረበት። “በቃ፡ ይኣክል'ዞም ደቀይ ንኣቢዳር ጸዊዕኩም ገበና ኣፍልጥዋ...”። “ንጉስ፧...እዋእ ካብ ናይዛ ሰብ'ዚኣ ሰነዳት ክዝርዝር፡ ከም ባሳር...ዓባስ ክኸውን ይመርጽ” ሓጨጨ ኣቢዳር። “ኣቢዳር...እዛ ባሕሪ ሓጢኣት ዝኾነት ነብሲ፡ ሕዋስ ደምና ኣለዋ...ስለዚ ከይሰልከኻ፡ ኣሕጺርካ ኣብቲ ባዶ ሓንጎላ ውቐረላ...” ንጉስ ደምደመ። ነቲ ኣርባዕተ ኣጉባዝ ዝተሰከምዎ ብራና ክገናጽል ጀመረ። “እሕሕ...እሺ፡ እዛ ነብሲ እዚኣ ካብ ግዜ ህጻንነታ ጀሚራ፡ ስድራኣ ዘይተኽብር...ጠንቂ ሞት ወላዲታን...ምኽንያት ሕማም እቲ ዘፍቅራ ኣቦኣን ንሳ'ያ” ምራቑ ወሓጠ። “ነዚ መብርሂ፡ ኣብታ ስድራ ዝነበረ ምውቕ ፍቕሪ ብተንኮል እዛ ሰብ እዚኣ ናብ ምብትታን ኣትዩ፡ ...ወገንነት ናይ ኣቦኣ ብምሓዝ ንፍቕሪ ኣዲኣ ቐቲላ፡...ንወላዲታ ኣደዳ ሕማም ገይራታ። እዚ ከይኣክል ብዝተፈላለዩ ኣጉባዝ ኣብ ልዕሊ ሓዋ ተውርዶ ዝነበረት ስቓይ ገበነኛ ይገብራ። ነቲ ክሳብ ግዜ ንእስነታ ዝተኸናኸና ወላዲኣ እንተኾነ'ውን ኣብ ግዜ እርጋኑ ለበውኡ ጥሒሳ ዓዲ ቐይራ...፡ ኣብ ቀብሪ ወለዳ'ውን ብንዕቀት ከም ዘይተሳተፈት እዚ መዝገብ ይጠቅስ። እዛ ነብሲ እዚኣ ብዕብዳንን መን ከማይን ተጎዚኣ ብዘይ ንጣብ ሰናይ ግብሪ ንኣስታት ዕስራ ዓመታት ተሳልያ። እዚ ከይኣክል...ሓንቲ ካብቶም ትርጉም ፍቕሪ

ዘይፈልጡ'ሞ...።በዚ ኣብ ጸጋማይ ወገን ዝርከቡን...ክትንስኡ ዘይፍቀደሎምን ናይዚ ዘመን ምውታን ሓንቲ እያ።...ኡፍ..." ነዊሕ ኣስተንፈሰ። "ይኣኽላ...ካብ ትዕዝብትኹም ድማ ክትውሰኹ ትኽእሉ ኢኹም..." ፍቓድ ሃበ ንጉሰ ኣርካን፡ እቲ ኣብ ዘረባ ዘይቅደም ድንኪ፡ "እሕሕ...እሺ...፡ እዛ ሰብ'ዚኣ ጓል ዓሰርተው ሓሙሽተ ዓመት ኣብ ዝነበረትሉ እዋን፡ ሓፍቲ ናይ መሓዝኣ ነበር ህጻን ብሰንኪ ትህኪታ ካብ ሓደጋ ተሸከርካሪት ኩተድሕና ኣይከኣለትን ኡፍ" ከም ናይ ኣቢዳር ኣዘራርባ ጌሩ ኣላገጸ። ብድሕሪ'ዚ ብኹሉ መኣዝናት ዝተፈላለዩ ዓይነት ክስታት ወሓዘ። "ንጽጉም ሰብ ሓጊዛ ኣይትፈልጥን'ያ..." "ምእንቲ ከተማኣን ህዝባን ኢላ ዘይትነብር ስለዕቲ ፍጥረት'ያ" ፡ "ብዝሙት ዝተሓመሰት ሰብ እያ"። "እወ ፍቕሪ ዘይርድኣ ኣብዲ'ያ፡ ገንዘብ ዝመልኣኻ ጸላም'ያ፡..."። "ፍርሃት ዘይርከባ፡ ሺላ ናይ ትዕቢት'ያ ሃሃ..ሃ..."፡ "ኣነ ዝገርመኒ ነዛ ሰብ ክብሪ ሂብና ምዝላፍና'ዩ..."። "ግደፋ...ደኣ...ትተሓመስ፡ ኣእምሮኣ ድማ ይናወጽ"። ማእለያ ዘይብሎም ጥርዓናትን ዘለፋታትን ማዕበል ፈጠሩ። እታ ካብቲ ዝመጽእ ኩናት እትከላኸለሉ ዋልታ ዘይነበራ ፍጥረት፡ ትንፋስ ከም ዝሓጸራ ትልኽ ትብል ነበረት። ኣበይ'ሞ...ጣዕሳ መለሳ ኣይኮነን። ምስ እንተታት ዝንበር እንተዝኸውን፡ ነገራ ናብ ዝደለየቶም መልክዕ ክትቅይሮም ምተኻእላ...ግን'ሞ እንታይ ዕድል ኣይገበረትን። እቲ ሙቁር ሂወት እትብሎ ዝነበረት፡ ማዕረ ክንድዚ ኣበሳ

የሰክመኒ ኢላ ሓሲባ ኣይትፈልጥን። ብዛዕባ ግዝያዊ ምንባርን፡ ስምዒታዊ ሓጎስን እንተዘይኮይኑ ብዛዕባ ፍቕሪ እንዶ ዘይብላ ብቕቡቕ ሓሰር'ያ። እንሆ ድማ ገበናታ ከም ሃልሃልታ ሓዊ ይሸባን የቃጽላን። ኣብዚ ዘላቶ ስፍራ ገለ ንዓኣ ዝመስል እንተሎ ሃሰው በለት፡ ቀቢጸ። ኩሎም ብኽፍኣታ ሕርቃን ዒቕ ኢልዎም ብዓይኒ ጽልኢ ይጥምትዋ ነበሩ። ካብ ተስፋ ቅባጸት ዝተላዕለ ስፍርኣ ርዱእ ገበረቶ። "ንጉስ...እዛ ኣብ ማእከል ዘላ መቓብር ስለምንታይ ዘይትኽፈት...፧" ደኒና ሓተተት። ብዘይ ምኽፋት ናይታ ተጸጊዓታ ዝነበረት መቓብር፡ ዘይምኽፋታ ኣደንጺይዋ ነበረ። ዝኾነ ዝተወቕረ ጽሑፍ ናይ ስም ወይ'ውን ሓወልቲ ኣይነበራን። ካብተን ኣብቲ ከባቢ ዝነበራ ቤት'ቶም ሬሳታት ብፍሉይ፡ ብጸሊም ዓረ ዝተሃንጸት ነበረት። ክሳብ ሕጂ ዘየስተውዓለትላ'ውን ገረማ። ወዮ እንጣጢዕ ትቕብል ኣቢሉ ፡ "ሰብ ናብ ሰቡ...ዝብኢ ናብ ገረቡ ትብል ጓል ጓለይ..." ብምባል ንሰብ ዘሸቕርር ስሓቕ ከም ዝስሕቑ ገበሮም። እንታይነት ናይታ መቓብር፡ ሸዑ'ዩ ተረዲእዋ "መቓብረይ..." ኣንፈጥፈጠት።

ሚያዝያ 07 7:37 ቅ.ቐ

ኣብ ዓራታ ተኾዲማ፡ ኑቲ ኣብ ቅድሚኣ ብዘይ ዝኾነ ስምዒት ዝጥምታ ዝነበረ ሓዋ ብርህራህ ጠመተቶ። ሓዋ ካብ ምግራም ሓሊፉ ዝብሎ ኣይነበሮን። ንሓፍቱ ካብ

ዝቐብጻ ነዊሕ'ዩ ኮይኑ። ሕጂ'ውን እንተኾነ ናይቶም ምውታት ወለዶም ርስቲ ክትምቀል ግቡኣ ስለ ዝኾነ እዩ ናብ ቤቱ ክትኣቱ ኣፍቂዱላ። ከም ግምቱ፡ ዕብዳን በልዩላ ካብ ወጻኢ ዝተመልሰት ኣይመሰሎን። ካብቲ ዝነበረቶ ዓራት ብድድ ብምባል፡ ምስ'ቲ ዘየስተውዓለትሉ ተኸዲናቶ ዝነበረት ጻዕዳ ብጃማ ገፈፍ እናበለት ንሓዋ ኣብ ምዕጉርቱ ስዒማ ናብ ሞባይላ ተጓየየት። ሓዋ'ውን ምስ ኣግርሞቱ ዋኒኑ ክገብር፡ ንመገሻ ከም ዝኸየድ ግዙፍ ቦርሳ ተሓንጊጡ ካብቲ ቤት ወጸ። "ፕሊስ፡ ፕሊስ፡ ፕሊስ ጋድ..." ንፈለማ እዋን ነታ ስም ብምጽዋዕ ነታ ሞባይላ ለመነታ። ዕድል ጌራ ድማ ክትጽውዕ ጀመረት፡ ብህውክን ፍሱህን መንፈስ ድማ "የስ...፡ ሄለው ፋኒ ሶሪ ጠሊመካ" ፡ "እሞ ኣይትሓዘለይን ኢኻ ማለት'ዩ..."። "ቴንክዩ ሃኒ..."። እቲ ብስሙ እትጽወየ ዝነበረት ንፍቕሪ ዝሓተታ ሰብ ብናይ ፍቕሪ ቃላት ክትሰምዮ ጀመረት። ነገራት ከምቲ ሓዋ ዝሓሰቦ ኣይነበረን ኣብዘን ዝሓለፋ መዓልታት ፍልይ ዝበለ ለውጢ ዋላ ይርኣየላ ደኣ እምበር፡ እታ ሰይጣን መልኣኽ ከትከውን ዝሓሰበቶ ነገር ከም ዘለዋ'ዩ ወሲዱዎ። "ብዘየገድስ ድሌታ ትግበር" ኢሉ'ዩ ካብ ምሕታታ ተቐጢቡ። ምኽንያቱ እቲ ዝመጸ ጸርፍን ውርደትን ንሱ ጥራይ'ዩ ዝፈልጦ። ኮይኑ ግን እዛ ናይ ሎሚ ሓፍቱ ኣይከምቀደማን፡ እታ ሰባብ ኣይትመስልን፤

“እሞ...ደሓን ምስ ተራኸብና...”፡ “እወ ኣለኹ፡ ከም ዝበደልኩኻ ይርድኣኒ እዩ...” “ኖው...ባዕለይ’የ ዘመጻካ...”። “በቃ ሎሚ ኣብታ ዝሓለፈ ዝተራኸብናላ...ፕሊስ ከይትጠፍእ” “ይኣምነካ’የ...ባይ፡ ሰዓት ከምታ ናይ ብቐዳማይ”፡ “ኦኬ ባይ...”። ነታ ኣብቲ ክፍሊ ምስኣ ክትኮልል ዝጸንሐት ሞባይል ኣብ ጣውላ ብግቡእ ኣንቢራ፡ ሓጎሳ ንምጽንባል ኣብ ዓራት ከም ህጻን ክትዘልል ጀመረት። ንዘኾነ ዝዕዘባ ሰብ፡ ህጻን እምበር እኽልቲ ጎርዞ ኣይምበላን። ንሰማይ ኣንቃዕሪራ ድማ “ቴንኪው...ቴንኪው...” በለት፡ ንኽትዳሎ ድማ ዘይከም ናይ ቀደም ኣለባብሳኣ፡ ስርዓት ዘለዎ ልብሲ ኣብ ምንዳይ ተጸምደት።

ሚያዝያ 03 11:53 ድ.ቐ

“ማርታ...ንስኺ ሓንቲ ካብቶም ሲጋ ህልዋን ዝበልዑ፡ ቁስሊ ምውታን ድማ ዝጎድኡ ሰባት ኢኺ...እዛ ዘለኽያ መቓብር ድማ ምስ ክብርኺ እትመዓራረ ዘይትገፍሓኪ ዘይትጸበኪ...ማዕረ ግብርኺ እያ። ብስምኪ ተዘሪኡ ዝቦቐለ ህያው ዝኽሪ ክሳብ ዘይሃለወ... ንዘልኣለም ብዘይ ስም ክትቅጽሊ ይግባኣኪ’ዩ። ንኽትፈልጢ...ምውታን ጽን ንዝብሎም ይዛረቡ እዮም፡ ንዝቃለሶም ድማ ብዕጹፊ ሰፍሪ ይቃጽዑ’ውን ንዝተኸስረ ሕሉፍ...ይጥፋእ፡ እንተ እቲ ህሉው ግን ክኸሰብ ኣለዎ። ምእንታኺ ዘይኮነ...ምእንቲ’ቶም ልቦም ዝሰበርክዮም ፍጡራት ክትነብሪ ይግባኣኪ እዩ። ካብዛ

ህሞት እዚኣ እዛ ፈቃር መቓብር ዳግማይ ወሊዳትኪ ኣላ...፡ ክትጽልምትን ክትበርህን ውሳኔኺ ኢዩ...”። ዘይሓሰበቶን ዘይተረድኣን ዘረባ ዱብ ክብላ ተሰምዓ። “እዋእ ክነብር’የ ማለት ድዩ፧ ወይስ...ኣብዚ ምስ ምስ...ኦም...” ድንግርግር በላ። እቶም ምውታት መናፍስቲ ብምልክት ሕቶ ኣተኩሮም ይጥምትዋ ነበሩ። ኣብ ነፍሲ ወከፎም ዝመላለስ ዝነበረ ሓሳባት ድማ “እዛ ድቕድቕ ጸልማት ነብሲ’ሲ ብርሃን ከተውጽኣ፧” እቲ ልቦና ዝተመልአ ንጉስ ግን “ብርሃን...ኣብ ድቕድቕ ጸላም እዩ ዝሕይል...፡ስለዚ ገለ ቁልዒ እንተ ተረኽባስ ዕድል ደኣ ሃብዋ...። ሕጅስ ባዕላ እያ ዝመጸት..፡ ካልኣይ ግዜ ናብዚ ግዝኣትና ኣብ እትመጸሉ እዋን ግን...ብግብራ ፍደይዋ። ተንስኢ....ተንስኢ’ዛ ጓለይ...ቤትኪ ኬድኪ ነብስኺ ሕጸቢ....።” በለ እቲ ለዋህ ንጉስ። እታ ዝነበረት ድምቕቲ ወርሒ ንስንብታ ናይቶም መናፍስቲ ኣጉሊሓ ኣርኣየቶ። ቡቲ ልቢ ዘምክኽ ቃላትን ምሕረትን፡ ዘይከም ማንም ሰብ ንብዓታ ንውሸጢ ክዛሪ ተረድኣ። እቲ ፍርሕን ራዕድን፡ ሓይሊን ፍቕርን ክፈጥረላ ጀመረ። ዋላ’ቲ ባጫን ጽልእን እቶም ቀዱሳን ዝበለቶም ዝንቀሳቐሱ ሬሳታት፡ ብልቢ ፈተውቶ። “ይቕሬታ...ኣነ...ምሳኹም ይሕሸኒ...በጃኹም በጃኹም፧” ብፈሕኽፈሕኽ ናብኦም ቀሪባ ሰገደት። “ኣንቲ ነብሲ...ክትገብርዮ ዝግባኣኪ ፈሊጥኪ ኣሎኺ....እትምልእዮ ነገር ስለ ዘሎ፡ ናብ ቤትኪ ኪዲ’ሞ ነብስኺ ሕጸቢ ዛ’ጓለይ...”ደገሙላ። ንጉስ ኣርካን፡ ናብታ

ምውቕቲ ቤቱ እናኣተወ ተማሕጸና። እቲ ተኸፊቱ ዝጸንሐ ጋህስታት ብህድኣት ክዕጾ ጀመረ። ፍቕሪ ናይ ምውታን ከምዚ ካብ ኮነ እቲ ሓቀኛ ፍቕሪ ናይቶም ህያዋን ደኣ ማዕረ ክንደይ ምልኣት ክህልዎ ይኽእል ምግማቱ ኣይተሸገረትን። ካብ ተንበርኪኻትሉ ዝነበረት ብድድ ምስ በለት፡ ንርስሓታ ዘጽሪ ክመስል ኪፍኪፍታ ማይ ከንጠብጥብ ጀመረ። ክብሪ'ቲ ቦታ ንምሕላው ድማ ብዘገምታ ካብቲ ቤት ፍቕሪ ወጸት።

ምዕራፍ ትሸዓተ

ግምቢ ቅዱሳን

ሚያዝያ 07 8:28 ቅ.ቐ

ጥዑም ዝመኣዝኡ ሽታ ናይ ዝተፈለለዩ ዓይነት ዕንባባታት፡ ነቲ ዝሑልን ጠሊ ዝሓዘን ኣየር መቐረት እዮም ኮይኖሞ። እዚ ኣብ ወሰናስን ናይዛ ምዕብልቲ ከተማ ንቐልቁል ዘሎ ኣጻድፍ፡ ብልሙዕ ሸኻታትን ዓበይትን ንኣሽቱን ኣግራብ ምስ ጥዑም ዝዝማሬኤን ኣዕዋፍን ምድራዊ ገነት ክትብሎ ዘየድፍር ኣይኮነን። ካብ ዝተፈላለየ መኣዝናት፡ ናብዛ ምልክዕቲ ከተማ ምስ እትዕዘቡ ሓንቲ ገዛፍ ሉል ኣብ ልዕሊ እምባ ዝተቐመጠት እያ እትመስል። በቶም ንሰማይ ዘማዕሩጉ ነዋሕቲ ርኻውንቲ ዝፍጠሩ ነጸብራቓት ደጓሕን ግርማ ዝመልሱን እዮም። ታሪኽን ክብርን'ዛ ከተማ ንዘመናት ዝቐጸለን ዘሎን ቀንዲን መሰረት ህላውነታ እዩ። እዞም ኣብ ዙርያኣ ዝርከቡ ጫካታት ብወቐትን ኩነታት ኣየርን ከይተጸልዉ ቀጻሊ ሓምላይ'ዩ መልክያም። ጥበብን ምስጢርን ናይ ተፈጥሮ ዘዛኻኽሩ ሰንሰለታዊ ኣገባብ ኣቃውማ ዘለዎም ኣግራብ ቤት ዝተፈላለዩ ዓይነት እንስሳታት እዮም። ምስጢር ናይዚ ቦታ ክምርምሩ ዓመት መጸ፡ ማእለያ ዘይብሎም ሰብ

ሞያን ተማሃሮን'ዮም ዝመጹ። ሎሚ'ውን እንተኾነ ዓበይቲ ሳንጣታት ተሓንጊጦም ገለን ብጽምዲ ገለን ብጉድለ ናብዚ ጫካ ከንቀልቁሉ ይርኣዩ።

8:18 ቅ.ቑ

"እሞ...ስለምንታይ ደኣ እዩ ገምቢ ቅዱሳን ዝተባህለ ፧"ሓተተት ነቲ ኣብ ቀድሚኣም ዘዘጸንሐ ዝተጠናነገ ኣቑጽልቲ ብኢዱ እናገለሀ ዝመርሓ ዝነበረ ኣፍቃሪኡ፡ ዘይኑ። እዞም ኣብ ዝመሃሩሉ ዩኒቨርሲቲ ዝተራኸቡ ፍቑራት፡ ካብ ዝላለዩ ድሮ ዓመቶም እዮም ጌሮም። ነዛ ኣብ ሂወቶም ፍልይቲ ዝኾነት መዓልቲ ከብዕሉ ድማ'ዮም ናብቲ ታሪኻዊ ጣሻ ዝወጹ። "እቲ ዛንታ...ነዊሕ'ዩ፡ ምናልባት ማማኺ ኣዕሊለናኺ ይኾና'የን፡..."እናሰጎመ ተዛረባ። እዚ መልሲ ግን ነታ ኣፍቃሪቱ ከም እሾኽ እዩ ወጊእዋ፡ ምኽንያቱ ይትረፍ ብዛዕባ ታሪኽ ከተዕልል፡ ከም ጓል መጠን'ውን ኣብ ዕዮ ገዛ ብዙሕ ኣይትነጥፍን'ያ። እቲ ቀንዲ ምኽንያት፣ እታ ከም ኣቦን ኣደን ኮይና ዘዕበየታ ወላዲታን ሓዋን ኣብ ትምህርቲ ክትጸቅጥ'ዮም ዘተባብዕዋ ነይሮም። እዚ ግን ካልእ መልክዕ ከም እትሕዝ እዩ ኮይኑ፡ ኣብ ክንዲ ኣኽብሮት ንዕቀት እዩ ኣድሂቡላ። በዚ ነገር'ዚ ሓሲባ ኣይትፈልጥን'ያ፡ ብሰንኪ ሕንቃቕ ዘማዕበሎ ሕማቕ ጠባያት ብዙሕ ምስጢራት ንኽይትርኢ ጋሪዱዋ ከም ዝጸንሐ ተረዲእዋ ነብሳ ሰቕቕ በላ። "ሃኒ...፡ ሃኒ እንታይ ደኣ ደኺምኪ ዲኺ፧...ዝበልኩኺ

ሰሚዕክኒ'ዶ፤ "እ...ይቕሬታ መክሰበይ...ኣይተረድኣንን"። መልሳ ደው ከም ዝብል ገበሮ፡ ንድሕሪት ተጠውዩ ድማ ብሓውሲ ፍቕሪ ጠመታ "ደሓን...ምስ ኣዕረፍና ክደግመልኪ እየ፡ ንኺድ'ዶ...፤" ክንፈራ ስዒሙ መሪሑዋ ተበገሰ።

6:36 ድ.ቕ

"ቅድሚ ብዙሕ እዋናት...ነዛ ከተማና ከቢድ ሓደጋ ኣንጸላሊዋ ነይሩ። እዚ ሓደጋ'ዚ ኣብ ታሪኽ ደቂ ኣዳም ካብ ዘጋጠሙ፡ እቲ ዝኾፍኣን ዝዓበየን ህልቂት ዘጋጠመሉ እዩ። ኣፈ ታሪኽ ከም ዝሕብሮ፡ ንጹር እኳ እንተዘይኮነ ጠንቂ እቲ ህልቂት፡ ክፍኣት ፍጡራት ናይቲ ዘመን እዩ ዝብሃል። ደረት ስልጣናም ሓሊፎም ምስ ፈጣሪኦም ክወዳደሩን ክተሃላኸሉን ፈቲኖም። ብስልጣንን ምዕባለን ልዕሊ መዛኑኣ'ኳ እንተነበረት፡ ምዕባለኣ መጥፊኢኣ ኮይኑ። ምስቶም ሓያላን ናይ ምድሪ ዝኾኑ ናይ ምዕራብ ገዛእቲ ተማሓዝያ፡ ኣንጻር ሕጊ ክትጓዓዝ ጀሚራ። ንጥፍኣት ዝነዩ ልዕሊኣ ዝሕይል ንጉስ ዘሎ ኣይመሰላን፡ እታ ከተማ። ከምታ ኣመንዝራ ሰበይቲ ድማ ምስ ውሉዳ ዘምያን ዓቢዳን። እቲ ዝተኸደነቶ ጽባቐን ዘብለጭልጭ መልክዓን ተዘሚቱ ንኻልኣ ንጉስ ከም ዝወሃብ ዘንጊዓ...፡ ንሳ እታ ከተማ። ንመግናሕቲ ሕልንኣ፡ ስምኢታ ስዒሩዎ ብዘይ ስርዓተ ግንዘት ኣብ ልባ ቀበረቶ። ናይ ልባ ቃላት ጸኒሑ ከም ዝኸሳ ኣበይ ኢላቶ...። ከምታ ዕያውታ ዘይትኣሊ በጊዕ፡ ደቃ ዝረኸበ ዝዕወተሎም፡ ሕፍረታ

ከይትሸፍን ውሉዳት ማህጸና ኣሕሊፉ ሂባ። እቲ ብጣዕሳ ክሓዊ ተኽእሎ ዘነበሮ መዓታ፡ ብመንከማይ ዝተጠርነቐ ትዕቢት ዘይርሳዕ ሓዘን ኣኸቲሉላ፡ ስፍሪ በደላ...ድማ ኣደዳ መቐጻዕቲ ኮይና፡ ካብቲ ህልቂት ዝሰረሩ ዓሰርተ ቅዱሳን ዝተሰምዩ ሰባት፡ ሓንቲ ስድራ ኣቑሞም ነዚ ሓድሽ ወለዶ ዘርኢ ኮይኖም። ንሕናን ህዝቢ ናይዛ ከተማ ኣስፋሕፋሑን ሓይሎም ኣጠንከሩን። ኣብ ግዜኦም ድማ ርእሰ ሓያላን ናይዛ ዓለም ኮኑ። ኩሎም ኣባላት ናይታ ቅድስቲ ስድራ ድማ...ድሕሪ ሞቶም ኣብዚ ቦታ ንዘኽርን ጸቡቕ ፋልን ተባሂሎም ይቕበሩ ኔሮም። በዚ ምኽንያት ድማ ገምቢ ቅዱሳን እናተባህለ ንዘመናት ጸኒሑን ይቕጽል ኣሎን...።" ብምባል ትረኻኡ ዛዘመ። እታ ኣእምሮ ዘይብላ ጸሓይ ብፍቕሪ ናይዞም ኣብ ልዕሊ ንእሽቶ ናይ ኣኻውሕ ኩርባ ደይቦም፡ ኣጣቢሑም ዘማዕድውዋ ፍጡራት እተደነቐት እያ ትመስል። መወዳእታ ናይ ፍቕሮም ክትርኢ ኣመና እያ ብሂጋ፡ ከም መግለጺ ኣኽብሮታ ድማ ኣዘዩ ውቁብን ብዘተፈላለዩ ዝሕብሮም ደበናታት ዘገጸ ብርሃና ትልእኽ። እታ ኣብ ደረት ናይቲ ጎበዝ ተሸጉጣ ነዊሕ ጸጉሪ ርእሳ ፍርቂ ኣካላታ ዝሸፈ ሄዋን፡ ጸኒሓ ነዚንቲ ኣፍቃሪኣ ትጥምት'ሞ ከናፍሮም ኣላጊቦም ይረዳድኡ። እዛ ሓድሽ መድረኽ ናይ ህይወት ትኸፍት ዘላ ጎርዞ፡ ካብ ባዶ ሕሉፍ ተናጊፋ ናጽነታ ዝኣወጀትላ መዓልቲ ሎሚ እያ። ምስ ነብሳ ድማ ቃል ኣተወት።

6:56 ድ.ቐ

“ኣንታ ረቢ...፡ ዝገብሮ ዝነበርኩ ኣይትዘክር። ነቲ ሰብ ዘይፈልጦ ኣበሳይ ደምሲስካ ነዚ ሓድሽ ህይወት ኣብቅዓኒ። ምናልባት ንዓኻ ብምቐያመይ፡ ካብ ኣዒንቲ ፍጡራት ተኸዊለ ዝፍጽሞ ዝነበርኩ ገበናት ኣቐጢዕካ ይኸውን...፡ ግን ብዘይካኻ ኣቦ ስለ ዘይብለይ ይቕረ በለለይ። ካብቲ ጥሒለሉ ዝነበርኩ ናይ ምርኢት ህይወት፡ ናብ ናይዚ ቃልሲ ዓለም...ምስ’ዛ ዝሃብካኒ ምርኩስ ኮይነ ንኽሰዕሮ ሓግዘኒ...። ኣብ ኢድ እቶም ዝጸብኡኒ ጅኒታት ከይኣቱ ሓይሊ ሃበኒ። ኦ’ረቢ ኣልዓለሚን...ብሓቂ ተመሊስካ ኣለኹ’ሞ ተቐበለኒ። ከምቲ ፍቕሪ ዝኣሰሮም ሰብ ክልተ ሃይማኖት ዝነበሩ ስድራይ፡...ምስ እዛ ፍቕረይ’ውን ከምኡ ግበረለይ። ህ...” ነዚ ናብታ እትዓርብ ጸሓይ እናጠመተ ዘዕረገ ጸሎት፡ ብነዊሕ ምስትንፋስ ደምደሞ። ነታ ኣብ ሕቐፉ ዝነበረት ሄዋን ድማ ድንን ኢሉ ሰዓማ። ነታ ሰናይ ምንዮታ ገሊጻ ትሰናበቶም ዝነበረት ለጋሲት ብርሃን፡ ሕቐኣም ብምሃብ ኣብ ዝባኑ ሓዚልዋ እናሰሓቐ ንታሕቲ ወረዱ። ኣብታ መዕረፊቶም ክትከውን ዝሓረይዋ ቦታ ኣትዮም ድማ ምንጻፎም ኣንጺፎም ናይ ሕብስቲ ድራር ቀራረቡ። ዘይኑ፡ ህዱእ ገይሩ ድሕሪ ምስጋድ ንድራር ተቐረቡ። ብውሽጦም ጸሎት ብምግባር ድማ ተኻፈሎም እናተኾላለሱ ነቲ እንግዶት ተቐደሱዎ። ነዚ ዝርኢ ሰብ ምናልባት ኣብ ምርኢት ወይ ፈጠራዊ ተዋሳኦ

ዝመስል ፍጻመ፡ ሓቂ ምኻኑ ክምስክሩ ዝቃለሱ ፍጡራት ናይ ፍቕሪ እዮም። ድሕሪ'ዚ ነቲ መሬት ጸራሪኻም መሕደሪ ከዳልዉ ኣብ ዝጀመርሉ እዋን፡ ምድሪ ቤት ጸረየ...ሒዝዎ ዝመጸ ጋሻ ግን ኣሎ። ኣብቲ መሬት ዝተቐብረ ሳንጣ ናይ ቆርበት። ሓንቲ ብዕላማ ዝተመታተረ ዝመስል ቁርጽራጽ ብራናታት ዝሓዘት ሳንጣ ነበረት። ንብዙሕ እዋን ዝተዓቀበት ምኻና ንጹር እዩ።

ሚያዝያ 08 8:08 ቅ.ቐ

ተታሒዞም ናብ ቤት ኣፍቃሪኣ ኣብ ዝኣተዉሉ እዋን፡ ሓፍቱ ኣይጸንሓቶምን። ኣብ ክፍሉ ኣትዩ ነቲ ዝረኸብዎ ምስጢር ብጥንቃቐ ክምርምሩ ጀመሩ። ሓደ ብሓደ ነቲ ብሓደ ዝነበረ'ሞ ብጥበብ ዝተፈላለየ ቃላት ዝሓዘ ቁርጽራጽ ቆርበት፡ ብጥንቃቐ እናዋሰቡ ኣብ ምድሪ ቤት ክዘራግሕዎ ጀመሩ። ነፍሲ ወከፍ ዝተፈጥረት ገጽ ድማ ብስርዓት ኣንበሩዋ። ኣብ ምድሪ ቤት ኣሳፈሑም፡ በቲ ዝርእይዎ እናተገረሙ ስርሖም ቀጸሉ። ኣብ ሞንጎ ሓፍቱ ስለ ዝመጸት ንደቓይቕ ኣዕረፉ። ኩነታት ዘይተረድኣ ሓፍቱ ግን ካብ ምሕታት ኣይተቐጠበትን፡ እንተኾነ ንሓገዝ ዝሓትት እምበር ንመግለጺ ዝኸውን ቃላት ኣይነበሮምን፡ ተሓጋጊዞም ድማ ነቲ ዝፈርሰ መልእኽቲ ዳግም ክሃንጹ ጸዓሩ።

2:02 ድ.ቐ

“እዚ መርመራ ከም ዘረጋግጾ...፡ እቲ ብራና ናይ ኣስታት ክልተ ሚእቲ ዓመታት ዕድመ ኣለዎ። እዚ ከኣ...ምስ ናይዛ ከተማ ዝጠንተወ ሃይማኖታዊ ጽሑፋት ዝገማገም እዩ። ኣነ ኣገሪሙኒ ዘሎ ግን...እቲ ኣብኣ ብደም ብዘተሎሰ ኩሕሊ ዝተዳለወ ቀለም ጌሩ ተጻሒፉ ዝርከብ መልእኽቲ’ዩ...፡ ነቲ ናይ ሸዑ ግዜ ታሪኽ ዘይኮነ፣ ነዚ እዋን ዝገልጽ ጽሑፍ እዩ...’’ ልክዕ’ዩ ዘሰንብድ ተኣምራት’ዩ። እንኩም እሞ...እዚ ቅድሓት ኣንብብዎ...” በለ እቲ ዶክተር። ነቲ ዝረኸብዎ ምስጢር ብቐረባ ከማኽሮም ዝኽእል ሰብ ንሱ ጥራይ እዩ። ብኻልእ ወገን ድማ ምቅሉል ብምንባሩ፡ ብዘይ ስክፍታን ብግልጽን እዮም ዝመያየጡ። “ከም ዝመስለኒ ጸሓፊታ ጓልኣንስተይቲ ከትከውን ኣለዋ፡ ህጻን ክኸውን ከም ዝኽእል’ውን ግምት ኣሎኒ...ክገርመኩም ከምዚ ዓይነት ትንቢታት፡ ቅድሚኡ ይረአ ምንባሩ’ዩ። ኣብ ከባቢ’ዚ ጽሑፍ ዝተጻሕፈሉ ዘመን ዘጋጠመ ባህርያዊ ህልቂት ቅድሚ ምስዓቡ ከምዚ ዓይነት መልእኽታዊ ትንቢት ተነጊሩሉ ነይሩ’ዩ። ኣብዚ ታሪኽ ዝርከቡ ናይ ዓሰርተ ሰባት ኣስማት ዘመናዊ እዩ። ማለት ከምቲ ናይ ቀደም ጥንታዊ ኣይኮነን...፡ ርግእ ኢልኩም ኣንብቡ ካብ ቅድሚት ንድሕሪት በንጻሩ ድማ...። ኣብ ሂወተይ ሙሉእ ከምዚ ዓይነት ድንቂ ጽሑፍ ርእየ ኣይፈልጥን። ኣብ መወዳእታ ግን...ዝተወደአት

ኣይመስለንን።" በለ ዶክተር ሳይሞን፡ ነቶም ብሓሳብ ገዲፎሞ ካብቲ ናይ ቤተ መርመራ ክፍሊ ብሓሳብ ተዓዚሮም ዝነበሩ ኣጋይሹ። ምእንቲ ክርኣዮም ኢሉ ከኣ ነታ ናይ መፈጸምታ ወረቐት ሰሒቡ ኣርኣዮም። "ሃኒ ዘጎደለና ኣሎ...ናብታ ቦታ ክንምለስ ኣለና..." በለ ኣፉ ማይ ዝማዓጎ ዘይኑ። ዶክተር ሳይሞን ምስኣም ክኸይድ ፍቓደኛ ብምንባሩ፡ ኣርባዕቲኣም ተታሓሒዞም ናብ ገምቢ ቅዱሳን ኣበሉ''

3:33 ድ.ቐ

ድሕሪ ብዙሕ ኮለል ከኣ ኣብታ ብሃንደበት ዝተረኽበት ተኣምራዊት በዓቲ በጽሑ። ሕቐኦም ሰይሮም ድሕሪ ምእታው፡ ከም ወርቂ ዝጠፍኦም ነቲ መሬት ክጽሕትሩ ጀመሩ። ሃንደበት እቲ ዶክተር ኣብቲ ናይ ከውሒ መንደቐ ጉድጓድ ተዓዘበ፡ ኢዱ ሰዲዱ ድማ ክጉርጉር ጀመረ። ዝተዓጸፈት ንእሽቶ ቀርበትን ናይ ነሓስ ቀለቤትን ረኸበ። በዚ ዝተሓጎሱ ተሃንጠይቲ ዓንጉዎ። እታ ቁራጽ ብራና ተገንጺለት፡ ኣዒንቶም ድማ ፈጠጣ ከም መልኣኽ ዝረኣየ ጋኒን ከይተረድኦም ኣካላቶም ከንፈጥፍጥ ጀመረ። ነታ ናይ መወዳእታ ዝተኾልፈት ሓረግ ምስዛ ቃል ጸንበሩዋ። "እቲ እዋኑ ሕጂ እዩ።"

ምዕራፍ ዓሰርተ

ሰራዊት ጸልማት

00- 00:00

ንፋስ ዝበገሐ ለይቲ'ዩ፡ እቶም ኣቑጽልቶም ከይፈተው ዘርግፉ ዝነበሩ ኣግራብ ናይቲ ጎደና ንርእሶም'ውን ዝሓዙላ የብሎምን። ከም ብርሃን ናይ በዓለ ልደት ክትመስል እታ ዝነበረት ወርሒ ውልዕ ጥፍእ ትብል ነበረት። እቲ ቅድሚ ነጎዳ ንመሬት ገጹ ዝውርወር ብዙሕ ዝጨናፍሩ በርቂ፡ ከበሮ እዝኒ ዝበስዕ ሓያል ድምጺ ኣብ ሰረገላኡ ጎቲቱ ይመጽእ። ካብ ምድሪ ዝለዓሉ ንፋሳት፣ ሓሸሸታን ጣሕሸምሸምን ናይ ኣቑጽልቲ ፈጢሮም፡ ከም ዓቢ ህቡብላ ኣብቲ ገፊሕ ጎደና የንሸራትቱ። እቲ ዝነበሮም ምንቅስቓስ ከም ሓደ ሕጉስ ናይ ኩዳ ሳዕሳዓይ ናብዘን ናብትን ይብሉ። ሕላፍ ሰዓት ምንባሩ ሓንቲ'ኳ ብርሃና ዝወልዐት ርሻን ኣይነበረትን። እቲ ሰብ ዝፈጠሮ መብራህቲ ናይ ጎደና'ውን እንተኾነ፡ ንሓይልታት ተፈጥሮ ክስዕሮም ከም ዘይክእል ኣሚኑ፡ ሓይሉ ተዳኺሙ እናደብዘዘ ከደ። ጸኒሑ ድማ ጸልመተ። እታ ምልክዕቲ ቀትራዊት ከተማ ልክዕ ከምቲ ኣብ ከርሳ ዝርከብ ምዕራግ ቤተ መቓብር መሰለት። ጸሊም ሃሪ ዝተኸድኑ ሰብ ኣፍራስ

ከም ቅልጣፈ ብርሃን ብኣእላፍ ዝቑጸሩ ሰብ ኩናት ኣኸቲሎም ደበኽ በሉ። እዞም ቁጡዓት ሰራዊት፡ ሕርቃኖም ብዝፈጠሮ ዕጽፊ ህርመት ልቢ፡ ከም ሓደ ናይ ሰልፈኛ ኮቦሮ ንጎደናታት ናይ'ታ ከተማ ዘበራብር ድግዲግታ ኣስምዑ። እዞም ኣብ ዝተፈላለዩ ግብርታት ናይ ደቂ ኣዳም ዝፈርዱ ፈረሰኛታት ገዛእቲ፡ ዘመን መጸ ስርሑም ዘሰላስሉ መናፍስቲ ናይ ጸላም እዮም። ብትእዛዝ ናይቶም ገዛእቲ ሓደ ክንዲ ሰለስተ እመት ዝምንውሑ ፍጡር ካብ መሳኹቲ ልቡ ብዘመንጨወ ዘቃጽል እስትንፋስ ነታ ነጋሪ ወቕዓ። እቶም ሰብ በሊሕ ኣስያፍን ኩናትን ዝኾኑ ኣእላፍ ሰራዊት፡ ስርዓቱ ብዘሓለወ ናብ ርሽውንትን መዕሙቑን ናይታ ከተማ ሰፈሩ። ንንፍሲ ወከፍ ናይቲ ኣብ ዓራት ዝተጋደመት ነፍሲ ድማ ብብልሒ መንፈሶም ካብቲ ዝደቀሰ ኣካሎም ፈለይወን። መንፈስ ናይ ነፍሲ ወከፍ ነባሪ መሳኹቲ ቤታ ከፊታ ካብ ኩሉ መኣዝን ናብቶም ኣብ ማእከል ዝነበሩ ገዛእቲ ሰልጣን ኣማዕደወት። ንዝብሃል ጽን ክትብል ድማ ተኣዘዘት። ሓደ ካብቶም ዘይድፈሩ ገዛእቲ ፍርዲ ክህብ ጀመረ። በብተራ ድማ እዞም ገበርትን ሓደግትን ሰበ ስልጣን ካብ ዝተወጥሕዎም ኣኽናፍ ዘለዎ ኣፍራስ እናወረዱ ነጎድጓዊ ቃላት ኣስምዑ።

00-00:00:03

“ኣነ ገዛኢ ናይ ምጽዋት እየ። እታ ኮሊለ ብዘይ ዓሰቢ ዝተረፍኩላ ከተማ እዚኣ እያ። ሕርቃነይ ገንፊሉ መትንታት ሰራውር ደመይ ዘድረቐት ስልምቲ ቦታ። ሓንቲ ልግሲ ክትህብ ውዒላ ስም ዝረኸበት እሞ፣ ጸልማት ተኸዊላ እትዘምት ሄዋን፣ ከመይ ኢላ ትነብር። ሓደ ንወላዲቱ ከም ሰብ ምዕራብ ብገንዘብ ዝጥብር፣ ካብቲ ንወላዲቱ ሓቑፉ ዝሓድር ከመይ ኢሉ ይኸብር። እዛ ስግንጢራዊት ከተማ ግን እዚ እቲ ብወርቂ ዝተለበጠ ሕግታታ ኢየ። እቲ ንሓው ኣሕሊፉ ዝህብ እሞ፣ ተመሊሱ ዘስተማስል ሓው ንምንታይ ኣብ ግንቢ ናይዛ ከተማ ከይዱ ተሓኒቑ ዘይመውት። ኣቲ እትልግሲ ሄዋን፣ ንስኻ እትምጽውት ወዲ እዚ ዘመን፣ እቲ እትረኽብዎ ንዓቢ ረብሓኹም ኢልኩም ደኣ እምበር ነቲ ነዳይ እትገብርሉ ኣይኮነን፤ ረብሓኹም ምስጋና እቲ ነዳይ ክኸውን ይግብኦ እምበር፣ ኣብ ልዕሊኡ ክትስልጥኑ ኣይግባእን። ሓደ ንምንባር ዝቃለስ ድኹም ሰብ፣ ሓው እንተመጽወተሉ ማዕረ ክንደይ ነብሰ ስጉኡ ከም ዘርግፍ ኣይትፈልጡን’ዶ፤ ወዲ ኣዳም እቲ ክገብሮ ዝግብኦ እንተገበረ ይረብሕ፣ እንተዘይገበረ ከኣ ውርደቱ ከም ጭራ እንስሳ ደድሕሪኡ ትስዕቦ። ስለዚ ኣቱም ሰብ ሎሚ እቲ ክትገብርዎ ዝግበኣኩም ኣይገበርኩምን፣ ኣነ መን ሙኺነይ ከይፈለጥኩም ኣብ ልዕሊ እቶም ናይ መንፈስ ስድራይ ዓቢ

በሰላ ገዲፍኩም፡ ንስኹምሲ ክትነብሩ'ዶ ምተገብኣኩም። ከም ዝበንን ሰይጣናዊ ዕጣን ብንፋስ እትሰሓቡ ስለ ዝኾንኩም፡ ኣብቲ ዝተመነኹሞ ክትጠፍኡ ኣለኩም። ካብ ትርፍኹም ንስድራይ ብምምጽዋትኩም ኣብ ልዕለይን ልዕሊ ስመይን እንተሸካዕለልኩም፡ ሕጂ ግን እዋኑ ኣብቂዑ እዩ።" ነቶም ጸሊም ዝተኸድኑ ሰራዊቱ ብኢድ ምልክት ኣንበረሎም።

ሓንቲ ግርማኣ ዘይድፈር ፍጥረት ናብ ቅድሚት ቀረበት። "ኣብ ልዕሊ እታ ኣብ ልብታትኩም ቦታ ዝሰኣነት ሰላም ዝገዝእ ኣነ እየ። ከም ኣብተን ከም ህጻን ተሓንጊጥኩመን እትጓዓዙ ናይ ሓጺን ውልድኩም ዝተመስረሐ ምስልኹም፡ ክመስል ምስ ሰባት እትገብርዎ ምስላዊ ስኒት፡ ተሓታትነቱ መን'ዩ ዝስከሞ፤ ኣብ ውሽጢ ዓበይቲ ናይ ህዝቢ መጓዓዝያ እትገብርዎ ሕሜትን ናይ ነብሰ ምጥዓም እንስሳዊ ቅልስን እንተ ዝምዝገብ፡ ካብቲ ንሙሉእ ህይወትኩም ኣብ ሰናጹ ዝኣከብኩሞ ገንዘብኩም ምበዝሐ ነይሩ። እቲ "ሰላም ምስ መመዘናኻ" ዝብል ጭርሐኹም ካብ ሕውነት ወገንነት፣ ብደረጃ ሃብቲ ንእትኽተሉ ኣመንቲ ጣኦት እንታይ ምተፈርድኩም። ግዜኹም ኣብቂዑ እዋነይ መጺኡ ኣዝዩ ዘሐጉስ እዩ።" ንሓደ ካብቶም ሰራዊት ሕሹኽ በለቶ።

እቲ ልዕሊ ማንም ንስመይ ዘኽፋእኩሞን ትርጉመይ ዝበላዕኩሞን ገዛኢ፣ ሓንስ እየ። ንናይ ደቂቅ ሓጎስኩምን ንናይ ጣዕሚ ፍስሃኹም ነቲ ክቡርን ምስጢራዊ ስመይን

መሸፈኒ ሕፍረትኩም ዝገበርኩምኒ ፍጡር እየ። ነታ ወላዲተይ ዝኾነ ፍቕሪ ቀቲልኩም፡ ንዘፋነይ ነቲ ጋኔናዊ ስራሕኩም ዘልበስኩም ገበነኛታት ንስኹም ኢኹም። በቶም ናይ ውሻጠ ገዛእቲ ተሓቢልኩም፡ ነብስኹም ኣስኪርኩም ንሓጎስ ዘርከስኩም፡ ምዕራብ ምዕራብ'ዩ፡ እንተ ምስ ምዕራብ ምዕራብኩም ግን ንጥፍኣትኩም እዩ። መንነተይ ዘነጽረሉን፣ ሕነ ዝፈድየሉን ኣጋጣሚ" እቲ ሕጉስ መንፈስ ዝተረበሸ መሰለ "ሰራዊት" ብምባል ድማ ጨደረ።

ሓደ ፍረገጽ ዘይብሉ ፍጡር ክጓዝም ጀመረ፡ "ኣነ ኣብ ልዕሊ ትርጉም ምንባር ዝነገስኩ እንኮ ገዛኢ እየ። እቲ ትርጉም ህይወቱ ከይረኸባ ዝሞተሰ ዕዳኡ መን ክኸፍለሉ ይኽእል፧ ከምቲ ኣብ ኣብያተ ፍርድታት ንሰብ ጣውላ እተዕምኹዎም ወርቂ ገርኩም'ዶ ትፈትሕዎ። ኣየ ንስኹም ሃብታማት፡ ለይትን መዓልትን ሰሪሕኩም ትርጉም ሂወት እትሸምቱ'ዶ ይመስለኩም። ንልብታትኩምን ልብ'ታ ከተማን ከይመርመርኩም ክትፈልጡኒ ኣይኮነልኩምን እዩ። ካብ ብዘመስሎ ዝኾይድ ሰብን፡ ዘየምጽኦ ዝሰርሕ ሰብን እንታይ ትጽበዩ፧ እቲ ብዘመስሎ ይጠፍእ፡ እቲ ድማ ብዘይሓሰቦ ይጸድፍ። ኣይኮነን ድዩ፧ ወይስ ከምዚ ኣብ ጎደነታትኩም እትዝርግሕዎ ናይ ዕጫ ወረቐቕቲ ብዘፈሓቕ እትነብሩ እዩ ዝመስለኩም። ገንዘብን ንብረትን ትርጉም ህይወት ኣየምጽእን'ዩ። ብሓቂ እንተመጺና ብናይ ኣዒንትኹም

ኣራኣእያ ካብቲ ኣብ ጎደና ደኒኑ ዝሸቅጥ፡ እቲ ጽባሕ ንግሆ እቲ ዝኣመንክሞ እንተጠለመኩም መን የድሕነኩም። እቲ ይግባይ ዘይበሃሎ ፍርዲ፡ ብድቁስኩም ሰላም ኣሎ እናበልኩም መጺእኹም።" ኢሉ ነቶም ዝበዝሑ ሰራዊት ግብኦም ክገብሩ ብትሕትና ኣዘዞም።

ነቲ መናድቐ ልቢ በሲዑ ደም ዘንጠብጥብ ክሲ ክጽመሞ ዝከኣለ ኣይነበረን። እተን ምስናይ ንብዓት ዘማዕድዋ ኣዒንቲ መንፈስ ናይዛ ከተማን ሰባን ክሶም ኣብ ዝተወድኣሉ፡ ምስለን ናብ ደም ተቐየረ። ብግብሩ ዝተናወጸ መንፈስ ናይቲ ህዝቢ መሳኹቲ ብዕጹው፡ ማዕጾ ቤቶም ብግጥሙ ከም ነዝዒ ማይ ብመናድቐም እናንጠብጠቡ ጸደፉ። ካብ ነቓዓትን ነድሪ መሬት ዝወጸ ምውት ዘባህር ንፋሳት ሒዝዎም ከም ዶሮና ኣብ ኣየር በተኖም። ገዓርን፡ ጀለምለምታን መለሳ ኣይተረኸቦን። ከም ዘንቧሁቐ ሓርገጽ፡ ብልዕሊ ዓቀን ዝተኸፍታ መካፍቲታት ኣፎም ጨርሑ፡ ቃል ግን ኣይነበረን። ተፈጥሮን ሰራዊቱን ብደበስ ግፍያም እፎይታ ዝረከቡ ይመስሉ። እቲ ሰራዊት ናይ ጸልማት፡ ዕማሙ ብዓወት ዛዘመ። ወገግታ ብርሃን ብምብራቕ ተላእከ ኣዕዋፍ ሰላም ጫቕጫቕተአን ከስምዓ ጀመራ። እቶም ገዛእቲ ስልጣናት ነቲ ኣብ ፊቶም ኮይኑ ነቲ ኹሉ ዝኾነ ዝዕዘብ ዝነበረ ፍጡር፣ ካብ ምልኣተ ልቦም ዘፈሰሰ ቃላት ተላብዮም፡ ናብቲ ዝመጹሉ ምብራቕ ኣበሉ። ጸሓይ ቤቶም እንክትመስል

ናብ ሕቑፉ እተእትዎም ዘላ ትመስል። እቲ ዝተፈጥረ ሓሙኽሸትን ቀጽለ መጽልን ነቲ ጸላም ዝወሓጦ ጎደና ከደናዩ። እቲ ደቂቐ ፍጡር፡ ነቲ ተኸዲኑዎ ዝነበረ ካባ ገፈፍ እናበለ ብኹሩዕ ኣካይዳ ናብታ ድሕሪ'ቲ ግንቢ እትርከብ ዝነወሐት ርሻን ኣበለ። እቶም ናይ ሓቂ ፈረድቲ፣ ልዕሊ እቶም ኣብ መሳኹቲ ናይ ወረ መሳሪሐታትኩም ብተደጋጋሚ ከም ገበርቲ ተኣምር ኣስማቶም ዝደጋገም ሰብ ክቡር ወርቅን ትካላትን ከም ዝበልጹ ዘጠራጥር ኣይኮነኮነን። ሓቂ ግን ብናትኩም ስምዒታዊ ፍርዲ እትቀየር ኣይኮነትን። ከምቲ ሕንጣጥ መሳገሪ ናይቲ ጸሊም መገድታትኩም ሕጊ ዘለዎ፣ ትርጉም ህይወት ድማ ጽኑዕ ሕጊ ኣለዎ። "ቀዳማይ ዝንደለ ንኽትምልእ ከም ዝተፈጠርካ ኣሚንካ ክትገብሮ ዝግብኣካ ግበር። ካልኣይ "ንስኻ ክትገብሮ ንዘለካ ደኣ ምበር ብዛዕባ ካልእ ዘይገብሮ ኣይትሕመም።" ሳልሳይ እትገብሮ ነገር ንዓስቢ ኢልካ ኣይትግበሮ" ምኽንያቱ ብእትገብሮ ዓስቢ ባዕሉ ስለ ዝመጸካ። ሎሚ ካብዘን ዓንድታተይ ዘፍረሰ ክስሕና ኢዩ። ኢሉ ሰራዊቱ መሪሑ ኣብ ዓንኬል ሰፈፈ። ዝያዳ ኩሎም ዕቱብ ዝመስል ፍጡር ኣብ ኣየር ኮፍ ኢሉ ብህድኣት ናይ ፍርዲ ዝማሪኡ ፈለመ " ዘፈልጠኒ ኣሎ'ዶ፧ ሃየ ተዛረቡ፣ ትፈልጡኒ'ዶ፧ ኣቱም ከሓድቲ መን ድዩ ኣብ መጋባእያታት ዝውዕል መን ድዩ ብድፍረት ኣብ መቓብር ዝከታተለኒ መን'የ፧ ንስኹም። ስመይ መመሰሊ ኮይኑ ፈቐዶ ጎደና ከም ንጹሃት ክትሕሰወሉ። ብናይ ቐትሪ ሕልሙኹም

ተደሪኽኩም ሰውንውተይ ንዛዚኹም ብናይ ሓሶት ቀስቲ ንሓውኹም ትወግኡ። ሕጂ'ኸ ኣይዘከርኩምን፣ መልሱ፣ ንምንታይ ተጽቅጡ፧ እዚ ድኣ ዝለመድኩዎ ባህርያትኩም እንድዩ ኣነ እንክነግስ ርእስኹም ምድናን ምምሸኻን ድኣ ዕለታዊ ስራሕኩም እንድዩ። ኣቱም መራኽስቲ ስመይ ዘመናውያን ኣዛብእ፡ ንስኹም'ዶ ኣይኮንኩምን እቶም መልሓሶም ወርቂ ዝልብጡ፡ ህላውነተይ ኣሕቂቐኩም ብሓሶት እትግዘኡ ዝተመስረሐት ናይ ቤተ ምርምርኩም ሓቂ ንምፍጣር ዝተጓየኹምለይ እቲ ገዛኢ ኣነ'የ።"

ነቲ ንኽገዝእ ዝሓረይዎ ፍጡር፡ ፍሉይ ስም እዮም ኣጠሚቐሞ። ንተልእኾኦም ዘጻፍፍ ናይ መስዋእቲ ፍጥረት ብምኻኑ ሓቢሮም እዮም ንግስነት ዘረክብዎ። ኣብ ልዕሊ ስልጣኖም ክነግስ ድማ ቀብእዎ። እዚ ብስነ ስርዓታውን ፍቐራውን ኣገባብ ዝተመዘ ፍጡር፡ ናብ ዝለዓለ ርሻን ናይታ ከተማ ደይቡ ይርከብ። እቲ ኣብ ውሽጢ'ቲ ካባ ኣዕቂቡ ዝነበሮ ሰውነቱ፡ ብሓይሊ ንፋስ ክቕላዕ ጀመረ። ካብቲ ደኒኑ ክዕዘቦ ዝጸንሐ ግዝኣቱ ናብ ጸሓይ ቅንዕ በለ ኣዒንቱ ከም ኣልማዝ ኣብረቕሬቓ። ንሱ ህጻን ፍጡር ወዲ ኣዳም እዩ።

01- 09:09 ቅ.ቐ

እቲ ድሮ ሓመድ ተኸዲኑ ሰበባን ሓረግን ዘብቀለ ነዋሕቲ ርሻውንቲ፡ ግርም መንበሪ ናይ ኳኽን ኣሞራን እዩ

ኮይኑ። ዝንቁዋ ወኻሩን ከም ዝብኢ ዝጓዝሙ ናይ በረኻ ኣኻልብን ንግስነቶም ከጠናኽሩ ናብዝን ናብትን ይብሉ። እዚ እቲ ብምዕቡላት ሰብ ሓንጎል ተሃኒጹ፡ በቶም ድሑራት ዝቑጸሩ ኣራዊት መሮር ዝተዘምተ ታሪኻዊ ስፍራ እዩ። እቶም ብሓዊ ደቅ ሰባት ዝቃጸሉ ዝነበሩ ኣግራብ፡ ናጽነቶም ረኺቦም ኣጉላዕሊያም ጽላልን መዕቆብን ደቀቕቲ ፍጡራት ኮኑ። እዚ እቲ ሓቀኛ ሂወት ኢዩ፡ ርትዓዊ ውድድር ናይ ምንባር፡ ፍትሓዊ ግዝኣትን ብዝወሰኑ ዓሌታትን ዝመሓደር ቅዱስ ስፍራ። እቲ ፍቕሪ ዝሰረቱ ውሽጠ-እስስር ህይወት ምምልላእ ምኻኑ የብርህ። እቲ ጥንታዊ ግንቢ ናይዛ ከተማ በቑጽልትን ዝተፈላለዩ ዕንባባታትን ማዕሪጉ፡ በተን ሕብሪ ቀርበት ዘይፈልያ ኣዕዋፍ ክመሓደር ካብ ዝጅምር፡ ናብ ጎበዝ እዩ ተቐይሩ። ቀደም ፈረሰ፡ ጸደፈ ይበሃሃሉ ከም ዘይነበረ፡ ሓቀኛ ኣላይ ምስ ረኸበ ሂወት መሊሱ። ሕጊ ቅጥራን ከይኣዘዞም፡ ብልባዊ ሕጊ ተኣዚዞም ዝኸዱ ኣሸሓት ጻጸ ብዘይ ጸገም ስርሖም የሰላስሉ። እተን መጻወድያ ሰጊአን ኣብ ግዕዘይ ዝነብራ ዝነበራ ኣናጹ፡ በትሪናታት ምውዓለን ኮይኑ። ብሰለስተ መኣዝን ልሙዕ ብላዕሊ ድማ ብሩህ ኮይኑ ኣሎ፡ ካብ ኣብ ዓለም ዝተፈጥሩ ፍጡራት ልዕሊ ዝኾነ ሕጉሳት ይመስሉ። መሰረታዊ ፍቕሪ ውሽጠ-እስስር ምስ ተፈጥሮ ኢዩ። በቃ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ፍቕራዊ ህይወት ግን ሓደ ዘገርም ትርኢት ይረኣ። ዝረስሐ ቀሚስ፡ ብላይ ጻዕዳ ጋብን ዝተኸድና፣ ጥራይ እግረን ናይ ቀርበት ሳንጣ

ተሰኪመን፡ ካብ ቁመተን እትነውሕ ሙርኩሰ ሒዘን ዝንቀሳቑሳ ናይቶም ቅድም ዝጠፍኡ ደቂ ኣዳም ዓሌት ይርኣያ። ከም መናኸሲ ዕንጸይቲ ዝምእርራ ከኣ ውዳቕ ነገር እናልዓላ፡ ቡቲ ንምብራቕ ዝመርሕ ጎደና ሰጎማ። እቲ ተሓንጊጠንኦ ዝነበራ፡ ነገር ርፍራፍ እንጌራ ወይ ድማ ፍረታት ኣይነበሩን፡ እንታይ ድኣ፧ ቁርጽራጽ ወረቓቕቲ ናይዛ መጽሓፍ'ምበር። እዘን ገጸን ዝተጨማደደ ኣደ፡ ካብ መዓት ዝደሓና እንኮ ሄዋናዊት ፍጥረት ከይኮና ኣይተርፋንን። እቲ ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት ዝነበረ ምምዝባል ናይ ተፈጥሮ፡ ናብ ሚዛንነት ብምድሃቡ፡ እዞም ኣኽበርቲ ሕጊ እንስሳታት ብምምጻእ ናይዘን ፍልይቲ ፍጥረት ኣይፈርሁን። ደሃይ ምምጽኣን ዘበስራ ጨራሩን ኣዕዋፍ መሮርን ኣብ ልዕሊኣን ክዝምብያን፡ ክዝምራን ይረኣያ። ኣብ ከምዚ ኩነት፣ ሓደ ግዙፍ ጸሊም ኣራዊት፡ ብምዕራብ ወገን ርጋጽ እግረን ተኸቲሉ ክስዕበን ይረኣ፡ መወዳእታ እንተስ ክሓስም እንተስ ክጽብቕ፡ ንድሕሪት ግልጽ ኣይበላን። "ፈጣሪ እንተኣመንካዮ፡ ኣይጠልመካን'ዩ" ብልበን ኣድመጻ። ወዮ ዘፍርህ ዓርሞሸሽ ኣራዊት፣ ጽላሎቱ ኣብ እንግድዕኣን ኣንበረ። ሃንደበት ግን፣ ብወገን የማናይ ሸነኽ ናይቲ ዝሓለፍኦ ጎደና፡ ብሩራዊ ቀስቲ ተወርወረ። እቲ ሓያል ኣራዊት ድማ ሸኾኑኡ ተበሲዑ መሬት ለሓሰ።

ተጀመረ!

“ዓወት ነቶም ምእንቲ ስነ ጽሑፍ ዝጽዕሩ ስነጥበባውያን”